CENTRE for INFORMATION RESILIENCE

# ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ጾታዊ መጥቃዕቲ ኣብ ቲክቶክን ዩቱብን መርመራ ኣብ ኢትዮጵያ

# ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ጾታዊ መጥቃዕቲ ኣብ ቲክቶክን ዩቱብን መርመራ ኣብ ኢትዮጵያ

## መጋቢት 2017 ዓ.ም

## ትሕዝቶ


1 ጠቕላላ ሓሳብ 3
2 መእተዊ 5
2.1 ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ፆታን መሰረት ስለዝገበሩ መጥቓዕቲ ምፅናዕ ምቕፃል ንምንታይ ኣድለየ? 5
2.2 ዕላማታት ፕሮጀክት 7
2.3 መፅናዕቱ ዝመልሶም ሕቶታት 7
2.4 ናይ መፅናዕቱ ወሰን 7
3 ናይ መፅናዕቲ ሜላ 8
3.1 ሓሣባዊ መዋቕር 8
3.2 ናይ ቃላት መረፃ 9
3.3 ማሕበራዊ ድሕረ-ገፅ አካውንት ምምራፅ 10
3.4 ምእካብን ምድላውን መረዳእታ 11
3.4.1 መረዳእታ ምእካብ 11
3.4.2 ቅድመ ምድላው ንትንተና ዝኸውን ናሙናታት 12
3.4.3 ንትንተና ዝኸውን ናሙናታት ምምራፅ 13
3.4.4 መረዳእታ ዝእከበሎም ሰባት ሽም ዘይምግላፅ 13
3.4.5 ተመጣጣኒ መረዳእታ 13
3.5 13
3.5.1 ትርጉም ሃበሬታ 13
3.6 ዓውደ መፅናዕትታት 14
3.7 ድሩትነት (ውስንነት) 14
**4 ውፅኢትን ዘተን 16**
4.1 መድረኻት 16
4.1.1 ቲክቶክ 17
4.1.2 ዩትዩብ 17
4.1.3 ኣጠቓቕማ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት 18
4.1.4 ናይ ትሕዝቶ ቁፅፅር 18
4.2 ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዒላማ ዝገበረ ፆታ መሰረት ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባታት 19
4.2.1 ዓይነታት ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዒላማ ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባ 20
4.2.2 ናይ ፅልኢ ዓውድታት 21
4.2.3 ቅዲ ማሕበራዊ መራኸብታት (ዓይነት ዓውድን ፅልኣትን) 22
4.2.4 መብርሂታት 26
4.3 ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ክነፃፀሩ ከለዉ 32
4.3.1 ምውድዳር ዓይነታት ፅልኢ 33
4.3.2 ምውድዳር ናይ ፅልኢ ዘረባ ዓውድታት 33
4.3.3 ትረኻታት 34

4.4 ተደራራቢ መጥቓዕቲ 37
4.4.1 መብርሒ 38
4.5 ምስ ካልኦት መሰረት ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባ ምውድዳር 41
4.5.1 ምንፅፃር ዓይነት ናይ ፅልኢ ዘረባ ምስ ካልኦት መንነታዊ ጉጅለታት 42
4.5.2 ናይ ፅልኢ ዘረባ ዓውዲ ምስ ካልኦት መንነታዊ ጉጅለታት ክነፃፀር ከሎ 43
4.5.3 መብራርሂ 44
4.6 ኣብ ዖታ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶ ዘውግታት ዝረኣዩ ናይ ፅልኢ ዘረባታት 46
4.6.1 ዝተፈላለዩ ትሕዝቶ ዘዳልው ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን 47
4.7 ኣብ ኢንተርኔት ጥቕዓት ዘብፅሑን ወይ ዝጥቕዑ ፈጠርቲ ትሕዝቶ 51
**5** መጠቓለሊ **51**
**6** ምኽሪ ሓሳብ **54**

መጠንቀቕታ፦ እዚ ጸብጻብ ጽልኢ ዝመልኦ ዘረባታት፣ ጸርፍን ጐዳኢ ትረኻታትን ዝሓዘ እዩ። እዞም ትረኻታት እዚኣቶም ናይ ሲ.ኣይ.ኣር. ኣርኣያታት ዘይኮኑስ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ብተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝተዘርግሑን ከም ኣካል ናይዚ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ጾታዊ ጽልኢ ዘረባታት ዝካየድ ዘሎ ፅንዓት ዝተንተኑን እዮም። ነቲ ረኺበታት ብጥንቃቐ ንምቕራብ ጻዕርታት እኳ እንተተገብረ እቲ ጸብጻብ ንገለ ኣንበብቲ ከሕርቖ ዝኽእል ሓበሬታታት ግን ኣለውዎ። ንጾታ መሰረት ዝገበረ ዓመጽ ፅንዓት ንምርካብ ናይ [NO MORE](#) ዓለምለኻዊ ኣገልግሎት ደገፍ ይርአዩ።

# 1 ጠቕላላ ሓሳብ

ሴንተር ፎር ኢንፎርሜሽን ረዚሊያንስ (ሲ.ኣይ.ኣር) ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዙ ፆታ መሰረት ዝገበሩ ሕቶታት ዝገበሮ ምርመራ ከምዘረኣዮ እዚኣቶም መጥቃዕቲ ጎዳእትን ዝተስፋሕፍሐ እንተኾኑ ደቂ ኣንስትዮ ብተደጋጋሚ ሸለል ንኽበሃሉን ትሕት ኢሎም ንኽርአዩ ምኽንያት ኮይኑ እዩ። ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዙ ፆታ መሰረት ዝገበሩ መጥቃዕቲ ቀደም እውን ካብ ዝነበሩ ዝተስሓሓቱ ናይ ስነ ፆታ ኩነታት ምስ ናይ ንጓል ኣንስተይቲ ፅልኢ ኣረኣእያታት ብዕምቆት ዝተትሓሓዙ እዮም። ናይ ኢንተርኔት ጥቕዓት መን ኣብ ዲጂታል መድረካት ምዝራብ፤ ምምራሕን ብዘይ ስግኣት ምንቅስቓሥን ከምዝኽእል ይውስኑ። ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ኣብ ዲጂታል መድረኻት ብነፃነትን ድሕንነትን ተሓልዩን ክሳተፉ ምግባር ናይ ኢንተርኔት ዋኒን/ጉዳይ ጥራሕ ዘይኮነስ ብሓፈሻ ማሕበራዊ ህይወተን ብነፃ ንኽሳተፉ ይሕግዝ።

ሲ.ኣይ.ኣር ቅድሚ ሕጂ ብፈስቡክ፤ ብቴሌግራምን ኤክስን (ብቐደም ሽሙ ትዊተር) ብቴክኖሎጂ ድጋፍ ዝቓጥዑ ፆታ መሰረት ብዝገበሩ ጥቓዓታትን ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዙርያ ዝገበሮ መፅናዕቲ ብሰፋሑ ብቲክቶክን ብዩቱዩብን ገይሩ። እዙይ ፀብፃብ ብዋኒኑ ዘሎ መረዳእታ ብምጥንኻር ዝምልከቶም ኣካላት ትርጉም ዘለዎ ፖሊሲ ለውጢ ንምምፃእ ዝገብርዎ ፃዕሪ ይሕግዝ።

ዕላማ እቲ ፕሮጀክት ነዞም ዝስዕቡ ንምስራሕ እዩ:

- ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ መርትዖ መሰረት ምጥንኻር
- ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ ንትካላት መንግስቲ፣ ሲቪል ማሕበራት፣ ኩባንያታት ማሕበራዊ ሚድያ፣ ከምኡ እውን ንህዝቢ ምሕባርን
- ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ ንምፍታሕ ንኢትዮጵያውያን ዝምልከቶም ኣካላት ተግባራዊ ዝኾኑ መፍትሕታት ብምሃብ ምጥንኻር

እዙይ መፅናዕቲ መረዳእታ መሰረት ብዝገበረ ምትንታንን ብበዓል ሙያ ዝተገበሩ ዓውደ መፅናዕትን ብምጥቓም ሓደሽቲ ኣረኣእያታት ኣቅሪቡ እዩ። ሲ.ኣይ.ኣር ብዝተፈላለዩ በዓል ሙያታ ተቐባልነት ዝረኸበ ናይ መፅናዕቲ ሜላ ብምጥቃም ብዩትዩብን ብቲክቶክን ዝቐረቡ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ድሕሪ ምምርማሩ ውፅኢታቱ፤ ምስ ብቴሌግራምን ኤክስን ካብ ዝተሰርሑ ውፅኢታት አወዳዲሩ እዩ። ሲ.ኣይ.ኣር ናይ ማሕበራዊ ልጥፍ ናሙና ንምምራፅ ናይ ናቹራል ላንግዊች ፕሮሰሲንግ (ኤን.ኤል.ፒ) ከይዲ ሜላ ዝተጠቐመ እንተኸውን መፅናዕቲ ዝመረፅዎ 17,082 ናይ ማሕበራዊ ሚዲያ ኣረኣእያታት ብኣርባዕተ ቋንቋ (ኣምሓርኛ፣ ኣፋን ኦሮሞ፣ ትግርኛን እንግሊዝኛን) ዘረባታት ዓይነታትን ናይ ዘረባታት ዓውድታት መሪዖም። ኣብ መወዳእታ ብተንቀሳቐሲ ምስሊ ኣብ ዓውድታት ዘሎ ናይ ፆታ ኩኔታ ሲ.ኣይ.ኣር ኣፅኒዑ።

**ቁልፊ ርኽበታት**

ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ድምፀን ዝዕፍንን ተሳትፎአን ዝግድቡ ፀርፍታት ብስርዓት ፆታ ዙርያ ዝተስሓሓቱ መረዳእታት ዝሓዙ ዘረባታት፤ ናይ ለግዒ ዘረባታት መነኣኣስቲ ዝኾኑ መግለፅታት ይበፅሑን። ብኣመራርሓ ቦታ ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ፤ ስፖርተኛ ደቂ ኣንስትዮ ወይ ከዓ ፊሚኒዝም ዝሰብኩን ስለ ደቂ ኣንስትዮ መሰል ብምቅላስ ልሙድ ናይ ስርዓተ ፆታ ስርዓት ዝገዳደሩ ደቂ ኣንስትዮ ብዝተፈለየ ኩኔታ ጥንክር ዝበሉ ፀርፍታት፣ ርክባዊ ዝኾኑ ኣረኣእያታት ሽም ምጥፋእን ምግላልን ይበፅሖም። ንኣብነት ሰብኣዊነት ባህላዊ ርክኩብ ዝሽርሽር ከምዝኾነን ንገንዘብ ጥቕምን ናይ ሰዶማዊነት ግብሪ ንምስፍሕፋህ እናሰርሓ ከምዝኾነ ይሕሰብ። እዚኣቶም ኣተሓሳስባታት ምስ ዲጂታል መሰል ጥሕሰታት ብምጥማር ደቂ ኣንስትዮ ስቕ ዘብል ናይ ዲጂታል መድረኽ ንምፍጣር ምኽንያት ኮይኑ እዩ።

ደቂ ተባዕትዮ እውን ብዖታዊ ግደኦም ዙርያ ድኹምነትን ወዲ ዘይምኳን ዝገልፁ ናይ ፆታ ማዓርነት ድጋፍ ዝቃወሙ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ይበፅሖም እዩ። ጓል ኣንስተይትን ወዲ ተባዕታይን ብፖለቲካ ኣማራርሓታት ናይ ኢንተርኔት መጥቓዕቲ እንተበፅሖም እንኳ ደቂ ተባዕትዮ ብፖሊስን ብፖለቲካ ኣረኣእያን ዙርያ መጥቓዕቲ እንትበፅሖም ደቂ ኣንስትዮ ግን በመልክዐን ወይ ከዓ ብዘለዎን ማሕበራዊ ግደ መጥቓዕቲ ይበፅሓን።

ብተወሳኺ ኣብ ደቂ ተባዕተዮ ዘነፃፀሩ መጥቓዕቲ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ፃታ ከም መጥቐዕን መሸማቐቕን ገይሮም ይጥቀምሉ። ብምኳኑ ደቂ ኣንስትዮ ብቐጥታ ካብ ዝበፅሓን መጥቓዕቲ ብተወሳኺ ደቂ ተባዕትዮን ዒላማ ንዝገበሩ መጥቓዕቲ መሳርሒ ይኾኑ።

ፆታ መሰረት ዝገበሩ ናይ ፅልኢ ዘረባታት በይኖም ዝርከቡ ዘይኮኑስ ካብ ብሔር፣ ሃይማኖት፣ ምስ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ዝተራኸቡ ዝተሓላለኹን ዝተፈላለዩ ገፅታ ዘለዎም መጥቓዕቲ ዘስዕቡ ሓሊፉ እውን ቐደም ዝነበሩ ጭንቐታት ዘባኣእሱ እዮም። ናይ ቆርበት ቀለምን ኣብ ምፅላም ዘነፃፅሩ መጥቓዕቲ ዘይተፀንዑ ግን ብሰፊሑ ዝረኣዩ እዮም። ናይ ፖለቲካ ኩነታትን ኣረኣእያታትን ብሔር ተኮር ዝኾኑ ፆታዊ ናይ ፅልኢ ዘረባታትን በሪ እንትኸፍቱ ሃይማኖታዊ ተፅዕኖታት ከዓ ደቂ ኣንስትዮ ዘነዓዕቑን ትሕት ዘብሉ ናይ ፅልኢ ዘረባታት በሪ ይኸፍቱ። እዚኣቶም ርኽበታት ከምዘርእይዎ ጉድኣቱ ካብ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ሓሊፉ ብኲናት ትግራይ እዋን ከምዝተራኣየ ባእሲ መልዐሊ ዝኾኑ ፖለቲካዊ ዘረባታት፤ ዝተስሓሓቱ ፀርፍታት ከም "ባንዳ"፣ "ከሓዲ"ን "ሰይጣን"ን ዝኣመሰሉ ቓላት ብጋህዲ ዓለም ባእሲ ንምፍጣር መልዐሊ ይኾኑ። እዚ ድማ ኣብ ሞንጎ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን (ህወሓት) ሓይልታት መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝለዓለ ኲናት ኣብ ዝነበረሉ እዋን ዝተራኣየ እዩ።

ወዲ ተባዕታይን ጓል ኣንስተይትን ናይ ኢንተርኔት ትሕዝቶ ኣቕረብቲ ዝተፈላለዩ ቅዲ ዘለዎምን ምስ ማሕበራዊ ኣረኣእያታት ዝተራኸቡ መጥቓዕቲ ይበፅሖም። ብፖለቲካ ዙርያ ዝርርብ ዝገብሩ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ካልኦት ቅዲ ካብ ዝሳተፉ ደቂ ኣንስትዮ ብዝበለፀ መጥቓዕቲ ይበፀሓን። እዚ እውን ሽግሩ ንምፍታሕ ናይ ስርዓተ-ፆታን ባህላዊ ኩነታትን ዘማእኸለ ኣቀራርባ ከም ዘድሊ የርኢ። ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ኣብ ኢንተርኔት ንመጥቓዕቲ ዒላማ ዝኾንሉ መንገዲ ካብ መድረኽ ናብ መድረኽ ምፍልላዩን ብሰፊሑ ምርኣዩ ሽግሩ ንምፍታሕ ናይ ቴክኖሎጂ መፍትሒታትን ናይ ማሕበራዊ ኣረኣእያታት ለውጥታት ኣድላይ ምኳኖም የርኢ። እዚ መፅናዕቲ ብማሕበራዊ ሚዲያ ትሕዝቶ ዘሎ ቁፅፅር ድኹምን ሰባት ብማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት መጥቓዕቲ ብምክልኻል ዙርያ ብማሕበራዊ ሚዲያ ኣብ ልዕሊ ኩባንያታት እምነት ከምዘይብሎም የርኢ።

ዝተምሓየሸ ናይ ትሕዝቶ ቁፅፅር፤ ጥንክር ዝበለ ናይ ደንቢ ትግበራታትን ናይ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት ተሓታትነትን ምስፋን ብፍላይ ናይ ቋንቋ ዝብንቐ ብዘለዎም ሃገራት ኣድላይ እዩ። ዝተፈላለዩ ናይ ማሕበራዊ መድረኻት ዝተፈላለየ ዓይነት ናይ ፅልኢ ዘረባታትን ስለዘተኣናግዱ መፍትሒታት መድረኽ ተኮርን ሰፊሕን ምኳን ኣለዎም። ንኣብነት ብቲክቶከ ዘለው ትሕዝቶታትን ብዩቱዩብ ዝርከቡ ንውሕ ዝበሉ ናይ ፖለቲካ ማእኸል ዘሎ ፍልልይ ናይ ፅልኢ ዝርርብን ብምውጋእ መዳይ ፍሉይ ፈተናታት ይፈጥር።

ብመወዳእታ ኣብ ኢንተርኔት ዘሎ ዓለም ካብ ሓቀኛ ዓለም ዝተፈለየ እዩ ዝብል ዝተስሓሓተ ኣተሓስስባ ምቕያር ኣለዎ። ኣብ ኢንተርኔትን ካብ ኢንተርኔት ወፃእን ዘለው ዓለም ብዕምቖት ዝተትሓሓዘ እዩ። ካብ ኢንተርኔት ወፃኢ ዘለው ኩነታት ኣብ ኢንተርኔት ዘለው ምንቅስቓሳት እንትውስን ናይ ኢንተርኔት መጥቓዕትታት ብሓቀኛ ዓለም ናይ ስነ ልቦናን ኣካላዊ ጉድኣት የስዕቡ።

## 2 መእተዊ

ማሕበራዊ ሚዲያን ዲጂታል ቴክኖሎጂን ሰባት ዝራኸብሉ፣ ዝረዳድእሉን ምስ ዓለም ዝራኸብሉን መንገዲ እናቐረፀ እዩ። ሙብዛሕቲኦም ግላዊን ሙያዊ ኩነታት ብኢንተርኔት ከም ምዃኖም መጠን ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዙ ፆታን መሰረት ዝገበሩ መጥቃዕቲ እናወሰኹ መጺኦም እዮም። ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዙ ፆታን መሰረት ዝገበሩ መጥቃዕቲ ብኢትዮጵያ ውሽጢ ናይ ፅልኢ ዘረባ፣ ምግፋዕ፣ ናይ በቐል ፖርኖግራፊ፣ ስርዓት-ፆታ ጎዳኢ ልምዲ ምቕፃልን ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድምፂ ምግዓብን ወሲኹ ዝተፈላለዩ መልክዕ ኣለዎም። ተፅዕኖታቱ ካብ ግለሰባዊ ጉድኣት ሓሊፉ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጠቕላላ ማሕበራዊ ተሳትፎ ዘቀዛቕዙ እዮም።

ኣብ ናይ ኢንተርኔት መጥቃዕቲ መን ምዝራብ፤ ምምራሕ ኣብ ዲጂታል መድረካት ብድሕንነት ምንቅስቓስ ከምዝኽእል ይውስኑ። ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ኣብ ዲጂታል መድራኻት ብድሕንነትን ብነፃነትን ንኽሳተፉ ምግባር ናይ ኢንተርኔት ድሕንነት ጉዳይ ጥራሕ ዘይኮነስ ብማሕበራዊ ህይወት እውን ዘለዎን ተሳትፎ ናይ ምርግጋፅ ጉዳይ እዩ። ሲ.ኣይ.ኣር እዚ ኣቶም ዋኒናት ጉዳያት ንምርዳእን ሽግራት ንምፍታሕን ብዝግበር ፃዕሪ ኣዲስ ኣበባ ውሽጢ መፅናዕትታት፤ ዓውደ መፅንዓትታትን ኮንፈረንሳትን ብምዝግጃው ብመጀመሪያ ተሳታፊ ይኸውን።

ብፌስቡክ፣ ብቲሌክራምን ኤክስን ስለዘሎ ፆታን መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ ሲ.ኣይ.ኣር ብ2004 ዝሰርሖ መፅናዕቲ ወሳኒ ጉዳያት ኣቕሪቡ ተወሳኺ ምርመራ ከምዘድሊ ኣመልኪቱ። በዚኣቶም ርኸበታት ብምምስራት እዚ መፅናዕቲ ወሰኑን ዩቱዩብን ቲክቶክን ናብ ዘለው ናይ ፅልኢ ዘረባታት ብምስፋሕ ብኢትዮጵያ ዲጂታል መድረክ ውሽጢ ስለዘሎ ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ፆታን መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ ሓደሽቲ ግንዛበታት ይህብ። እዙይ ፀብፃብ ኣብ ኢንተርኔት ካብ ዘለው መጥቃዕቲ ዓይነት፣ ኣተሓሳስባን ርክባት ዙርያ መፅናዕቲ ብምግባር ጠቓሚ ናይ ፖሊሲ ለውጥታትን ድሕንነቱ ዝተሓለወን ናይ ኢንተርኔት መድረኽ ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ።

### 2.1 ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ፆታን መሰረት ስለዝገበሩ መጥቃዕቲ ምፅናዕ ምቕፃል ንምንታይ ኣድለየ?

ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ፆታን መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ ናይ ዘመናት ሽግር ዝኾነ ፆታን መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ ሓዱሹ መርኣይ እዩ። ዝተስሓሓተ ፆታዊ ኣረኣእያታትን ባህላዊ መድልዎታትን ዝመሳሰሉ ዝተስሓሓቱ ማሕበራዊ ኣረኣእያታትን ዘንፀባርቑ ኣተሓሳስባታት ካብ ኣናእሽተያት መጥቃዕቲ ተበጊሶም ናብ ኣካላዊ ጉድኣት ዝበፅሑ እዮም። እዙይ እውን ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ብኢንተርኔት ይኹን ካብ ኢንተርኔት ወፃኢ ብዘሎ ዓለም ስቕ ዘብል ካብ ማሕበራዊ ናብራ ናይ ምግላልን ኣብ መረዳእታ ዝተመስረተ ውሳነ ናይ ምሃብ መሰል ብምግዓብ ናይ ምግላል ዑደታት ያቕዕሉ።

— “ —

ክንደይ ‘ምዕባለ’ ንገብር ብዘየገድስ፡ ጾታ መሰረት ዝገበረ ዓመጽ ሓድሽ መንገዲ ክስዕቦ ምኽኣሉ ዘስካሕክሕ እዩ።

— ” —

ተሳታፊ ዓውደ መጽናዕቲ፡ አ.አ 2025

ሲ.ኣይ.ኣር ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዙ ፆታን መሰረት ዝገበሩ መጥቃዕቲ ባህርያት፤ ብኢትዮጵያ ውሽጢ ብምፍታሽ ፆታን መሰረት ዝገበሩ ናይ ፅልኢ ዘረባታ ከም ሓደ ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ፆታን መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ ገይሩ

ብምቁፃር ሰፊሕ መፅናዕቲ ገይሩ እዩ። ናይ ሲ.ኣይ.ኣር ምርመራ ምስ መጥቓዕቱ ካብ ዝበፅሖም ሰባት ዝተገበረ ቓለ ምልልስ፣ ካብ ማሕበራዊ ሚዲያ ብምትንታን ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ባእሲ ጀመርቲ ዝኾኑ ናይ ቁልፊ ቃላትን እኽብካብ ብምዝግጃው ጠቓሚ ግንዛቤታት ፈጢሩ።

ሲ.ኣይ.ኣር ብሃገር በቀል ናይ ኣፍሪካ  ቋንቋታት ዝተፅሓፉ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ከም ምፅናዕ ከምዝከኣል ብዘዘጋጀዎ ሜላ ዘተኮረ መፅናዕቲ ኣሕቲሙ። ካብዚኣቶም ፃዕርታት ኣብ ኣዲስ አበባ ውሽጢ ምስ ዝተገበሩ ዘረባታትን ጥምረታትን ብምኧን ብስልጠናታት ናይ ተቓላሲነት ስራሕቲ ፅቡቕ ተፅዕኖ ፈጢሩ። ንኣብነት ብዙሓት መንግስታዊ ዘይኾኑ ትካላት ናይ ሲ.ኣይ.ኣር ርኽበታት ብፕሮግራሙን ብፖሊሲኦምን ኣካቲቶም።

ብኻልኦት ማሕበራዊ መድረካት ዘሎ ግንዛበ ንምስፋሕ ተወሳኺ መፅናዕትታት ንኽግበር መፀዋዕትታት እናቐረቡ ፀኒሖም። ንኣብነት ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ኢትዮጵያ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብዝተገበሩ ዝርርባት ቴክቶክን ዩቱዩብን ዝኣመሰሉ ተፅዕኖ ፈጠርቲ ዝኾኑ ነገር ግና ብዙሕ መፅናዕቲ ብዘይተሰርሖም ማሕበራዊ መድረካት ዙርያ መፅናዕቲ ከም ዘድሊ ተራእዩ። እዙይ ፕሮጀክት እዙይ ናይ መረዳእታ ክፍተት ንምምላእን ብኢትዮጵያ ውሽጢ ዘለው ናይ ሲቪል ማሕበረሰብ ትካላትን ናይ ፖሊሲ መውፅእታትን ንምብቃዕ ዝዓለመ እዩ።

ርኽበታት ብፍላይ ቡዙሕ ብዘይተወከሉ ቋንቋታት ዝልጠፉ ትሕዝቶታትን ንምቁፅፃር ናይ ፖሊሲ መመሓየሺታት ከምዘድልዩ ኣርእዩ። ሲ.ኣይ.ኣር ምርምሩን ብምቕፃል ብኢትዮጵያ ካብ ዝምልከቶም ኣካላት መንጎ ምትሕብባርን ብምዕባይ ብቴክኖሎጂ ሓገዝ ብዝወፀ ዖታን መሰረት ብዝገበሩ ዙርያ ግንዛቤ ብምቕፃልን ተግባራዊ ለውጥታትን ብምምፃእ ንደቂ ኣንስትዮን ንኣዋልድን ድሕንነቱ ዝተሓለወ ናይ ዲጂታል መድረክን ንምፍጣር ይሰርሕ።

> ቴክኖሎጂ ህሉውን መጻእን እዩ። ሰባት ንኽጥቀሙሉ ውሑስ መድረኽ ክንፈጥር ኣለና።
>
> ተሳታፊ ዓውደ መጽናዕቲ፡ አ .አ 2025

## 2.2 ዕላማታት ፕሮጀክት

- ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቓዕቲ መርትዖ መሰረት ምጥንኻር
- ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቓዕቲ ንትካላት መንግስቲ፣ ሲቪል ማሕበራት፣ ኩባንያታት ማሕበራዊ ሚድያ፣ ከምኡ እውን ንህዝቢ ምሕባርን
- ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቓዕቲ ንምፍታሕ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ሲቪል ማሕበራትን ንትካላት መንግስቲን ተግባራዊ ዝኾኑ መፍትሕታት ብምሃብ ምጥንኻር

### 2.3 መፅናዕቱ ዝመልሶም ሕቶታት

ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ዝተገበረ ዝርርብ ተኸቲሉ ሲ.ኣይ.ኣር ብፌስቡክ፣ ብቴሌግራምን ብኤክስን ዘካየዶ ቀፅራዊ መፅናዕቲ ናብ ክልተ መድረኻት ማለት እውን ናብ ዩትዩብን ቲክቶክን ኣዕቢዩ። እዙይ መፅናዕቲ ምስ እዚኣቶም ማሕበራዊ መድረኻት ብዝተተሓሓዘ ዝስዕቡ ሕቶታት ንምምላስ ይሙክር።

1. መልክዕ (ናይ ዓውዲ ዓይነት) ኣየኒኦም ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዓይነታትን ዓውድታትን ብሰፊሑ የርኢ?
2. ካልኦት ተትሓሓዝቲ ካብ ካልኦት ዝተውሃቦም መንነታት ዒላማ እንትኾኑ ናይ ፅልኢ ዝርርብ ከመይ ይረአ?
3. ናይ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረክ ፍልልይ፣ ፆታን መሰረት ዝገበሩ ዘረባታት ብማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት ማእኸል ፍልልይ ኣለዎም?
4. ምስ ትሕዝቶ ዘለዎም ርክክብ ናይ ፅልኢ ዝርርብ ምስ ተንቀሳቓሲ ምስሊ ትሕዝቶ ይራኸብ ዶ?

### 2.4 ናይ መፅናዕቱ ወሰን

ብዝነበሩ መፅናዕትታት ብምምርኳስ ምስ ቅድሚ ሐዚ ዝገበሮ መፅናዕቲ ተመሳሳሊ ናይ መፅናዕቲ ሜላን መዝገበ ቃላትን ኣብ ዩቱዩብን ቲክቶክን ተግባራዊ ብምግባር ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት ንፅፅራት ገይሩ እዩ። ብማሕበራዊ መድረኻት ማእኸል ብዘሎ ናይ ትሕዝቶ ኣፈላላይ (ተንቀሳቓሲ ምስልን ኣረኣእያ ኩነታት) ምኽንያት ሲ.ኣይ.ኣር ብተንቀሳቓሲ ምስሊ ትሕዝቶታትን ኣረኣእያታትን ማእከል ዘሎ ርክብ ዝድህስስ ተወሳኺ ሕቶታት ኣልዒሉ።

እዙይ መፅናዕቲ ናይ ፅልኢ ዘረባ ናይ ኢትዮጵያ መንግስቲ ናይ ፅልኢ ዘረባን ናይ ሓሶት መረዳእታን ስርጭት ንምክትታልን ንምቁፅፃርን ብዘውፀኦ ኣዋጅ መሰረት ምትርጓሙ ንኢትዮጵያ ዝተመቸወ ኩነታት ንክኸውን የኽእሎ። ብገንዘብን ግዜን ሕፅረት ምኽንያት ብማሕበራዊ ሚዲያ ብስፊሑ ዝረኣዩ ኣርባዕተ ቋንቋታት ማለት እውን ኣምሓርኛ፣ ኣፋን ኦሮሞ፣ ትግርኛን እንግሊዘኛን ተመሪፆም፡ ኣብ ዝቕፅሉ መፅናዕቲ ተወሰኽቲ ቋንቋታት ክካተቱ እዮም።

ፆታ መሰረት ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዝርርብ ብዙሕ ዓይነት ብቴክኖሎጂ ሓገዝ ኩነታት ፆታን መሰረት ዝገበሩ ናይ መጥቃዕቲ ዓይነታት ዝሓዘ እዩ። ቅድሚ ሕጂ ዝተገበሩ መፅናዕትታት ብምስሊ ዝተሓገዙ ናይ ፅልኢ ዘረባታት፣ ናይ በቐል ፖርኖግራፊን ብተፈለጥቲ ውልቀሰባት ዙርያ ብዝበፅሑ ጥቕዓታት ዙርያ ይረአዩ።

---

# 3 ናይ መፅናዕቲ ሜላ

ሲ.ኣይ.ኣር ኢአ ብ2004 ብኢትዮጵያ ናይ ኢንተርኔት መድረኽ ስለዘሎ ፆታን መሰረት ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባ ማለት እውን ዩቱዩብን ቲክቶክ ኣስፊሑ። ተመሳሳልን ብበዓል ሙያ ዝተገምገመ ናይ መፅናዕቲ ሜላ ተግባራዊ ምኳኑ ብዝተፈላለዩ ማሕበራዊ መድረኻት ማእከል ዝተረኸቡ ረኽበታት ንምውድዳር የኽእል።

ሲ.ኣይ.ኣር ካብ ዩቱዩብን ቲክቶከና ናሙና ምልክታትን ምራፅ ቁልፍ ቃላትን ዘዛምዱን ናይ ፅልኢ ዘረባ ዘርእዩ ሞዴላት ተጠቒሙ እዩ። ናይ ማሕበራዊ ሚዲያ ጣቢያኡ ካብ ዝፍጠር ጀሚሩ ዘለው ምልክታት ብሙሉኡ እንተተኻተቱ እኳ ናይ መረዳእታ እኽብካብ ግን ዝተኻየደ ኢአ ካብ መስከረም እስካዕ ታሕሳስ 2004 ነይሩ። ሓደ ናይ መፅናዕቲ ጉጅለ ዝተኣከቡ ናይ ምልክት ኣረኣእያታት ብሰለስተ ኣንፈት ማለት እውን ናይ ፅልኢ ዘረባ ዒላማ፣ ዓይነትን ዓውድን ከፋፊሉ (ሓባሪ 7.3፣ ትርጉም፣ ወይ ከዓ ክፍሊ 3.1 ሓሳባዊ ማዕቀፍ ይርኣዩ)።

ናቹራል ላንጉች ፕሮሰሲንግ (ኤን.ኤል.ፒ) ከይዲ ቴክኒካት ካብ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት ናይ ፅሑፍ መረዳእታ ንምትንታን ንምትርጓምን ቁልፊ ኣካል ነይሮም። እዙይ ናይ ቃላት እኽብካብ ምፍጣር ካብ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት መረዳእታ ምእካብን ድግግም መረዳእታታት ምውጋድን ኣብ ምልክታት መንነት ዝገልፅ መረዳእታት ምልዓል ዘካተተ ናይ ቅድመ ምድላው ከይዲ የካትት። ብተወሳኺ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር ዝተጠቐሞ ናይ ኤን.ኤል.ፒ ከይዲ ካብ እንግሊዘኛ መረዳእታን እኽብካብ ውሽጢ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ንምፍላይን ብሰብ ኢድ ንዝግበር ትርጉም መረዳእታት ንምፅራይ ተጠቒሙ። ብተወሳኺ ናይ ኤን.ኤል.ፒ ከይዲ ቴክኒክ ብበዓል ሙያ ኢድ ብዝተሰርሐ ናይ መረዳእታ ምክፍፋል ወቕቲ ናይ መርኣይ ንድፊ ብምዝግጃው መዳይ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ። ዝስዕቡ ክፍልታት ነንሕድሕድ ከይዲ ብዝርዝር የርእይ።


## 3.1 ሓሣባዊ መዋቕር

ሲ.ኣይ.ኣር ናይ ፅልኢ ዝርርብ ዒላማ፣ ዓይነትን ዓውድን ንምግምጋም ቅድሚ ሐዚ ዝነበረ ሓሳባዊ ማዕቐፍ ተጠቒሙ (ኣብ ትሕቲ ዘሎ ስእሊ 1 ይርኣዩ)። ግልፂ ዝኾነ "ዒላማ"ን ናይ "ፅልኢ ዓይነት"ን ምህላው ሓደ ትሕዝቶ ናይ ፅልኢ ዝርርብ ኢልካ ምምዳብ ኣድላይ እዩ፡ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር ዘፅንዑ ሓደ ትሕዝቶ ናይ ፅልዚ ዘረባ ኢሎም ዝመደብዎ ናይ "ፅልኢ ዝርርብ" ዒላማን (ከም ዖታ ዝበሉ ሓለዋ ዝግበረሎም ናይ ጉጅለ መንነታት) ናይ ፅልኢ ዘረባ ዓይነት ብግልፂ ዝፍለጥ ጥራሕ እንተኾይኑ እዩ። ብተወሳኺ እውን ሲ.ኣይ.ኣር ንተወሳኺ ትንተና ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዓውደ መፅናዕቱ ኣካቲቱ።

ኣብዙይ መፅናዕቲ ዝተኻተቱ ናይ ፅልኢት ዝርርብ ዒላማታት ብኢትዮጵያ መንግስቲ ናይ ፅልኢ ዝርርብን ናይ ሓሰት መረዳእታ ስርጭት ንምክትታልን ንምቁፅፃርን ሐዚ ብዘውፀኦ ኣዋጅ ውሽጢ ካብ ካልኦት ዝረኸቡ ጉጅለታት እዮም። ምንም እኳ መፅናዕቱ ዖታ መሰረት ዝገበረ መጥቓዕቲ ዘተኮረ እኳ እንተኾነ ንንፅፅር ንኽምችው ካብ ካልኦት ዝተረኸቡ ዒላማታት በመፅናዕቱ ውሽጢ ተካቲቶም እዮም። (ቡዙሕ ዒላማታት ዘለዎም ናይ ፅልኢ ዘረባትት ኣለው ንኣብነት ዖታን ብሔርን)።

ብማዕቐፍ ውሽጢ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዓይነት ናይ መጥቓዕቱ ሜላ (ከም ምፍርራሕ ዝበለ) እንትዉክል ዓውዱ ከዓ ናይ መጥቓዕቱ ስሚዒትን ቋንቋ ባህሪን ይገልፅ (ከም ምስላቕ ወይ ከዓ ዘትሕት ዘረባ)። ንኣብነት ናይ ፅልኢ ከም ላግፂ፣ ፌዝ ወይ ከዓ ስላቕ ዝኣመሰሉ ዝርርባት ከመሓላለፍ ይኽእል። ነንሕድሕዱ ምድብ ካብዙይ ንታሕቲ ብምስሊ 1 ተተሓሒዙ ኣሎ።

እዙይ ሓሳባዊ ማዕቐፍ ንመረዳእታ ትርጓሚኡ ሓገዝ ካብ ምሃብ ሓሊፉ ናይ ምርምሩን ረኸበታት ንምትርጓም ኣድላይ እዩ። ስለ ሓሳባዊ ማዕቀፉ ዝበለፀ ንምርዳእ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር 2024 ሪፖርት ይመልከቱ። እዙይ ሓሳባዊ ማዕቐፍ ብምሁራን ተገምጊሙ ተቐባልነት ዝረኸበን በሪሶርስ ፎር ኣፍሪካ ኢንዲጂነየስ ላንጉጅስ ጆርናል ዝተሓተመ እዩ።




ስእሊ 7፡ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር.ሓሣባዊ መዋቕር። እዚ ድማ ከምቲ ኣብ ክፍሊ 7.3 ኣብ ሃበሬታ ፕሮቶኮል ዝርከብ ናይ መጽናዕታዊ ዲዛይንን ትርጉም ሃበሬታን ዝድግፍ እዩ።

## 3.2 ናይ ቃላት መረፃ

ሲ.ኣይ.ኣር ብኣርባዕተ ቋንቋታት (ኣምሓርኛ ኦሮሚኛ፤ ትግርኛን እንግሊዘኛን) 2,058 ባእሲ ቀስቓሲ ቃላትን ዝሓዘ ናይ ቃላት እኽብካብ ኣዘጋጅዩ። እዚኣቶም ቃላት ፆታን፣ ብሔርን ሃይማኖትን ዒላማ ዝገበሩ ናይ ፅልኢ ዝርርባት እዮም። ሲ.ኣይ.ኣር እዙይ ናይ ቃላት እኽብካብ ብሐዚ ናይ ኢትዮጵያ ኩነታት ኩሉ ዘካተተ ናይ ቃላት እኽብካብ እዩ ኢሉ ይኣምን።

ናይ ቃላት እኽብካቡ ዝተዘጋጀወ ብዴክስ መፅናዕቲ ማለት እውን ቅድሚ ሐዚ ዝነበሩ ናይ ፅልኢት ዝርርብ እኽብካብ ብምፍላይ፣ ብምምሕያሽ ሲ.ኣይ.ኣር ብዘዘጋጀዎ ኣብ ቃለ መሕተት ብሓምለ 2023 ብዝተገበረ ናይ በዓል ሙያታት ዝርርብ ወቕቲ ዝተልዓሉ ቃላት ብምእካብ ነይሩ። ሙሉእ ናይ መረዳእትኡ ዝርዝር ኣብቲ መፅናዕቱ መወዳእታ

ተኻቲቱ። ሲ.ኣይ.ኣር ብፈስቡክ፣ ብቴሌግራምን ኤክስን ብዝገበሮ መፅናዕቲ ተመሳሳሊ ናይ ቃላት እኹብካብ ተጠቒሙ። ካብዚኣቶም ቃላት ውሽጢ ሓደ ምሕላዉ ጥራሕ ፅሑፍ ናይ ፅልኢ ዝርርብ አየብህሎን። እኳድኣስ ናይ ፅልኢ ዝርርብ ክሸውን ዝኽእል ልጥፋት ብበዓል ሞያታት ንኽፍለዩ ይሕግዝ።


## 3.3 ማሕበራዊ ድሕረ-ገፅ ኣካውንት ምምራፅ

ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ብስፍሓት ተፈላጢን ተፅዕኖ ፈጣሪ ዝኾኑ ናይ ዩትዩብ ከምኡውን ናይ ቲክቶክ ቻነላት ብምድላው ናይ ኢትዮጵያ ማሕበራዊ ሚድያ ባዓል ሞያታት ኣሳቲፉ እዩ። ኣብዘን ቻላነትን ኣካውንታትን ዘለዉ ተንቀሳቓሲ ምስልታት ዝተዋህቡ ርዕዮታት ንትንተና ተመሪፆም እዮም።

ኣካውንት ምክፍፋል

ናይ ሲ.ኣይ.ኣር ማሕበራዊ ሚድያ ባዓል ሞያታት ንፉም ዝተመረፁ ቻነላትን አካውንታትን ብዘውጊ ከፋፊሎም እዮም። እዚ ድማ ብተንቀሳቀስቲ ምስሊ ዘውግታት ንምምርማር ኣኽኢሉ እዩ። እዚ ናይ ቻናል ክፍፍል ኣብ ታሕቲ ኣብ ስዕሊ 2 ተገሊፁ ኣሎ። ብሰንኪ ኣብ ኢንተርኔት ዝተዘርግሑ ኣማኢት ሰዓታት ትሕዝቶታት እታ ቡድን ሕድሕድ ቪድዮ ክርእዩ ኣይካአሉን። ኣብ ክንዲኡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቻናል ወይ አካውንት ትሕዝቶ ናሙናታት ብምርኣይ ሓፈሻዊ ገምጋም ተገይሩ።

ብተወሳኺ እቲ ናይ መፅናዕቲ ጉጅለ እቲ ናይ ዩቲዩብ ቻናል ወይ ኣካውንት ቅድሚ ሕጂ ዝተፈለጠ ጥቕዓት ፈፂሙ ምዃኑ ከምኡውን ናይቲ ዋንኡ ዖታ ፈሊዩ እዩ። እዚ ዝተገበረ ኣብ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ ዝዋፈሩ ቻላነት ንባዕሎም ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ፅልኢ ዘረባ ከምዝበፅሑም ንምፍላይ እዩ። ሲ.ኣይ.ኣር ኣብቲ ቻናል ዝቐረበ ሰብ ዖታ ትኽክል ምዃኑ ንምርግጋፅ ተወሳኺ ምርመራ አይገበረን።




ስእሊ 2፡ ምምዳብ ኣካውንታትን ቻነላትን ብሲ.ኣይ.ኣር.

## 3.4 ምእካብን ምድላውን መረዳእታ

ሲ.ኣይ.ኣር ካብ ዩትዩብን ቲክቶክን ፅሑፋት (ልጥፋት) ናሙና ንምግባር ቁልፊ ቃላትን ዝሰማምዑን ናይ ፅልኢ ዘረባ ዝፈልዩ ሞዴላት ተጠቂሙ እዩ።

### 3.4.1 መረዳእታ ምእካብ

**ዩቲዩብ**

ሲ.ኣይ.ኣር ካብ 160 ቻነላት ዩትዩብ ርዕዮታት ንምእካብ ፓይተን ላይብረሪ (Python Library) ዝተበሃለ መተግበሪ ተጠቒሙ እዩ። እዚ ድማ ኣብታ ዝተመረፀት ቻናል ኣብ ዝቐረቡ ተንቀሳቐስቲ ምስልታት ዝተዋሃቡ ርዕዮታት ካብ 60 - 80 % ንምፍላጥ ኣኽኢሉ ኢዩ። እዚ ኣካሂዳ ተጠቂሙ ሲ.ኣይ.ኣር 7,810,908 ናይ ዩቱዩብ ርኢቶታት ኣኪቡ እዩ።

ቲክቶክ

ሲ.ኣይ.ኣር “ኦፕን ሜዠር” (Open Measures) ዝተበሃለ ናይ ኢንተርኔት መሳርሒ ብምጥቃም ካብ 364 ቲክቶክ ኣካውንታት ርእይቶታት ኣኪቡ እዩ። ብዚ ኣካይዳ 1,515,932 ናይ ቲክቶክ ርእይቶታት ምእካብ ተኻኢሉ እዩ።

“ኦፕን ሜዠር” ኣብ ቀረባ 1,000 ቪድዮታት ቲክቶክ ርእይቶታት ክእክብ እንከለዉ ካብ ሓደ ቪድዮ ግን ልዕሊ 10,000 ርእይቶታት ኣይኣከቡን። ኣብቲ እኽበካብ ዘለዉ ተንቀሳቀስቲ ምስልታት ካብ 10,000 ንላዕሊ ሓሳብ (ርእይቶ) ስለዘይብሎም እዚ ገደብ ኣብቲ መፅናዕቲ ተፅዕኖ ከም ዘይፈጥር ሲ.ኣይ.ኣር ይኣምን።

### 3.4.2 ቅድመ ምድላው ንትንተና ዝኸውን ናሙናታት

ሲ.ኣይ.ኣር ንትንተና ዝምችዎ ዓይነታት መረዳእታ ንምቕያር ናይ ምምራፅ፣ ናይ ምልዋጥን ምስትኽኻልን ቅድመ ምድላው ስራሓቲ ሰሪሑ እዩ። እዚ ድማ ፅሬትን ተኣማኒነትን ሞዴላት ቋንቋ ንምምሕይያሽ ኣብ ፅሑፋዊ መረዳእታ ትርጉም ዘለዎ ርድኢት ንምርካብ ኣድላይ ነይሩ። እቶም ቀንዲ ተግባራት ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ኣለዉ።

ፅሑፍ ምፅራይ

ካብ ማሕበራዊ ሚዲያ (ማሕበራዊ መራኸብትታት) ዝእከብ ፅሑፋዊ መረዳእታ መብዛሕቲኡ ጊዜ ንትንተና ወይ ትርጉም ዘተሃላለኽ፣ ተዛማድነት ዘይብሉ ወይ ዝተሰሓሓተ መረዳእታ (ሓበሬታ) ይሕዙ። መረዳእታ ምፅራይ እዞም ዝስዕቡ ዘጠቓለለ እዩ።

- ሃይፐር ቴክስት ማርክኣፕ ላንጉች (Hyper Text Markup Language) (ኤች.ቲ.ኤም.ኤል) ዝተፈላለዩ ፊደላት ምፅራይ HTML መለለይታት ንገፃት ኢንተርኔት ብኸመይ ሓበሬታ ከምዘርእዩ ዝሕብሩ መለለይታት እዮም። ኤች.ቲ.ኤም.ኤል መለለይታት ድህሪ ገፃት ንምቕራፅ፣ ፅሑፋትን ስዕላዊ ውክልና ንምሃብን ጠቀምቲ ዝኾኑ ፅሑፋት ክዘጋጅው ይግባእ፤ ግና ጥቅሚ የብሎምን።
- ኹሉ ፅሑፋት ናብ ንእሽተይ ፊደላት እንግሊዝኛ (small letters) ምቕያር ተመሳሳሊ ብዝኾነ መንገዲ ክረኣዩ ይገብር። ንኣብነት “apple”፣ “APPLE” ዝብልን “APPle” ምስ “apple” ብተመሳሳሊነት ይረኣዩ።
- ስርዓት ነጥቢ ምእላይ ወይ ምትካእ
- ስምዒት ገላፂ ስዕልታት (emoji) ኣፅንዖት ንምሃብ ወይ ስምዒት ንምግላፅ ኣብ ጥቕሚ ስለዝውዕሉ ኣብዘን ሂደታት ወቕቲ ኣይተኣለዩን።

እዞም ዝስዕቡ ስርሒታት ምፅራይ ስራሕቲ ዝተሰርሑ ንእንግሊዝኛን ኣምሓርኛን ናይ መረዳእታ እኩባት ጥራሕ እዩ።

- ናይ ፊደላት፣ ቁፅርታትን ካሊእ ፅሑፍን ዝኾኑ መረዳእታት ምውጋድ
- ብእንግሊዝኛ ከም “and”፣ “the” ዝብልን  “in” ዝመሳሰሉ ትርጉም ዘይብሎም ኣተሓሓዝቲ ቃላት ምውጋድ
- ምሕፃረ ቃላት ምትንታን። ኣሕፅሮተ ቃላት መብዛሕቲኡ ጊዜ ጎዳኢ ትሕዝቶታት ንምህባእ የገልግሉ። ብዝኾነ ኩሉ ዓይነት ፅሑፋት ናብ ተመሳሳሊ ዓይነት ፅሑፋት ምልዋጥ ናይ ፅልኢ ዘረባ ዝፈልዩ ሞዴላት ኣሰራርሓ ንምምሕይያሽ ይረድእ።

### 3.4.3 ንትንተና ዝሸውን ናሙናታት ምምራፅ

ሲ.ኣይ.ኣር ካብቲ ዝተኣከቡ ሓፈሻዊ ርኢቶ ጥርቅምቃም ውሽጢ ናሙናታት ብዕድል መሪፁ ወሲዱ እዩ። እዚ ድማ ዝተመረፁ ናሙናታት ንሙሉእ መረጃታት ዝውክሉ ምዃኖም የረጋግፁ። ንዚ ንምርግጋፅ ድማ ብኹሉ ቋንቋታት ተመጣጣኒ ቁፅሪ ዘለዎም ርኢቶታት ተመሪፆም እዮም።

### 3.4.4 መረዳእታ ዝእከበሎም ሰባት ሽም ዘይምግላፅ

ሲ.ኣይ.ኣር ሓበሬታኦም ንምርምርን ፅንዓት ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ውልቀሰባት ምስጢራውነቶም ንምሕላዉ ምስ ስነ-ምግባር መምርሒታት ብዝተጣጣዓመ መልክዑ ዝተመረፁ ልጥፋት (ፅሑፋት) ከም ዘይብሎም ገይሩ እዩ።

እዚ ዝተገበረሉ ኩሎም ተጠቀምቲ ሰባት (ማለት ዝኾነ ድሕረምልክት “@” ዘሎ ቃል) “USER NAME” ብዝብል ቃል ብምትካእ እዩ።

### 3.4.5 ተመጣጣኒ መረዳእታ

ድሕረናሙና ምምራፅ ዝተኣከቡ መረዳእታት ተተርጊሞምን ተከፋፊሎም ተቐሚጦም መጠኖም እውን ካብ ሚኢቲ ተቐሚጡ እዩ።

ዋላ ኣብቲ መረዳእታት ውሽጢ ዝተፈላለዩ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ቁፅርታት እኳ እንተሃለው እዚ ኣካይዳ ናይ ፅልኢ ዘረባ ቁፅርታት፣ ዓይነታትን ዓውድታትን ንምንፅፃር የኽእል።

## 3.5

ሲ.ኣይ.ኣር መረዳእታት ብኢድ ቅድሚ ምትርጓሞም ኣውቶማቲክ ስካን ናይ መመደቢ ብልሓት ኣፍሊጦም እዮም። ሲ.ኣይ.ኣር ብፅቡቕ መንገዲ ዝተሰርሐ ናይ ማሽን ለርኒንግ ሞዴል (Machine Learning Model) ፅሑፋት ናይ ፅልኢ ዘረባታት ከምዝሕዝ ንምፍላይ ተጠቒሙ እዩ። ብምቅፃል እውን ጎዳኢ ዘይኮኑ ፅሑፋት ካብቲ መረዳእታ ስብስባት ተኣልዮም እዮም።

ሲ.ኣይ.ኣር እዞም ሞዴላት ብትግርኛን ብኣፋን ኦሮሞ ብዘይምንባሮም ምኽንያት እዚ ሂደት ብኣምሓርኛን ብእንግሊዝኛ ቋንቋ ዝተፅሃፉ ዘረባታት ምፍላይ ቀሊል ክሸውን ይኽእል እዩ።

### 3.5.1 ትርጉም ሃበሬታ

ትርጉም ፕሮቶኮሉ ብምጥቃም ልምዲ ዘለዎም ናይ ሲ.ኣይ.ኣር ተርጓሚታት 17,082 ርዕዮታት ተርጊሞም እዮም (ተወሳኺ 7.3 ይርአዩ)። ናይ ጉጅለ ኣባላት ናይ ቋንቋ ብቕዓት ኣብቲ መፅናዕቲ ውሽጢ ዝተካተቱ ኣርባዕተ ቋንቋታት ዘጠቓለለ እዩ - ኣፋን ኦሮሞ፣ አምሓርኛ፣ ትግርኛን እንግሊዝኛን። ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ብዝዛረቡ ናይ ጉጅለ ኣባላት ሞንጎ ቅንፅነት ቁልፊ እዩ ነይሩ።

እዚ ንምርግጋፅ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር ሃሳባዊ ማዕቀፍ ናይ ፅልዒ ዘረባን፣ ፅላማታትን፣ ዓይነታቱን ዓውድታቱን ንምልላይ ንፁር መግለፂታት ይሁብ። (ክፍሊ 3.1 ይርአዩ) እቲ ፕሮቶኮል ሃሳባዊ ማዕቀፍ ብሸመይ ከምዝትርጎም ዘርእይ አብነታት ሂዙ እዩ።

ዶካኖ (Doccano) ዝተብሃለ መተግበሪ ብምጥቃም ተርጎምቲ ንርኢቶኦም ብዓላማ (ዖታ፣ ሃይማኖት፣ ዓሌት፣ ስንክልና፣ ብዓይነትን ብዓውድን (ክፍሊ 3.1 ይርአዩ) ከፋፊሎም እዮም። እቶም ምድባት ምሉእ ብምሉእ ዝተፈላለዩ ኣይነበሩን። ማለትም ሃደ ናይ ፀላኢ ዘረባ ንኣብነት ለግፅን ምፍርራሕን ክምደብ ይክእሉ።

## 3.6 ዓውደ መፅናዕትታት

ሲ.ኣይ.ኣር እ.ኤ.ኣ ኣብ ነሓሰን ሕዳርን 2024 ከምኡ እውን ኣብ ጥሪ 2025 ምስ ባዓል ድርሻ አካላት ብኢንተርኔትን ብኣካልን ተኸታታሊ ዓውደ መፅናዕትን ኣኼባታትን አብ አዲስ አበባ ኣካሂዱ እዩ። እቶም ኣኼባታትን ናይ መጀመርታ ርክበታትን ሂሳባትን ንምክፋልን ንምዝታውን ዘክእሉ እንተኾኑ ጠቀምቲ ዝኾኑ ምክረ ሀሳባት ንምድህሳስ መድረኽ ዝፈጠሩ እዮም።

ተሳተፍቲ ናይቲ መፅናዕቲ 60% ደቂ ኣንስትዮ 40% ደቂ ተባዕትዮን፤ ከምኡውን እቶም ውልቀሰባት ድማ መሰል ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን፣ ዖታ መሰረተ ዝገበረ ዓመፅ (ኣብ ኢንተርኔት ከምኡውን ካብ ኢንተርኔት ወፃኢ) ከምኡውን ድህንነት ኢንተርኔት ወሲኩ ዝተፈላለዩ ሰብኣዊ መሰላት ጉዳያትን ኣልዒሎም።

ሲ.ኣይ.ኣር ብቲ ብርዕሰ ጉዳዩ ምስ ፍልጠት ዘለዎም በዓል ሞያታት (ክእለታት) ንምምያጥ ከምኡውን ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ከመይ ምርመራ ምግባርን መልሲ ምሃብ ከምዝከአል ንምፍላጥ ደልዩ ነይሩ። ኣብቲ ዓውደ መፅናዕቲ ዝተሳተፉ ውልቀሰባት መንነቶም ንምህላዉ ክበሃል ሽሞም ከይግለፅ ተገይሩ እዩ።

## 3.7 ድሩትነት (ውስንነት)

ብዝተከኣለ መጠን ሲ.ኣይ.ኣር ናይ አሰራርሃ ሂደትን ውስንነትን ንምቕናስ ስጉምቲ ወሲዱ እዩ። ይኹን እምበር ካብዚ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ በርካታ ናይ ግብዓት፣ ዓውድን ናይ ውፅኢት ድሩትነት ኣብ ግምት ክኣትው ይግበኦም።

ቋንቋታት

ኣብ ኢትዮጲያ ውሽጢ ልዕሊ 80 ቋንቋታት ይዝረቡ። ኩሎም እዞም ቋንቋታት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝተወከሉ እኳ እንተዘይኮኖም ብሰንኪ ብገንዘብን ብጊዜ ውስንነትን ነዚ መፅናዕቲ ኣርባዕተ ቋንቋታት ምምራፅ ጥራይ እዩ ተኻኢሉ። በዚ ምኽንያት እውን ኣብ ማሕበራዊ መራኮብታት ብሰፊሁ ዝዝረቡ ኣርባዕተ ቋንቋታት ማለት ኣምሓርኛ፣ ኣፉን ኦሮሞ፣ ትግርኛን እንግሊዝኛን ቋንቋታት ተመሪፆም እዮም።

በዚ ድማ እዞም ርኽበታት ኣብ ማሕበራዊ መራኸብቲታት ናይ ኣርባዕቲኡ ቋንቋታት ናሙና ዝውክሉ እዮም። እዚ ኮይኑ ተሎ ነቲ መፅናዕቲ ብኣርባዕተ ቋንቋታት ንምክያድ ፀጋታትን ቋንቋታት፣ ዓውደ ፅሁፍን ናይ ማሕበራዊ ሚዲያ ትንተና ኣጠንቂቆም ዝፈልጡ ተመራመርቲ ኣድልዩ እዩ። ኣብ መፃኢ ፅንዓታት ብዝተፈላለዩ ቋንቋታትን ተመሳሳሊ ፅንዓታትን ንምክያድ ሲ.ኣይ.ኣር ናይ ፅንዓት መንገዲ ክኽተሉ ይኽእሉ እዮም።

ምእካብ መረዳእታ

ሲ.ኣይ.ኣር ንኹሎም ማሕበራዊ መራኸብታት ደንብታትን (ውዕላትን) ቅጥዕታትን ንምኽባር ንኹሎም ማሕበራዊ መራኸብታት ዝተፈላለዩ ናይ መረዳእታ መሰብሰቢ ሜላ ተጠቒሙ እዩ። እዚ ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ ካብ ነፍሲ ወከፍ ዳታ ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም መረዳእታት ንኽስብሰብ ጌሩ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ዩትዩብን ቲክቶክን ዘለዉ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ከነፃፅር ኣይከኣለን። እኳድኣስ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መድረኻት ዘለዉ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዓይነትን ዓውድን ምውድዳር ተኻኢሉ እዩ።

ብመጀመሪያ ናይ ቲክቶክ መረዳእታ ኣብ ምእካብ ሰዓት ብትግርኛ ቋንቋ ካብቶም ካልኦት 3 ቋንቋታት ዝነኣሰ ርእዮታት ተኣኺቡ። ሲ.ኣይ.ኣር ካብ ኩሉ ቋንቋታት ማዕረ ናሙና ስለዝወሰደ ኣብ ናይ ትግርኛ ቋንቋ ውክልና ተፅዕኖ ኣየሕደረን። ናይ ትግርኛ ቋንቋ ርእይቶታት ዘይምብዝሖም ምናልባት ብቲክቶክ ዘሎ ወቕታዊ ትሕዝቶ ከንፀባርቕ

ይኽእል። ምኽንያቱ ኣብ ዩቲዩብ መረዳእታ ምእካብ ጊዜ ኣዝዩ ኣይተስተወዓለን። ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ተሳተፍቲ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ኣብ ትግራይ ክልል ዘሎ ውስን ናይ ኢንተርኔት ኣቕርቦትን ዝነኣሰ መሰረተ ልምዓት ፣ ቲክቶክ ድማ ልዑል ዝኾነ ናይ ኢንተርኔት ኣቕርቦት ዝደሊ ምዃኑን ገሊፆም። እዞም ረኽብታት ምስ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ መፅናዕቲ ንምንፃፅር ኣብ ቲክቶክን የቲዩብን ዘለዉ ተንቀሳቐስቲ ምስልታት ዝተወሃቡ ርእይቶታት ፅሑፋዊ ትንታነ ተኻይዱ እዩ። ሲ.ኣይ.ኣር እቲ ተጠቃሚ ዘካፍሎ ናይ ትሕዝቶ ዓይነታት ንምውሳን ነፍሲ ወከፍ ቻናል ገምጊሙ ነፍሲ ወከፍ ተንቀሳቓስቲ ምስሊ ንምትንታን እኹል ጊዜ ብዘይምንባሩ ሙሉእ ናይ  ተንቀሳቓሲ ምስሊ ትንተና ምግባር ኣይተኻኣለን። ንቐፃሊ ኣብ ዝግበሩ ፅንዓታት ብቪድዮታት ዘለዉ ትሕዝቶታት ብባዕሎም ከፅንዑ ይኽእሉ።

ምድላው ሓበሬታ

ቅድሚ ካብቲ ዳታ ናሙና ምውሳዱ ሲ.ኣይ.ኣር ዝሰልጠነ ማሽን ለርኒንግ ሞዴል (Machine Learning Model) ብምጥቓም "ፅልኢ ኣይኮነን" ተባሂሎም ዝተፈለዩ ልጥፋት (ምስልታት) ኣፃርዩ ብምውፃእ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ንምርካብ ዕድል ኣስፊሑ (ፈጢሩ)። እዞም ዝሰልጠኑ ማሽናት ብትግርኛን ብኦሮምኛን ብዘይምህላዎም ምኽንያት እዚ መስርሕ ምድላው በኣምሓርኛን ብእንግሊዝኛን ጥራይ ተገይሩ እዩ።

ኮይኑ ግን በዞም ቋንቋታት ዝተተርጎመ ናይ  ሲ.ኣይ.ኣር መረዳእታ እኩብ ናይ ማሽን ለርኒንግ ንቀፃላይ ፅንዓታት ንምስልጣን ኣብ ጥቕሚ ከውዕል እዩ። ብተወሳኺ እዞም ሞዴላት ኣብ ማሕበራዊ መራኸብታት ውሽጢ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ብባዕሎም ምፍላይ ዓቕሚ ስለዘለዎም  ንማሕበራዊ ሚዲያ ትሕዝቶ ቁፅፅር በዞም ቋንቋታት ናይ ፅልኢ ዘረባታት ከምዝቕንስ ምግባር ይከኣል።

ናይ ፅልኢ ዘርባታት መዐቀንታት ምምላእ

ናይቲ መረዳእታ ተኣማኒንት ንምሕላዉ ተባሂሉ ናይ ትርጉም ፕሮቶኮል ብፅኑዕ ብምፍፃሙ ምኽንያት ሓደሓደ ጎዳእቲ ዝኾኑ ትሕዝቶታት  ፅልኢ ዘረባ ዘይከምፁ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት ብዙሕ ምስልታት ፀርፊ ዝሓዙ እንተኾኑም ግና ከኣ ብግልፂ ተፈሊዩ ዘይፍለጥ ዓላማ ስለዘይብሎም ካብቲ መረዳእታ ወፃኢ ኮይኖም እዮም። ናይ ቀፃሊ መፅናዕታት እዞም ጎዳእቲ ትሕዝቶታት ኣፅኒዖም ብኢንተርኔት ካብ ዘለዉ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ብሰፊሑ መረዳእታ ክህሉ ይኽእሉ።

ብተወሳኺ ተመራመርቲ ኣብ መድረኻት ማሕበራዊ ሚድያ ልዑል ደረጃ ፖለቲካዊ ናይ ፅልኢ ዘረባ ክዝረብ ተዓዚቦም እዮም። ይኹን እምበር እዞም መደረታት ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ትርጉም ወፃኢ ስለዝኾኑ ኣብቲ መፅናዕቲ ኣይተኻተቱን። ብተመሳሳሊ ኢሳት፦ " ናይ ኦሮሞ ህዝቢ ቁፅሪ 1 ፀላኢ እዩ።" ዝብሉን ዝመሳሰሉን ትካላት ሚዲያ ዒላማ ዝገበሩ ፅሑፋት ብበዝሒ ዝረኣዩ እኳ እንተነበሩ ዕላምኦም ውልቀሰብ ስለዘይኾነን መዐቀንታት ናይ ፅልኢ ዘረባ ስለዘየማልኡን ኣብቲ መፅናዕቲ ኣይተኻተቱን።

ናይ ቋንቋ ምድርራብ

ድርብ ትርጉም ቃላት ንፅልኢ ዘረባ ንምትርጓም ዝግበር ፃዕሪ ዝተሓላለኸ እዩ። ንኣብነት ኣብ እንግሊዝኛ "Bitch" ዝብል ቃል ፆታዊ ፀርፊ ተባሂሉ ዝፍለጥ እኳ እንተኾነ ሓደ ሓደ ግዜ ግን ከም "Go Bitch" ዝኣመሰሉ ሓረጋት ግና ብኣወንታዊ መልክዕ ክጥቀምሉ ይኽእሉ። እዞም ነገራት እዚኦም ኣገዳስነት ዓውደ ፅሑፍን ተገዳስነት ፍልጠት ተርጎምትን ሓበሬታን ዘርእዩ እዮም።

ጠቐምቲ ሓበሬታታትን ምፍላይን ፅልዋ ዲያስፖራን

ምእካብ መረዳእታት ቲክቶክ ካብ ናይ ኢትዮጵያ ኣካውንት ጥራሕ ዝመፅእ እዩ። እንተኾነም እዞም ፀብፃባት " ኢትዮጵያውያን" ተባሂሎም ይግለፁ እኳ እንተኾነ፣ ኢትዮጵያውያን ናይ ዳያስፖራ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ሲ.ኣይ.ኣር ነቲ ዳታ ተንቲኑ ካብቲ ዝተረኸበ  ናይ ዳያስፖራ ኣካውንት ኣወጊዱ እዩ። እዚ ብፍላይ ኣብ ትሕዝቶ ቋንቋ እንግሊዝኛ ጎሊሁ የረኣይ ነይሩ። ብመሰረት እቲ መረዳእታ መብዛሕቲኦም ተፅዕኖ ፈጠርቲ ኣብ ኣሜሪካ፣ ካናዳን ፈረንሳይን ይርከቡ። ምክንያቱም መብዛሕቲኦም ኣብ ፖለቲካዊ ኩነታት እዘን ሀገራት ርእይቶኦም ይህቡ።

ንኣብነት ኣሜሪካዊት ኮሜዲያን ካቲ ግሪፊን ብኣምሳል ዶናልድ ትራምፕ ዝተሰርሐ ርእሰ ሒዛ ዝተለዓለቶ ፎቶ ርእይቶታት ይህቡ ነይሮም። ብተመሳሳሊ ብበዝሒ ካብቶም ርእይቶታት ነቲ ፍሉጥ ኣሜሪካዊ ፖለቲካዊ ተፅዕኖ ፈጣሪ ሃሪ ሲሰን ዝጠቐሱ እንትኾኑ እዚ ድማ ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያዊያን ኣሜሪካውያንን ተፅዕኖ ፈጠርቲ ፅቡቕ መድረኽ ከም ዘሎ ዘርእይ እዩ። ሲ.ኣይ.ኣር ነቲ ዳታ ኣፃርዩ ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣወጊዱ እዩ። ትራምፕ፣ ዋልዝ፣ ሃሪ፣ ጆዲ፣ ቫንስ፣ ቪቬክ፣ ዲሞክራትን "Democrats"። እዞም ቃላት ነቲ ሓበሬታታት ጥቕሚ ንምምሕይያሽ ተኣልዮም እዮም።

---

# 4 ውፅኢትን ዘተን

እዚ መፅናዕቲ ሲ.ኣይ.ኣር ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝሰርሖ መፅናዕቲ ናብ ክልተ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት ከም ዩትዩብን ቲክቶክን ብምስፋሕ ኣብ ኢትዮጵያ ብቴክኖሎጂ ሐገዝ መሰረት ዝግበሩ ጥቕዓታት ዙርያ ዘለዉ ግንዛቤታት ንምጥንካር ዝዓለመ እዩ። እዚ መፅናዕቲ ኣብ ቅድሚ ሕጂ ሲ.ኣይ.ኣር ካብ ዝገበሮ መፅናዕቲ ብምብጋስ ኣብ ደቂ ኣንስትዮን፣ ኣዋልድን ዝቐንዐ ናይ ፅልኢ ዘረባ እንታይነትን ዓውድን ይምርምር። ንኣብነት ኣፀያፊ፣ ኣብ ዙርያ ስርዓተ ፆታ ዝተሰሓሓቱ ኣመለኻኽታ ዝሓዙ፣ ባእሲ፣ ምልጋፅ። ብተመሳሳሊ ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዝበፅሕ በደላት ካብ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዘነፃፅሩ ጥቕዓታት ኣወዳዲሩ እዩ።

ሲ.ኣይ.ኣር ብተወሳኺ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ብፆትኦን ጥራሕ ዘይኮነስ ከም ብሔር፣ ሃይማኖት ዝመሳሰሉ ሓለዋ ዝረኸቡ መንነታት ጥቕዓት ክበፅሖ ከሎ ዘለዎ ፍልልይ መርሚሩ እዩ። (ክፍሊ 4.4 ይርኣዩ) ኣብቲ መረዳእታ ካልኦት ናይ ፅልኢ ዒላማታት ብምእታው፣ ሲ.ኣይ.ኣር ጥቕዓት ኣብ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ክበፅሕ ከሎ ወይ ድማ ብውልቀሰባት ብሔር፣ ሃይማኖት፣ ዘርኢ ክብፅሕን ከመይ ከምዝግለፅ ምውድዳር ክኢሉ እዩ። (ክፍሊ 4.5) ብተወሳኺ ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ትሕዝቶ (ክፍሊ 4.6) ኣብ ዝገበሮ መፅናዕቲ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዝተፈለየ መጥቓዕቲ ከምዘይበፀሑን ተመልኪቱ እዩ።

ኣብቲ ዓውደ መፅናዕቲ ተሳተፍቲ ምስ ቲክቶክን ዩትዩብን ዝነበሮም ተሞክሮን ፍሉይ ባህሪ ናይቶም ንፅልኢ ዘረባ ዝሸፍቱ መድረኻት ገሊፆም። ውፅኢት እዞም መፅናዕቲታት ቅድሚ ምግላፆም እዞም ፍሉያት ባህርያት ብኸምዚ ዝስዕብ ተገሊፆም ኣለዉ (ክፍሊ 4.1)። ሲ.ኣይ.ኣር ካብቲ ኣቐዲሙ ዝገበሮ መፅናዕቲ ዝተረኸቡ ግንዛቤታትን ከምኡውን ብቓለ መሕተትን፣ ዘተን፣ ዓውደ መፅናዕቲን ዝተረኸበ ርድኢት ነቲ ትንታን ዕምቆት ወሲኹሉ እዩ። እዚ ዝስዕብ መረዳእታ ኣብ ዓይነታት ናይ ፅልኢ ዘረባ ትኹረት ንምግባር ከም ዝምቹ ብመጠናት ሚእታዊ ይገልፅ።

## 4.1 መድረኻት

ኣብ ዝተገበሩ ዓውደ መፅናዕትታት ኣብ ሞንጎ ቲክቶክን ዩትዩብን ዝበፀሑ መጥቓዕትታት ፍልልይ ከምዘሎን፣ ነዞም ፍልልያት ምኽንያት ጠቐሞም እዮም። ከም ዝስዕብ ዝቐረቡ ሓሳባት ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ተሳተፍቲ እንተኾኑ፣ ሲ.ኣይ.ኣር ብግሊ ዘረጋገፆም ግን ኣይኮኑን።

እቶም ተሳተፍቲ ከምዝገለፅዎ ቲክቶክ ባእሲ ዘጋድድ ስርሒት እንትህልዎ፣ ዩትዩብ ድማ ፖለቲካዊ ዝኾኑ፣ ብሔርን ፆታን ዝነኻኽኡ ጥቕዓታት ከምዘስተኣናግድ ገሊፆም። ኣብ ትሕዝቶ ቁፅፅር ዘለዎ እምነት ምስኣን፣ ኣብ ቀረባ ካብ ዝተገበሩ ናይ ቁፅፅር ፖሊሲታትን ለውጥታትን ኣብ ሞንጎ መድረኻት ዘለዉ ትሕዝቶ ሽግግር ጥቕዓታት ጠጠው ንምባል ንደቂ ኣንስትዮን ካልኦት ዝተገለሉ ጉጅለታት ደሕንነቱ ዝተሓለወ ናይ ኢንተርኔት መድረኽ ንምፍጣር ኣብ

ኹሉ መዳያዊ መድረኻት ዘነፃፀረ ስጉምትታት ከምዘድሊ መርኣዩ እዩ። ንናይ ፅልኢ ዘረባታት ንምክልኻል ዝሕግዝ መምርሕታት እንተሃለዉ ኣተገባብርኦም ግና ድኹም እዩ። ካብ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት ጥንክር ዝበለ ስጉምቲ ክውሰድ ትፅቢት ይግበር።

### 4.1.1 ቲክቶክ

ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ ኣብ ቲክቶክ ዝርገሐ ናይ ፅልኢ ዘረባታትን ጎዳኢ ትሕዝቶን ስግኣት ከምዘለዎም ሓቢሮም። ቲክቶክ ካብ ዝኾነ ማሕበራዊ መራኸብታት ንላዕሊ ብዝበለፀ ናይ ፅልኢ ዘረባታትን ምፍርራሓትን ከምዘተኣናግድ ተረዲኦም። ቲክቶክ ብደቂ ኣንስትዮን ብተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ዘለዎ ተፈላጥነት ኣብ ግምት ብምእታው እቶም ተሳተፍቲ በዚ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኽ ዝግበሩ ጥቕዓታት ካብ ካልኦት ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት ክነፃፀር ከሎ ብቐጥታ ነቲ ውልቀሰብ ከምዘጥቕዕ ኣመልኪቱ።

ናይ ቲክቶክ ስርሒት ኣብ ሞንጎ ተፃራሪ ሓሳባት ዘለዉ ክፍተታት ይውስኽ

ቲክቶክ ኣብ ኢትዮጵያ ኣዚዮም ኣካታዕቲ ዝኾኑ ሓሳባት ዘተኣናግድ መድረኽ እዩ። ብኢድ በዓልሞያ ብዝተኸናወኑ መረዳእታት ምትርጓም ጊዜ ሲ.ኣይ.ኣር “ኣንቲ ንግስቲ ” ከምኡውን “በርትዒ ጎበዝ” ዝኣመሰሉ ናይ አዎንታን ዕርክነትን ትሕዝቶ ዘለዎም ምትእስሳራት ኣስተውዒሉ እዩ። ኣብዚ መድረኽ ግልፂ ላይ ፅልኢ ዘረባታት ይረኣዩ። ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ተሳተፍቲ እውን ናይ ቲክቶክ መድረኽ ነዞም ኣዝዮም ተገራጨውቲ ሓሳባት ዘተኣናግድ ንሰዓብቱ ንምስሓብ ምኽኑ ገሊፆም። ብዙሓት ናይ ቲክቶክ ምስሊ ሰራሕቲ ናይ ሰዓብቶም ቁፅሪ ንምብዛሕ፣ ትኹረት ዝስሕብን ኣካታዕን አወዛጋግብን ትሕዝቶ ይመርፁ። እዚ ድማ ነቲ ኣሉታዊ ባህሪ ናይቲ ማሕበራዊ ሚድያ መራኸብታት የጋድድ። በዚ ድማ ተሳተፍቲ እዚ መፅናዕቲ ናይ ቲክቶክ ትሕዝቶ ፈጠርቲ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ኣዝዮም ኣካታዕትን ኣፀየፍትን ሓሳባት እናወሰኹ ይመፁ ከምዘለውን፣ ትሕዝቶኦምን ርእይቶታትን እውን ብሰፊሑ ተቐባልነት ይረኽቡ ከምዘለዉ ተሰሚዕዎም፣ ንኣብነት መብዛሕቲኡ ጊዜ እቲ ትሕዝቶ ንደቂ ተባዕትዮን ንደቂ ኣንስትዮን ብምውድዳር ዘይግባእ ንፅፅር የጠንክሩ እዮም። ብተወሳኺ ናይ ቐልዲ ትሕዝቶ ዘለዎም ምስልታት ብኣብዝሓ ጊዜ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ናብ ዘይተገብአ ኣድልኣዊ ኣመለኻኽታታት የስፋሕፍሑ እዮም። ብሓፈሻ እቶም ተሳተፍቲ ናይ ቲክቶክ ትሕዝቶ ስነ ህይወት ምክፍፋልን ሓድነትን ዘበረታትዕ እዩ ኢሎም ይምልከትዎ። እዚ ኣብ ልዕሊ ውልቀሰብ ንዝግበር ጥቕዓታትን ናይ ኢንተርኔት ፅልኢ ዘርባታትን የበኣእሱ።

### 4.1.2 ዩትዩብ

ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ ዩትዩብ ብዝበለፀ ኣብ ልዕሊ ተፈለጥቲ ሰባት ዝተሰሓሓቱን፣ ናይ ሓሶት ሓበሬታን ናይ ፅልኢ ጎስጓሳትን ከምዘተአናግድ ገሊፆም። ናይ ዩትዩብ ትሕዝቶ ብኣብዝሓ ጊዜ ኣብ ተፈለጥቲ ውልቀሰባት ፖለቲካዊ ዛዕባታት ብምቕፅፃል ዝበፅሖም ጥቕዓታት ከምዘበኣእስ ጠቒሞም።

ብዝበለፀ ዩትዩብ ፖለቲካዊ፣ ብሔራዊን ፆታዊን ፅልኢታት የተኣናግድ

ብሓፈሻ ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ዩትዩብ ፖለቲካዊ፣ ብሔራዊን ፆታዊን ፅልኢታት ኣስተውዒሉ እዩ። እቲ ፅልኣት እውን ካብ ካልኦት ናይ ማሕበራዊ መራኸብታት ብዝበለፀ ናይ ምፍርራሕን ባእሲ ቀስቀስትን እዮም። ተሳተፍቲ ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ፣ ዩትዩብ ነዊሕ ተንቀሳቓሽቲ ምስልታት ናይ ምትእንጋድ ዓቕሙ፣ ዓሙቕ ሓሳባት ንኽልዓልን፣ ከምኡውን ሰፊሕ ዘተ ንምግባር እንተኽኣለም ናብ ዝሸፍአ ሓደገኛ ጥቕዓታት ከምዚጋልፅ ጠቒሶም። ናይ ፖለቲካ ትሕዝቶ ዘለዎም ዘተታት ምብዛሕ ዓሚቕን ሱር ዝሰደደን ናይ ዘርእን ፆታን ኣተሓሳስባታት ተመሊሶም ንክመፁ ይገብር። ንኣብነት ሲ.ኣይ.ኣር ፖለቲካ ማእኸል ዝገበረ ናይ ብሔርን ፆታን ጥቕዓት ከም አብይ አሕመድ፣ ሽመልስ አብዲሳ፣ ከምኡውን ቤቲ "ቤቲ ሾው" ን አዳነች አቤቤን ዝመሳሰሉ ኣብ ተፈለጥቲ ሰባት ረኺቡ እዩ።

ነቶም ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ ካብ ዝቐረበሎም ሕቶታት ንምንታይ ዩትዩብ ብልዑል ደረጃ ጥቕዓት ከምዘስተኣናግድ ካብ ዝሃብዎ መልሲ ኣብ ዩትዩብ ዝቐርቡ ቐስቀስትን ዝተሰሓሓቱ መረዳእታታት ስምዒት ዝነኽኡ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ኣረዲኦም።

### 4.1.3 ኣጠቓቕማ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት

ተበፃሕነት ማሕበራዊ ሚዲያ ኣብ ኹሉ ኸባብታት ማዕረ ኣይኮነን። እዚ እውን ኣብ ሞንጎ ገጠርን ከተማን ዘሎ ናይ ተበፃሕነት ፍልልይ ብዝበለፀ ብቲክቶክን ዩትዮብን ኣጠቓቕማ ጎሊሁ ይረአ። ምኽንያቱም ንቲክቶክን ዩትዮብን ዘድልዮ ዝለዓለ ናይ ኢንተርኔት ዳታ ኣቕርቦት አስተዋፅዖ ከምዘለዎ ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ተሳተፍቲ ሓቢሮም። ብተወሳኺ፣ ኣብ ገለ ገለ ኸባብታት ሃገርና ካብ ጎንፂ ዝሓወዩ ኸባብታት ናይ ኢንተርኔት አገልግሎት ምቑራፅን ናይ ኢንተርኔት መሰረተ ልምዓት ምብልሻውን ናይቲ ማሕበራዊ ሚዲያ ተበፃሕነት ብዝበለፀ ይግደብ።

### 4.1.4 ናይ ትሕዝቶ ቁፅፅር

ኣብቲ ዓውደ መፅናዕቲ 93% ካብ ቲክቶክ 87% ካብ ዩትዩብ ተጠቀምቲ ናይ ስርዓተ ፆታ መሰረት ዝገበረ ፅልኢ ዘረባታት ምርኣዮም እንተገልፁ ካብኣቶም ግን እቶም 47% ን 40% ጥራሕ ሪፖርት ጌሮም። እቶም ዝተረፉ ምንም ዓይነት ስጉምቲ ከምዘይወሰዱን ንኣዕርኽቶም ከምዝነገርዎምን ገሊፆም። ኣብ ኣግባብ ጥርዖንን ብዝተመሓየሹ ናይ ትሕዝቶ ቑፅፅራት ኣብ ዝተገበረ ዘተ ከም ዝስዕብ ጭብጥታት ኣልዒሎም። ውፅኢታዊ ዘይኮነ ናይ ትሕዝቶ ቁፅፅር ፣ እምነት ምስኣን፣ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ናይ ስነ-ምግባር ቦታ እንዳቐነሰ ምምፃእን ካብ ሓደ ማሕበራዊ ሚድያ መድረኽ ናብ ካልእ ኣብ ዝካየድ ትሕዝቶ ዋሕዚ ፅልዋን እዮም።

ውፅኢታዊ ዘይኮነ ናይ ትሕዝቶ ቁፅፅር ምስዓብ ዘይምትእምማን

ኣብቲ ዓውደ መፅናዕቲ ተደጋጋሚ ስግኣት ዝፈጥር ዝነበረ ነገር ኣብ ቲክቶክን ዩትዮብን ዘለዉ ናይ ትሕዝቶ ቁፅፅር ውፅኢታዊ ዘይምዃን እዩ። ብኣብዝሓ ተሳተፍቲ ሪፖርት ዝገበርዎም ቪድዮታት ካብ ኢንተርኔት ከምዘይተኣለዩን ሓደ ሓደ ተሳተፍቲ እውን ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት ስጉምቲ ብዘይምውሳዱ ብምብስጫዎም ብኣጠቓላሊ ሪፖርት ምግባር ከምዘቋረፁ ገሊፆም። እቶም ጎዳኢ ትሕዝቶታት ሪፖርት ዝገብሩ ዝነበሩ እውን ተስፋ እንዳቖረፁ መፂኦም እዮም። ሓደ ተሳታፊ ንሲ.ኣይ.ኣር ካብ ዝሃቦ ሓበሬታ ናይ ቲክቶክ ኣካውንት ካልእ ተጠቃሚ ናቱ ኣምሲሉ ብምውፅኡ ንቲክቶክ ሪፖርት እንተገበረ እኳ መምርሒ ኣይተወሃበን ዝብል መልሲ እዩ ተዋሂብዎም። እቲ ናይ ሓሶት ኣካውንት እውን እዚ ዓውደ መፅናዕቲ ክሳብ ተገበረሉ ኣ.ኣ ጥሪ 2025 ኣይተኣገደን (ኣይተኸልኸለን)።

ብዙሓት ተሳትፍቲ ኣብ ቲክቶክ ናይ ጥቕዓትን ናይ ፆታዊ ርክብ ትሕዝቶ ዘለዎን ሪፖርት ዋላ እኳ እንተገበሩ ዝተወሃቦም መልሲ ግን እቲ ሪፖርት ዝተገበረ ትሕዝቶ ናይ ቲክቶክ መምርሒታት ዝጥሕስ ኣይኮነን እዩ። እቶም ተሳተፍቲ እውን እዚ መልሲ እኹል ከምዘይኮነን ኣብ ፖሊሲ ወይ ኣሰራርሓ ገምጋም ትሕዝቶ ርኡይ ክፍተት ከምዘሎን እውን ሓቢሮም። ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ተሳተፍቲ እውን ከምዝገለፅዎ ፣ እዞም መድረኽ ማሕበራዊ መራኸብታት ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኢትዮጵያ ዝሓዙ ቪድዮታት ንምግምጋም ግቡእ መሳርሒ ወይከዓ ሰብ ሓይሊ ከምዘይብሎም ገሊፆም። እዚ ድማ ኣብ ትሕዝቶ ገምጋም እምነት ምስኣን ኣስዒቡ እዩ።

ካብ ሓደ ማሕበራዊ መራኸቢታት ናብ ካልእ መርበብ ሓበሬታ ዝካየድ ናይ ትሕዝቶ ምዝርጋሕ ዘለዎ ፅልዋ

ብዝተፈላለየ አስራርሓኦም ምኽንያት ነፍሲ ወከፍ ናይ ማሕበራዊ ሚዲያ መራኸብታት ነፃፊልካ ምርኣይ ኣድላይ እንተኾነ፣ ተሳተፍቲ ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ግን ካብ ሓደ ማሕበራዊ መራኸቢ ናብ ካልእ መርበብ ሓበሬታ እንዳተሰራጨው ዝመፁ ናይ ፅልኢ ብዝምልከት ስግኣታቶም ሓቢሮም። ኣብ ቲክቶን ዩትዮብን ዝመፁ ጎዳእቲ ትሕዝቶታት ከም ኤክስ፣ ቴሌግራም፣ ኢንስታግራም፣ ፌስቡክ ዘለዉ ናይ ማሕበራዊ መርበባት ሓበሬታ ብቐሊሉ

ክከፋፈሉ ይኽእሉ። እዚ እውን ዝተፈላለዩ ናይ ማሕበራዊ ሚዲያ መራኸብታት ትሕዝቶ ገምጋም ውፅኢታዊነት ይቕንስ። እዚ እውን ኹሉ መዳይ ዝኾነ ኅዳእቲ ትሕዝቶታት ዝቖፃፀር አሰራርሓ ክዝርጋሕ ከምዘለዎ የመልክት።

ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዝቖፃፀሩ ናይ ማሕበራዊ ሚዲያ መራኸብታት መምርሕታት እንተሃለዎም፣ ኣተገባብርኦም ግና እኹል ኣይኮነን። ስለዚ ናይ ማሕበራዊ ሚዲያ መራኸብታት ተጠቀምቲ ብፍላይ ከኣ ደቂ ኣንስተዮ ዝተገለሉ ማሕበረሰባትን ንምሕላዉ ጥንክር ዝበሉ መምርሕታት ክውሰዱ ይግባእ።

ናይ ትሕዝቶ ቑፅፅር ለውጥታት

ኣብ ፖሊሲታት ምግምጋም ትሕዝቶ ኤክስን ሜታን ዝተገበረ ለውጢታት ፣ ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ተሳተፍቲ ስለቐፃሊ ኹነታት ስግኣት ክሓድሮም ጌሩ እዩ። ንኣብነት :- ኤክስ ብ ኤ.አ ብጥቅምቲ 2022 ምስተሸጠ ናይ ትሕዝቶ ገምጋም ምቕናስን ብነፃነት ናይ ምዝራብ መሰል ዘተኮረ ስራሕትታት ሰሪሑ እዩ። ከምኡውን ሜታ ብ ኤ.አ ጥሪ 2025 ናይ ሳልሳይ ወገን ምርግጋፅ ሓቂ ኣውፂኡ። እዚ ማለት እተን ድሕሪ ገፅታት አውቶማቲክ ዝኾነ ትሕዝቶ መቆፃፀርታት ይጥቀማ። እዚ እውን ብቛንቋታት ደቂ ሰባት ከም ኣምሓርኛ ፣ ኣፋን ኦሮሞን ትግርኛን ቛንቋታት ዝልጠፉ ትሕዝቶታት ናይ ምቑፅፃር ውፅኢት ንእሽተይ እዩ። ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ተሳተፍቲ እውን ቲክቶክን ዩትዩብን ናይ ኤክስን ሜታን ኣግባብ ክይከታተሉ ስክፍትኦም ገሊፆም። እዚ እውን ካብ ሓደ ናይ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረክ ናብ ካልእ ናይ ትሕዝቶ ዝውውር እንተዘይሃለዎ እኳ ብንእሽተይ ግን ናይ ዩትዩብን ቲክቶክን ተፅዕኖታት ክህልው ይኽእሉ።

እዚ ለውጢ መሰረት ዝገበሮ ናይ ምዝራብ መሰል የበረታትዕ እዩ እንተተበሃለ፣ ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ተሳተፍቲ ግን እዚ ለውጢ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ናይ ሓሳብ ተፃራርነት ምውሳኽን ሓበሬታታት ምስፍሕፋሕ ከምዘኽትል ገሊፆም። እዞም ስግኣታት ዘሕድሩ እቶም ዓውደ መፅናዕቲ ተሳተፍቲ ጥራይ ዘይኮነስ ብደረጃ ዓለም ብዙሓት ሪኢቶ ወሃብቲ ተመሳሳሊ ሓሳባት ኣንፀባሪቖም እዮም። እዚ መፅናዕቲ እዚ ብፍላይ ዘርእዮ ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ዘሎ ናይ ትሕዝቶ ቑፅፅር ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ዘለዉ ደቂ ኣንስተዮን ኣዋልድን ከምኡውን ካልኦት ሓይልታት ደሕንነቶም ምሕላዉ ከምዘይተኸኣለ እዩ።

## 4.2 ንደቂ ኣንስተዮን ኣዋልድን ዒላማ ዝገበረ ፆታ መሰረት ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባታት

እዚ መፅናዕቲ ደቂ ኣንስተዮን ኣዋልድን ኣብ ማሕበራዊ መራኸብታት ብሓፈሻ ኣብ ኢንተርኔት ብኸመይ ናይ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባታት ዒላማ ከምዝኾና ዘርኢ እዩ። ክብረተንን ሰብኣውነተንን ዝነኽኡን ከምኡውን ኣተሓሳስብአን ኣብ ማሕበረሰብ ውሽጢ ዘለወን ቦታ ወይ ኣካላዊ ጥንካሬአን ዘዋርድ መልእኽትታት ጥቕዓት ገጢምወን እዩ። እቶም ጥቕዓት ኣብፃሕቲ እውን ንደቂ ኣንስተዮን ኣዋልድን ስላቕን ኣሽሙርን ዝመልኦ ዘረባታት ብምጥቓም ንምንእኣስ ይሙክሩ። ምፍርራሕን ዓመፅ ዝመልአ ዘረባታት ብዙሕ እኳ እንተዘይኮነ ኣካላዊ ደሕንነት ደቂ ኣንስተዮ ኣብ ኢንተርኔትን ኮነ ብኣካል ከቢድ ፅልዋ የሕድር እዩ።

ብዩትዩብን ብቲክቶክን ዝረኣዩ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ተመሳሳልነት እንተሃለዎም እኳ፣ ኣብ ትሕዝቶ ናይቲ ፅልኢ ዘረባ ግን ፍልልይ ኣሎ። ብተወሳኺ ምስቲ ሲ.ኣይ.ኣር ቅድሚ ሕጂ ዝገበሮ መፅናዕቲ ክነፃፀር ከሎ ኣብ ፌስቡክ፣ ቴሌግራም፣ ኤክስ፣ የትዩብን ቲክቶክን ዘሎ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ፍልልይ ኣለዎም። እዚ ዘርኣዮ ንደቂ ኣንስተዮን ኣዋልድን ደሕንነቱ ዝተሓለወ ናይ ኢንተርኔት ቁሸት (መንደር) ንምፍጣር ስፍሕ ዝበሉ ስልትታትን ነፍሲ ወከፍ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት ዘማእኸለ ስትራቴጅታት ክሕንፀፅ ከምዘለዎን እዩ።


ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ፆታዊ ጉዳይ ዙርያ ዘለዉ ዝተሰሓሓቱ ኣተሓሳስባታትን ደቂ ኣንስተዮ ምስ ሕብረተሰባዊ ጉዳይ ዝተተሓሓዙ ናይ ፅልኢ ዘረባታትን ወሲኹ ኣብ ዝካየዱ ጥቕዓታት ውሽጢ ቁልፊ ሰነ ሓሳባት ፈልዩ እዩ። ኣብ ኣመራርሓ ይኹን ኣብ ስፖርት ዘለዋ ደቂ ኣንስተዮ ወሲኹ ዝተሰሓሓቱ ናይ ማሕበራዊ ልማዳትን ዝቃወማ ኣጓላት ብፆታዊ ርክብ መንገዲ ምርኣዩን ፣ ክብሪ ምንሳእ፣ ዘይምኽባርን ፀርፊን ገጢምወን እዩ። ፌሚኒዝም እውን

ተደጋጊሙ ዝለዓል ሓሳብ እንተኾን ኣንፃር ባህላዊ ክብርታት ከምዝኾነን እቶም ፌመኒስት እውን ሽሞም ጠፊኡ እዩ።

እዚ ክፍሊ መፅናዕቲ ጎዳኢ ትሕዝቶ ዘለዎም ኣተሓሳስባታት ቅድሚ ምድህሳሱ ብመጀመሪያ ናይ መረዳእታ ውፅኢታት ብዕምቆት ብምፅናዕን ናይ ፅልኣት ዓይነታትን ዓውድታትን ይድህስስ።

### 4.2.1 ዓይነታት ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዒላማ ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባ

እዚ መፅናዕቲ ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዒላማ ዝገበሩ ፍሉይ ዓይነታት ናይ ፅልኢ ዘረባታት ብዕምቆት ኣፅኒዑ እዩ። ኣብዚ ማህደር እዚ ካብ ፀርፊን ምፍርራሕን ጀሚሩ እስካብ ናይ ትሕትነት ስምዒት ወይ ኣነስታዊነት ምስ ኣሉታዊ ባህርያት ምትእስሳርን ዝኣመሰሉ ኣጋሊፁ እዩ። (ዝስዕብ ምስልታት 3 ን 4 ን ይርአዩ።) እዞም ምድባት እዚኦም ኣብ ኢንተርኔት ዝግበር ናይ ስርዓተ ፆታ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባታትን ብዙሕ ሽነካትን ዘለዎ ምኻኑ ዘጉልህ እዩ።





ስእሊ 3፡ ካብቲ ጽሑፋዊ ማዕቀፍን መግለጺ ፕሮቶኮልን ዝተወስደ፡ ንዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ ጽልኢ ዘረባ ዝገልጽ።

ካብቲ ዝተተንተነ ትሕዝቶ 44.9 % ዝኸውን ዝተፈላለዩ መንነት ዝነኸኡ ዘረባታትን ዘካተቱ ፀርፍታት እዮም። እዚ ምድብ ናይ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ክብርታት ንምውራድ ዝዓለመ ናይ ቃላት መጥቐዕታት ዝጠቓለለ እዩ። ብኣብዝሓ ጊዜ ድምፀን ሱቕ ዘብልን ብዘዋርድን ብዝደልዩ ሕማቕን ኣፀያፍን መንገድታት ይቐርቡ። ብኻልኣይ ደረጃ ዝሕዝ ድማ 25.8 % ናይ ትሕዝቶ ዓይነት ዘይተረጋገፀ ናይ ትሑትነት ስምዒት እዩ። እዚ ምድብ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ናይ ትሑትነት ስምዒት ከምዘለወን ክኣምና ብምግባር ናይ ማሕበራዊ ተራ፣ ግንዛቤአንን ኣካላዊ ክእለተንን ንክትሕት ዝግበር ናይ ፃዕሪ ዘነፃፀረ ዘረባታት የካትት።

እዚ ርእይቶታት ድማ ጎዳእቲ ዝኾኑ ኣተሓሳስባታት ካብ ምቕፃል ሓሊፉ ማዕርነት ዘይምህላዉ አጠናኺሮም እዮም። ኣጓላት ኣብ ኹሉ ናይ ህይወት ዘርፍታት ውሽጢ ዝነኣሳ (ዝተሓታ) ምዃነን ዘርእይ እዩ። 19.8 % ዝኾኑ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ድማ ብዘይተረጋገፀ መንገዲ ንደቂ ኣንስትዮ ምስ ስስዐን ስንፍናን የተሓሕዝ።

እዞም ርእይቶታት ንደቂ ኣንስትዮ ምስ ዘይተደለዩ ባህርይታት ብምትሕሓዝ ክብረን ንምንእኣስ ኣብ ዝተዛብዐ ኣመለኻኸታ ዝተመስረቱ እዮም። እዚ ድማ ብቐጥታም ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ናይ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ሽመንን ተኣማንነተንን (ብሓባር ይኹን ብውልቀ) ከዳኽም ይኽእል። ካብ ካልኦት ዝነኣሰ ይኹን እምበር፣ 9.6 % ዝኾነ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዓይነት ምፍርራሓት እዮም። እዚ ምድብ እዚ ምፍርራሓት ፣ ምልዕዓል ጥቕዓትን ናይ ነፍሲ ወከፍ መሰል ንምጥሓስ ዝግበር ምፍርራሓት የጠቓልል። ዋላ እኳ ብዙሕ እንተዘይተለመደ፣ ናይ ከምዚ ዓይነት ናይ ምፍርራሕ ትሕዝቶ ዘለዎም ምዃኖም ናብ ሓቀኛ ዓለም  ናይ ምምሕልላፍ ዓቕሚ ስለዘለዎ ዝለዓለ ስግኣት ይፈጥር። ብብዙሕ ምኽንያታት ሲ.ኣይ.ኣር፣ ኣብ ቲክቶክ ዘለዉ ዝለዓሉ ላይ ምፍርራሕ ትሕዝቶ ዘለዎም ማለት ከም ናይቶም ርእይቶ ወሃብቲ ትንተና ጥራይ (ኣብቲ ቪድዮ ዘሎ ትሕዝቶ ፅልኣት ከየኻተተ) ፣ ትሕዝቶ ቑፅፅርን ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝነበሩ መረዳእታታት ብዝተኻአለ መጠን ከምዘይተጠቓለለ ይኣምን። እዚ ማለት እቶም ዝኸፍአ ሓደጋ ዘለዎም ርእይቶታት ትኣልዮም ክኾኑ ከምዝኽእሉ ይእመን።




ስእሊ 4፡ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር. እክብካብ መረዳእታ፡ ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዒላማ ዝገበረ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ ጽልኢ ዘረባ ዘርኢ ፓይ ቻርት።

### 4.2.2 ናይ ፅልኢ ዓውድታት

ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዘነፃፀሩ ናይ ፅልኣት ዘረባ ዓውድታት መርሚሩ እዩ። እዘም ውፅኢታት እቲ መፅናዕቲ ግልፂ ብዝኾነ መንገዲ ጥቕዓት ከመይ ከምዝኾነን ዘብፅሖም ጉድኣታትን ብዝበለፀ ግንዛበ ብምሃብን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኢንተርኔት ዝገጥመን ዝተፈላለዩን ተደራረብትን ናይ ፅልኣት ዘረባ ዓይነታት የርእዩ። ተመራመርቲ ናይ ማሕበራዊ ትእስስራት ማሕበራዊ መራኸብታት ትሕዝቶ ባእሲ ቀስቃስን፣ ኣፀየፍቲ ቋንቋን፣ ለግፂ (ነቲ ተጠቓሚ ዝዓለመ) ወይ ኣብ ጉዳይ ስርዓተ ፆታ ዝተሰሓሓቱ ኣመለኻኽታታት ብማለት ኮድ ጌሮምሎም እዮም (ኣብ ታሕቲ ዘሎ ምስሊ 5 ን 6 ን ይርኣዩ)።


| | SENTIMENT OF HATE SPEECH | | | |
|---|---|---|---|---|
| CATEGORY | OFFENSIVE | STEREOTYPICAL | MOCKERY | AGGRESSIVE |
| DEFINITION | Offensive remarks, demeaning or denigrating language. Associating the target with harmful or false personal traits, or suggesting the target's inferiority. | Text includes implicit or explicit references to stereotypical beliefs or prejudices about an individual/group with protected characteristics. | Mockery, satire or sarcastic messaging which targets a protected characteristic of the recipient and could be harmful. | Strong language that: physically intimidates, threatens or incites physical violence; or, which requests, suggests or promotes a violation of rights. |

ስእሊ 5፡ ካብቲ ጽሑፋዊ ማዕቀፍን መግለጺ ፕሮቶኮልን ዝተወሰደ፡ ንዝተፈላለዩ ናይ ጽልኢ ዘረባ ስምዒታት ዝገልጽ።

ኣብቲ መረዳእታ ማሕበር ውሽጢ ብጣዕሚ ዝለዓለ ቦታ ዝሓዙ ዓውድታት ኣፀየፍትን ኣብ ጉዳይ ስርዓተ ፆታ ዝተሰሓሓቱ ኣመለኻኽታታት እንትኾኑ ብቕድም ትኽተል 35.7 % ን 32.6 % ይሕዙ። ኣፀየፍቲ ዘረባታት ስፍሕ ዝበሉ ናይ ፅልኣት ዘረባታት የጠቓልሉ። ካብ ቅኑዕ ፀርፊን ክብሪ ዘዋርድን ርእይቶታት እስካብ እቲ ተጠቓዒ ንባዕሉ

ዝሕብ ዋጋ ዘነኣእሱን ናይ ትሕተኛነት ስምዒት ዘጠናኽሩ ዘረባታት የጠቓልሉ። እቲ ፅሑፍ ከም ኣብ ጉዳይ ስርዓተ ፆታ ዝተሰሓሓቱ ኣመለኻኽታታት ብምምዳብ ብቐጥታዊ ወይ ብተዘዋዋሪ ፆታዊ መሰረት ዝገበሩ ሓያል መፅላእቲ ይሕዝ። እዚ እውን ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ናይ ማሕበራዊ ኣድልዎ ፀቕጢ ይፈጥር።

እቲ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ዝተቐመጠ ዓውደ ፅሑፍ ለግፂ እንትኾን፣ ካብቲ ናይ ፅልኢ ዘረባታት 20 % ዝሸውን ይሕዝ። እዚ እውን ብኣብዝሐ ጊዜ ብቐልድን ኣሽሙርን መልክዕ ንደቂ ኣንስትዮ ንምትሓትን ንምቕላድን ዝግበር እዩ። 11.7 % ጥራይ ዝሓዝ፣ ባእሲ መልዕሊ ዝኾነ ዘረባ ካብ ኩሉ ብዝበለፀ ቐጥታዊ ዝኾነ ጎዳኢ ዓውዲ ይውከል። እዞም ርእይቶታት ምፍርራሓትን ንጥቕዓት ምድፍፋእን ዝጠቓለሉ እንትኾኑ ንደቂ ኣንስትዮ ድማ ዲጂታላዊ ዓለም ስቕ ንኽብል ምግባርን ንዓመፅ ንምቅላዕን ዝዓለሙ እዮም።




ስእሊ 6፥ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር. እኩብካብ መረዳእታ: ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዒላማ ዝገበረ ዝተፈላለየ ስምዒታት ናይ ጽልኢ ዘረባ ዘርኢ ፓይ ቻርት።

### 4.2.3 ቅዲ ማሕበራዊ መራኸብታት (ዓይነት ዓውድን ፅልኣትን)

**ዩትዩብን ቲክቶክን**


ትንታነ መፅናዕቲ ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ሞንጎ ቲክቶክን ዩትዩብን ዘለዉ ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዒላማ ዝገበሩ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዘይጎልሀ ፍልልይ ከም ዘሎ ኣረጋጊፁ። ሓደ ሓደ ዓይነታት ናይ ፅልኢ ዓውድታት ብተመሳሳሊ መልክዑ ክሰራጩዉ ከለዉ፣ ገለ ገለ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ መራኸብታት ፍልልያት ኣርእዮም እዮም። ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ እዞም ፍልልያት ዝተፈላለዩ ልምድታትን ባህርያትን ተጠቀምቲ ማሕበራዊ ሚዲያ ዘንፀባርቐ ምዃኑ ገሊፆም።

ቲክቶክ (39.5 %) ካብ ዩትዩብ (47.4 %) ክነፃፀር እንከሎ ዝበለፀ ናይ ፀርፊ ትሕዝቶ የስተኣናግድ። ከምኡውን ቲክቶክ (36.1 %) ካብ ዩትዩብ (24.2 %) ንላዕሊ ኣብ ስርዓተ-ፆታ ዝተመስረቱን ሓፈሻዊ ፅልኢን ዝተለመዱ ፅልኢ ዘተባብዑ ዝተስሓሓቱ ኣመለኻኽታን ዝተመስረቱ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ብዝለዓለ ደረጃ የእንግድ። ሓደ ተሳታፊ ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ኣብ ቲክቶክ አሳታፊን ርእይቶ ተኮርን ምዃን ብቐሊሉ ኽብሪ ዝነክኡ ዘረባታትን ምስፍሕፍሕን ፣ ብሓፂር ግዜ ብዙሕ ትሕዝቶ ክረክብ ከምዝኸአለን እዚ ድማ ቁልጡፍ ዝኾነ ርእይቶታትን ኣብ ስርዓተ-ፆታ መሰረት ዝገበሩ ዝተስሓሓቱ ኣመለኻኽታታት ዝሓዙ መልእኽትታት ዘበረታትዕ እዩ።

ዩትዩብ (31.6 %) ምስ ቲክቶክ (23.1 %) ክነፃፀር ከሎ ብዘይተረጋገፀ መንገዲ ንኻልኦት ኩብሮም ናይ ምውራድ ዘማእኸለ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ነይርዎ እዩ። ብተመሳሳሊ ዩትዩብ (16.4 %) ካብ ቲክቶክ (9.8 %) ንላዕሊ

ምፍርራሓት ወይ ጥቕዓት ዘለዓዕሉ ናይ ፅልኢ ዘረባታት የተኣናግድ። ተሳተፍቲ ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ፣ ዩትዩብ ነዊሕ ቪድዮታት ክርኢ ምኽኣሉን ብርእይቶታት ዝተመልአ ትሕዝቶ ምህላዉን ተጠቀምቲ ኣብ ኣድልዎ ዝመልአ ዘረባታት ክሳተፉ ብዝበለፀ ከምዘደፋፍእን ገሊፆም። እዚ ድማ ንባእሲ ዘደፋፍእ መድረኻት ኣብ ምፍጣርን ናይ ፅልኢ ዘረባታት ከባኣእስ ይኽእል።

እቲ ዝገርም ግን ኣብ ክልቲኡ ማሕበራዊ ሚዲያ መራኸብታት ምፍርራሓት፣ ብዘይተረጋገፀ መንገዲ ነገራት ምዝማድን ኣፀየፍቲ ዘረባታትን ብተዛማዲ ተመሳሳሊነት ነይርዎ እዩ። እዞም ተመሳሳልነት ዘለዎም ትሕዝቶታት ዘርአይዎ ነገር ብዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ድሕረ ገፃት (መራኸብታት) ዘለዉ ለውጥታት ምኽንያት መደበኛ ዝኾነ ፅልዋ ከምዘለዎ እዩ። ብተወሳኺ እዞም ናይዚ መፅናዕቲ ውፅኢታት ዘመልከትዎ ነፍሲ ወከፍ ማሕበራዊ ሚዲያ መራኸብታት ናይ ባዕሎም ዝኾነ መፍትሒ ከምዘድልዮ እዩ። እዚ ድማ ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ደሕንነቱ ዝተሓለወ ናይ ኢንተርኔት መንደር ይፈጥር።




ስእሊ 7፡ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር. እክብካብ መረዳእታ: ኣብ ቲክቶክን ዩቱብን ዘሎ ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዒላማ ዝገበረ ዝተፈላለዩ ዓይነታትን ስምዒታትን ናይ ጽልኢ ዘረባ ዘርኢ ፓይ ቻርት።


## ፌስቡክ፣ ቴሌግራም፣ ቲክቶክ፣ ዩትዮብን ኤክስን

ኣብዚ መፅናዕቲ ሲ.ኣይ.ኣር ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ መፅናዕቲ ዝነበረ ኣግባብ ስለዝተጠቐመ ፣ ናይቲ ፅንዓት ውፅኢታት ኣብ 5 ዋና ዋና ምድባት መቒልዎም እዩ። ማለት እውን ፌስቡክ፣ቴሌግራም፣ ቲክቶክ፣ የትዮብን ኤክስን። ዝተወሰኑ


ኩነታቶም ተመሳሳልነት እኳ እንተሃለዎም ነፍሲ ወከፍ ማሕበራዊ ሚዲያ መራኸብታት ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዝፍፀሙ ጥቕዓታት ከመይ ከምዝፈላለዩ መርአዪ ኮይኑ እዩ።

ኣብ ማሕበራዊ መራኸብታት ዘሎ ፍልልይ:

- ካብ ኹሎም እቶም ዝተፀንዑ ማሕበራዊ መራኸብታት ኣፀየፍቲ ዘረባታት እቲ ዝዓበየ ናይ ፅልኢ ዘረባ ዓውድታት እዩ ኔሩ። በዚ መሰረት ከኣ ፌስቡክ (55.7 %) መሪሕነት ክሕዝ ከሎ ቲክቶክ ድማ (34.7 %) ናይ መወዳእታ ደረጃ ይሕዝ።
- ቴሌግራም (15.6 %) ዘስግእ ናይ ፅልኢ ዘረባ ብምትእንጋድ ዝለዓለ ነጥቢ እንትሕዝ ፣ ቲክቶክ ድማ (9.2 %) ዝኣክል ፀርፊ ኣመዝጊቦም። እዚ ፍልልይ እዚ ዝተፈጠረ ኣብ ቴሌግራም ናይ ቻናል ወነንቲ ኣብ ዝተገበረ ትሕዝቶ ቑፅፅርን ዕፅው ዝኾነ ባህርያት ክኾን ይኽእል።
- ቴሌግራም (29.1 %) ብምሓዝ ዝለዓለ ናይ ለግቒ ትሕዝቶ ዘለዎ ከእንግድ እንከሎ ኤክስ ድማ (9.3 %) እቲ ናይ መጨረሻ ደረጃ ይሕዝ።
- ካብ ቴሌግራም (5.9 %) ብ 3 ዕፅፊ ዝበልፅ ዩትዩብ (16.4 %) ትርፊ ዘረባታት ዝሓዙ ናይ ጥቕዓት ዘረባታት ዘእንግድ ኮይኑ ትዝለዓለ ቦታ ድማ ይሕዝ።
- ብተወሳኺ ዩትዩብ ( 31.6 %) ብዘይተረጋገፀ ኩነታት ንካልኦት ዘዋርድን ዘትሕትን ናይ ፅልኢ ዘረባታት ኣብ ምትእንጋድ ጎሊሁ ይረአ።
- ኤክስ (48 %) ፀርፊ መሰረት ዝገበሩ ናይ ፅልኢ ዘረባ ብምሓዝ ብንእሽተይ ንቲክቶክ (47.4 %) እንትበልፆ ፌስቡክ ድማ (25 %) ናይ መጨረሻ ቦታ ይሕዝ።
- ፌስቡክ (31.7 %) ንደቂ ኣንስትዮ ምስ ሕማቕ ባህርያት ብምትሕሓዝ ናይ ፅልኢ ዘረባታት እቲ ዝለዓለ ቦታ ይሕዝ።
- ቲክቶክ እቲ ዝለዓለ ብፅሒት ኣብ ፆታዊ ፅልዋታት መሰረት ዝገበሩ ዝተስሓሓቱ ኣመለኻኽታታት ዝሰብኩ ናይ ፅልኣት ዘረባታት (36 %) እንትሕዝ ፌስቡክ ድማ (12.5 %) ብተዛማዲ ዝተሓተ ብፅሒት ኣለዎ።




ስእሊ 8፡ ኣብ ክልተ መጽናዕትታት ሲ.ኣይ.ኣር. ዝተረከበ ኣብ ኩሉ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዒላማ ዝገበረ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ ጽልኢ ዘረባ ዘርኢ ባር ቻርት።




ስእሊ 9፡ ኣብ ክልተ መጽናዕትታት ሲ.ኣይ.ኣር. ዝተረከበ ኣብ ኩሉ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዒላማ ዝገበረ ስምዒታት ናይ ጽልኢ ዘረባ ዘርኢ ባር ቻርት።

4.2.4 መብርሂታት

ኣብ መስርሕ ምዝርዛር፣ ኣብ ስርዓተ-ፆታ ናይ ፅልኣት ዘረባታት ውሽጢ ዘለዉ ቁልፊ መብርሂታት ተፈልዮም ተፃሒፎም እዮም። እዞም መብርሂታት እዚኦም ብዓውደ መፅናዕቲ ተገምጊሞም ፣ ትርጉምምን ፅልዋታቶምን ብዕምቖት ንምርዳእ ተኻኢሉ እዩ። (ንዝያዳ ሓበሬታ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ ክፍሊ 3.6 ፍርአዩ።) እዚ መፅናዕቲ ኣብ ኢንተርኔት ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዒላማ ንምግባር ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ቀንዲ ሓሳባት የርእይ። እዚ ድማ ጎዳእቲ መብርህታት ከመይ ከምዝተሃነፁን ከምዝቕፅሉን የርእይ።

ኣብ ማሕበራዊ መራኸብታት ድሕረ ገፅታት፣ ሲ.ኣይ.ኣር ካብ ፆታዊ ጥቕዓታት ጀሚሩ ካልኦት ዝደጋገሙ ናይቲ ሕብረተሰብ (ማሕበረሰብ) ኣነባብራ ትፅቢታትን ዘንፀባርቑ ጭብጥታት ተዓዚቡ። ናይ ደቂ ኣንስትዮ ግዴትአንን መልክዐን ተደጋጊሙ ብፆታዊ ርክብ ዓይነ ጥራሕ ምርኣይን ዘነኣእስን ተደጋገሙ ይለዓል። ብፍላይ ኣብ ፖለቲካን ስፖርትን ዕዉታት ዝኾነ ደቂ ኣንስትዮ ብምንእኣስ ፣ ብምንፃልን ብፆታዊ ርክብ ዓይኒ ጥራሕ ምርኣይን ጎሊሁ ዝረአ ነገር እዩ። ብተመሳሳሊ ናይ "ነፃነት" ኣተሓሳስባታት ምስ ናይ ስርዓተ-ፆታ ግዴታታት ዝጋጮ ይመስል። ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ፣ ባህላውን ሃይማኖታውን ክብርታት ብኣብዝሓ ግዜ ነቲ ጥቕዓታት ኣቕሊሎም ከምዝርኣዩን ንደቂ ኣንስትዮ ድማ ኣብ "ተራ ደቂ ኣንስትዮ"ን ኣብ ጉዳይ ስርዓተ-ፆታ ብዝተስሓሓተ ኣመለኻኽታታት ከምዝጭቁና ይስምዖም።

ኣብ ስልጣን ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ብፆታዊ ርክብ ዓይኒ ጥራሕ ምርኣይን ምሽምቓቕን

ኣብ ፖለቲካዊን ኣብ ካልኦት ኣመራርሓታት ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ከም ናይ ወዲ ተባዕታይ ስራሕ ተባሂሎም ዝሕሰቡ ስራሕቲታት ንምስራሕ ድኹማትን ብቑዓት ከምዘይኮኑን ተገይሩ ስለዝውሰድ ብተደጋጋሚ ፆታዊ ጥቕዓታት ይበፅሖን። እዚ ድማ ኣብ ስልጣን ንዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ዝነቕፋ ርእይቶታት ብግልፂ ይረአዩ። ንኣብነት (ተፈላጢት ፖለቲከኛን ናይ አዲስ አበባ ከንቲባን) ኣብቲ ዝተመረፀትሉ ተራ ብረብሓ ዘይኮነስ ብውልቃዊ ርክብ እዩ ዝብል ተደጋጋሚ ሓሳባት ሲ.ኣይ.ኣር ፈልዩ እዩ። እዚ ድማ ጾታዊ ምፍልላይ Sexismን Misogynyን ከምተዝተኣሳሰር የርእይ።

— “ ———


## ስለምንታይ እዩ ኣዳነች ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ብዙሕ ዝተፈላለየ ስልጣን ተዋሂብዋ? ውሽማ ኣብይ ድያ?

——— ” —

ካብቲ ናይ ጽልኢ ዘረባ እኽብካብ ዝተወሰደ

እዚ ድማ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዕብዮት ብኣብዝሓ ግዜ ኣብ ስርዓተ-ፆታ (Discreditation) ኣብ ዝበሉ ፅንዓታት ካብ ዝተገለፀ ስፍሕ ዝበለ ዘመሳሰል (ዝተኣሰሰር) ኩነታት ኣሎ። እዚ ሓሳብ ምስ ዓውደ መፅናዕቲ እንትልዓል ፣ አዳነች ከም "አዘራራቢት ሰብ" ኮይና ብምቑፃር ዓቃቢ ሕጊ ኮይና ብምስራሕ ካብ ትጅምር ኣትሒዛ ክትንቀፍ ፀኒሓ እያ። ናይ አዲስ አበባ ከንቲባ ብምኳና ምስ ጠቕላይ ሚኒስትር አብይ አሕመድ ጎኒ አብ ፕሮግራማትን ውፍያት መኽፈታትን ኮይና ብዙሕ ግዜ ብምርኣያ ሰባት ነዚ ነገር ምስ ጠቕላይ ሚኒስትር ውልቃዊ ቀረቤታ ከምዘለዎም ከም መረዳእታ ይወስድዎ።

ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ተሳተፍቲ ከምዝገልፅዎ ናይ ማሕበራዊ ሚዲያ ተጠቀምቲ ብኣብዝሓ ግዜ ኣብ ስልጣን ንዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ዘዋርድን ብፆታዊ ርክብ ዓይኒ ጥራሕ ምርኣይን ምንም ዓይነት ትኽክለኛ መረዳእታ ስለዘየድልዮ እዩ። ካልኦት ኣብ መራሒነት ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ከም ኣካያዲት ስራሕ ኢትዮ ቴሌኮም ፍሬህይወት ታምሩ እውን ፆታዊ ዓመፅን ነቐፌታን ከምዝበፅሓ ተሳተፍቲ ገሊፆም። ብተመሳሳሊ ኣብ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር መረዳእታ ኣብ ዩትዩብ " ቤቲ ሾዉ" ናይ ፕሮግራም ኣቕራቢት ቤቲ እውን ዒላማ ከምትግበር ይገልፅ። እቶም ተሳተፍቲ ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ እዚ ዓይነት ጥቕዓታት ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ኣብ ዝለዓለ ስልጣን ዘላን ኣብ ኢንተርኔት ተፈላጢት ዝኾነትን ሰባኺት ለውጥን ጓል ኣንስተይቲ ምስ ምኺን ዝተሓዘዘ እዩ ክብሉ ይስምዑ።




ስእሊ 10፡ ገጽ ዩቱብ ቤቲ ሾው፡ ብሲ.ኣይ.ኣር ዝተሳእለ

ዓርሳ ዝኸኣለት ጓል ኣንስተይትን ንበይና ቆልዓ ተዕቢ ኣዶ

ብመሰረት መፅናዕቲ ሲ.ኣይ.ኣር ከም ናይ ፖለቲካ ሰባት፣ ጋዜጠኛታት፣ መራሕቲ ሲቪል ማሕበራት፣ ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያ ተፅዕኖ ፈጠርትን ናይ ቴሌቪዥን ኘሮግራም ኣቕረብትን ዝመሳሰለ ኣብ ናይ መራሒ ቦታ ዝርከባ ኣብ ማሕበራዊ ህይወተን ንቑሕ ተሳትፎ ዝገብራ ደቂ ኣንስትዮ ብተደጋጋሚ ናይ ኢንተርኔት መጥቓዕትታት ይበፅሐን።ተሳተፍቲ ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ነፃነት ናይዘን ደቂ ኣንስትዮ ከም መዓልሊ ነዚ ችግር ገሊፆም። እዚ ድማ ምስቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ መፅናዕቲ ባህላዊ ናይ ስርዓተ-ፆታን ስርዓታትን ዝቃወማ ደቂ ኣንስትዮ ዝበፅሐን ፅልኣታት ኣብ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር መፅናዕቲ ዝደጋገፍ እዩ።

ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ ዘይተመርዐዋ ኣጓላት ብተደጋጋምን ብተመሳሳሊ ዓይነት ምኽንያታትን ነቲ ጥቕዓት ዒላማ ከም ዝኾና ገሊፆም። ኣብቲ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍፀም ዓመፅ ኣብ ዝምልከት ዓውደ መፅናዕቲ ኣብ መረዳእታታት ኣብ ምስብሳብ ግዜ ብተደጋጋሚ ዝተረኣየ " ጓል ዘዕበየቶ" ዝብል ሓረግ ክትዕ ኣልዒሉ እዩ። እዚ ሓረግ ምልክት ነፃነት እኳ እንተኾነ ከም ንዕቐት መርኣይ እውን የገልግል። ብመሰረት ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ እዚ ሓረግ ንደቂ ኣንስትዮ ንምሽምቓቕን ንምንዓቕን ዝተለመደ ካብ ኢንተርኔት ሓሊፉ ኣብ ጋህዲ ዓለም ኣብ ጥቕሚ ከም ዝውዕል ተዛሪቦም።

> ## ክኽሕዱኻ ይግባእ፡ ኣብ ርእሲኡ ድማ ውላድኪ በይንኺ ኢኺ ተዕብዮ ዘለኺ 🤣🤣🤣

ካብቲ ናይ ጽልኢ ዘረባ እኽብካብ ዝተወስደ

እዚ ፀርፊ ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ሞራል ወይም ማሕበራዊ ትሕተኝነት ስምዒት ኣብ ምፍጣር ንውልቀ ሰባት ንምሽምቓቕን ንምፅላምን ዝውዕል እዩ። እዚ ድማ ኣብ ዙርያ ደቀን ብዘይ ኣቦ ዘዕብያ ኣዴታት ዘሎ ባህላዊ አድልዎን ኣብ ኢንተርኔት ውሽጢ ዘለዉ ፅልኣታት ኣብ ተጠያቕነት ዝውዕል እዩ። እዚ ድማ ኣብቲ ማሕበረሰብ ውሽጢ ናይ ወዲ ተባዕታይ አርአያ ምኧንን ኣድላይነትን (አገዳስነትን) ዘርኢ እዩ። ብመሰረት ፀብፃብ ናይቶም ተሳተፍቲ ደቀን ንበይነን ዘዕብያ መንእሰያት ኣዴታት እቲ መጥቓዕቲ ከምዝብርትዕን ገሊዖም። እዚ ድማ ስድራቤታዊ ግዴትአን ከምዘይፈፀማን ከም ነፃነትን ፌመኒዝምን ዝመሳሰሉ ኣንፃር ሃይማኖትን ባህልን ዝኾኑ ሰራሕትታት ከምዝሳተፉን ይሕሰብ።

እቲ ዝገርም ነገር ድማ ቆልዓ ምስ ኣዴኡ ጥራይ እንተዓብይ ብግቡእ ከምዘይዓበየ እንትቑፀር ምስ ኣብኡ ጥራይ እንትዓብይ ግን እቲ ዘዕበየ ኣቦ ንፃዕሩ ናይዚ ዓመት ኣቦ ተባሂሉ ይምጎስ። እዚ ድማ አብ ቤተሰብ ውሽጢ ብዛዕባ ወዲ ተባዕታይ ተራ ትኹረት ዝስሕብ ክርክር ኣልዒሉ እዩ። ሓደ ተሳታፊ ነቲ ዓመፅ ብምንቃፍ " ደቂ ኣንስትዮ ደቀን ንበይነን ብምዕባየን ናይ ወዲ ተባዕታይ ውድቀት እምበር ናይ ደቂ ኣንስትዮ ችግር ኣይኮነን" ክብል ተሰሚዑ።

*ፌመኒዝም ኣብ ኢንተርኔት ከም ዕላማ መጥቓዕቲ*

ኣብቲ ቅድሚ ሕጂ ሲ.ኣይ.ኣር ዝገበሮ መፅናዕቲ ብተመሳሳሊ መልክዑ ፌመኒዝም ደቂ ኣንስትዮን ናይ ደቂ ኣንስትዮ መሰላትን ንምኽባር ኣብ ዝከራኸሩ ኣካላት ንምሽምቓቕ ከም መሳርሒ ርእሲ ኮይኑ እዩ። ናይዚ ምኽንያት እንታይ እዩ ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተቱ ተሳተፍቲ ምስ ሃይማኖታውን ማሕበራውን ክብርታት ተደሚሩ ንዕብላለ ደቂ ተባዕትዮ ዘጉልህ አነባብራ ኣብ ማሕበራዊ ሃውሃው ኢትዮጵያ ዓብሊልዎ ከምዘሎ ገሊፆም። እቲ ዝተኣከበ መረዳእታ ድማ ነዚ ዘጠናክር እዩ። ንኣብነት ርእይቶታት መብዛሕቲኡ ግዜ ንፌመኒዝም ኣብ ሕብረተሰብ ኢትዮጵያ ንዘሎ ባህላዊ ክብርታት ዘዳኽም ኣዕናዊ ሓይሊ ምኧኑ ይገልፅ።

> ፌሚኒዝም ንተሪር ባህላውን ሃይማኖታውን ስነ-ሓሳባት ስለ ዝፈታተን ከም ሱር በተኻዊ ሓሳብ እዩ ዝረአ።

ተሳታፊ ዓውደ መጽናዕቲ፡ አ.አ 2025

ኣብ ዙርያ ፌመኒዝም ዝርከቡ ሓሳባት ተፃረርቲ እዮም። ንኣብነት ሓደ ርእይቶ ወሃቢ ንካልእ ማሕበራዊ ሚዲያ ተጠቃሚ ከምዚ ዝስዕብ ብምባል ኣላጊፁሉ እዩ።

> ፌሚኒዝም ከምኡ ኣይኮነን ፍቕረይ። ደቂ ኣንስትዮ ክሰርሓ ወይ ኣብ ገዛ ኮይነን ቆልዑ ከዕብያ ፍጹም ምርጫ ኣለወን። ናይ ፌሚኒዝም ሓሳብኺ ኣብ ልዕሊ ሰባት ተገድዲ ኣለኺ

ካብቲ ናይ ጽልኢ ዘረባ እኽብካብ ዝተወሰደ

ፌመኒስትታት ኣብ ኢንተርኔት መድረኽ ናይ ጥቕዓት ዒላማ ተገይረን፣ ተናዒቐንን ተገሊለንን እየን። ኣብ ዝግበሩ ምይይጣት ብተደጋጋሚ ሓደገኛን ዝተስሓሓተ ከምዝኾነ ተገይሮም ይስኣሉ። ንኣብነት ፌመኒዝም ንገንዘብ ጥቕሚ መርከቢ ከም መሳርሒ ከምዝኾነ ይገልፀዎ። ከምዚ ዝኣመሰለ ርእይቶታት ፌመኒስትታት ካብ ንደቂ ኣንስትዮ መሰል ንምኽባር ትኽክለኛ ምልፋዕ ንባዕሎም ምንቕስቓስን ተኣማንነትን ዘጥፍአን ኣጓላት ኣብ ግሊ ጥቕመንን ወፃኢ ኣብ ዓርስ ምፍታው ነፃ ብዝኾነ መንገዲ ክንቀሳቐስ ከምዘይኽኣለ ዝብል ዝተስሓሓተ ኣመለኻኽታ ዘቕፅል እዩ።

> ናይ ኢትዮጵያዊ ፌሚኒዝም ገንዘብ ምእካብ እዩ። በጃኹም ንውልቃዊ ጁባኹም ንምምላእ ምንም ዘይፈልጣ ደቂ ኣንስትዮ ኣይትጠቐሙ።

ካብቲ ናይ ጽልኢ ዘረባ እኽብካብ ዝተወሰደ

ነዚ ፀብፃብ ኣብ ዝተኻየዱ ዓውደ መፅናዕትታት ተሳተፍቲ ከም ዝገለፅዎ ፌመኒስትታት በኣብዝሓ ግዜ ዘይመንግስታዊ ዝኾኑ ትካላትን ወፃእተኛታትን ክፍሊት ከምዝኸፈለን "ከሓድቲ" ከምዝኾነን ዝገልፅ ርእይቶታት ከምዝበፅሖም ሓቢሮም። እዚ ድማ ምስቲ ናይ መጀመሪያ መፅናዕቲ ተመሳሳልን ፌመኒዝም ድማ ናይ ምዕራባውያን ፅንስ ሓሳብን ናይ ኢትዮጵያ ኣነባብራ ዘዕንቅፍን ተገይሩ ከምዝወሰድ የርእይ። በዚ ድማ እቶም መጥቓዕቲ ዝፍፅሙ ሰባት ንመሰል ደቂ ኣንስትዮ ዝድግፉ ወይ ፌመኒስት ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ብፀቕጢ ናይ ምዕራባውያን ከምዝወድቓ ገይሮም ክፀርፍወንን ክልገፀለንን ይኽእሉ።

ካልእ ዘጨንቕ ርኽበት ድማ ንፌመኒዝም ምስ ግብረሰዶማዊ ሓሳባት ዝተኣሳሰረ እንትኾን እዚ ከዓ ኣብ ኢትዮጵያ ዘይሕጋዊ እዩ። እዚ ኣተሓሳስባ ፌመኒዝም ምስ ዘይቕቡል ሓሳባት ብምትእስሳር ነቲ ምንቕስቓስ ሕጋውነት ንምውጋድን ኣብ ልዕሊ እቶም ንመሰል ደቂ ኣንስትዮ ዝቃለሱ ፅልኢ ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ። ከምዚ ዓይነት ገበናት ከም ፀርፊ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ምፍርራሕን ስቕ መበልን ይውዕሉ። ምኽንያቱ ድማ ግብረሰዶማዊነት ዘይሕጋዊ እዩ። እዚ ድማ መጥቓዕትታት ኢንተርኔት ክሳብ ክንደይ ኣብ ሓቀኛ ዓለም ኣብ ውልቃዊ ህይወትን ዝለዓለ ፅልዋ ከምዘሕድርን ክኽትልን ከምዝኽእል ኣጉሊሁ የርእይ።

ሲ.ኣይ.ኣር ንተሳተፍቲ ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ብዛዕባ ርኩብ "ፋይናንሳዊ ረብሓን ፌመኒዝምን ግብረሰዶማዊነትን" ሓሳብ ምስ ኣቕረበ፣ ብዙሓት ተሳተፍቲ እዞም ትረኻታት ትፅቢት ዝግበረሎምን ልሙዳት ምኺኖምን ንፌመኒዝም ድማ ዘይሕጋዊ ንምግባር ዝዓለመ ከምዝኾነ ተዛሪቦም።

ናይ ፅልኢ ዘረባ ንደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስፖርት

ካልእ ክፍለጥ ዝኽእል ሓሳብ ድማ ኣንፃር ስፖርት ደቂ ኣንስትዮ ዝግበር ናይ ፅልኢ ዘረባ እዩ። ኣብ ኣርእስቲ ዝቐርብ ሓሳባት ናይ ደቂ ኣንስትዮ ስፖርት ትሑት ምኳኑ ህላዉአን ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዝተመርኮዘ ከምዝኾነን ይሕብር። እዚ ኣበባህላ ድማ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣበርክቶ ካብ ምንእኣስ ሓሊፉ ድሑር ዝኾነ ናይ ስርዓተ-ፆታ ኣመላኻኽታት ዘጠናኽር እዩ። እዚ ድማናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ አትሌቲክስ ዕውትነት የዳኽም።

ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ በዞም ረኺብታት ከምዘይተገረሙን ናይ ደቂ ኣንስትዮ ስፖርታዊ ኩነት ብተለምዶ ትሒቱ ከምዝርኣይ ገሊፆም። እቶም ተሳተፍቲ ከምዝገለፅዎ እቲ መፅናዕቲ ኣብ እዋን ኦሎምፒክ ግዜ ከምዝተካየደን ስፖርታዊ ምንቕስቓሳት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ማሕበራዊ መራኸብታት መዘራረቢ ርእሲ ክኾን ከምዝኽእልን ሓቢሮም።እዚ ድማ ንኢትዮጵያ ዝወዳደራ ደቂ ኣንስትዮ ኣትሌታት ንዝብፅሖን ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓታት መዘራረቢ ምኽንያት ኮይኑ ኔሩ።

ካብቲ ብተወሳኺ ኣብ እዋን ምእካብ መረዳእታ ኣብ ፌዴሬሽን እግሪ ኵዕሶ ኣዲስ አበባ ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ንመራሕነት ከምዝተመረፃ እቶም ተሳተፍቲ ሓቢሮም። ማስተዋል ወንድወሰንን ሀረገወይን አሰፋን ምክትል ፕሬዝዳንትትን ሓላፊት ፋይናንስን ኮይነን ተመሪፀን። ነዘን ውልቀሰባት ብዛዕባ ኵዕሶ እግሪ ክዛረባ ይኹን ክሰርሓ ብቑዓት ከምዘይኮና ተገይረን መቐለዲ ኮይነን ነይረን። (ናይ ምንጭታት ብሕታውነት ንምሕላዉ አይተገለፀን)

ናይ ፅልኣት ዘረባ ልሙድ ምግባርን ሸለል ምባልን

ኩሎም ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ ኣብቲ ብዙሕ " ኣርመኔያውን" " ዓማፀን" " ኣስጋኢን" ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዝረኣየሉ መድረኻት ቲክቶክ ካብ ካልኦት ዓይነታት ናይ ፅልኢ ዘረባታት ንላዕሊ ባእሲ ዘልዕል ዘረባታትን ምፍርራሓትን ብውሑድ መልክዑ ምርኣዮም ከምዝተገረሙ ገሊፆም። እዚ ረኺብታት ምስቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር ዝተገበረ መፅናዕቲ ዝመጣጠን እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ኣብ ማሕበራዊ መራኸብታት ብጣዕሚ ጎዳእቲ ዝኾኑ ትሕዝቶታት ክውገዱ ስለዝኽአሉ እዩ።

> ቲክቶክ ደቂ ኣንስትዮ ኣዝዩ መርዛምን ዘፍርሕን ናይ ማሕበራዊ ሚድያ መድረኽ እዩ። ተጽዕኖ ትሕዝቶ ፈጠርቲ ዝና ንምርካብ ክብሉ ዘይብልዎ ሕማቕ ነገር የለን።

ተሳታፊ ዓውደ መጽናዕቲ፡ አ .አ 2025

ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ ኣብ ቲክቶክ ዘሎ ግልፂ ምፍርራሓት ካብቲ ብመረዳእታ ዝተረኸበ ንላዕሊ ከምዝኾነን ቲክቶክ "ኣብ ጥቕዓት ዝተመስረተ ማሕበራዊ መራኸቢ" ምዃኑን ገሊፆም። እዚ ፍልልይ እዚ ዝመፀ ምናልባት ቅድሚ መስርሕ ምእካብ መረዳእታ ፅንፈኛ ርእይቶታት ስለዝተኣለዩ ክኸውን ይኽእል። ብኻልእ ወገን ድማ ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ናይ ቅድሚ ሕጂ መፅናዕቲ ከምዝገለፆዎ ብዙሓት ዓይነታት ናይ ፆታ መሰረት ዝገበሩ ናይ ፅልኣት ዘረባ ስለዝተለመዱ ከይተስተውዓለ ክተርፉ ይኽእሉ እዮም ክብል ይገልፁ። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝተገበረ መፅናዕትታት ሲ.ኣይ.ኣር ከምዝምልከቶ ንደቂ ኣንስትዮ ዘፅላእል  መልእኽትታት ከይተስተውዓለ ክቐርዩ ከለዉ ፀርፊ፣ ለግፅን ፆታን መሰረት ዝገበረ መጥቓዕትታት ኣዝዩ ልሙድ ካብ ምዃኖም ዝተልዓለ ከም ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዘይኮኑ ተገይሮም ክውሰዱ ይኽእሉ። ብዙሓት ምፍርራሓት እኳ እንተሃለዉ ብዙሓት ሰባት ትኹረት ዘይሀብዎ ዓይነት ጥቕዓት ክኸውን ይኽእል። ንኣብነት ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ናይ ቅድሚ ሕጂ መፅናዕቲ ከምዝገለፆዎ ምስፍሕፍሕ ዝርገሐ ፆታ መሰረት ዝገበረ ናይ ፅልኣት ዘረባታት እቲ ማሕበረሰብ ትኹረት ንከይህቦ ከምዝገበረ ይድምድም።

ብተወሳኺ ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ ፆታ መሰረት ዝገበሩ መጥቓዕትታት ብጣዕሚ ይስፋሕፍሕ ከምዘሎን ሸለል ተባሂሉ ናብ ዘይረኣየሉ ደረጃ ምብፃሕ ገሊፆም። እዚ ልሙድ ምዃኑ ናይ ፅልኣት ዘረባታት ማለት ከም ለግፅን ኣብ ስርዓተ-ፆታ ዝተስሓሓቱ መልእኽትታት ዝሓዝ ናይ ፅልኣት ዘረባታት ከም ዘይተርኣዩ ይሕለፉን፣ ሪፖርት ከምዘይግበሩን ሓሊፉ እውን ጎዳእቲ ከምዘይኮኑ ይሕሰቡ። ሓንፀፅቲ ፖሊሲን ነቐፍትን ነዞም ስውራት (ዝተሓብኡ) ግን ከዓ ማዕረ ዝጎድኡ ዘረባታት ሸለል ክብሉ የብሎምን። ምኽንያቱም ንዕኦም ዘይምቕራፍ ኣብ ጉዳይ ፆታ መሰረት ዝገበሩ ጥቕዓታት ክቕፅሉ ሃውሃው ስለዝፈጥር እዩ።

### ናይ ዲጂታል መሰላት

ኣብ ናይ ኢንተርኔት ዓለም ዓርሱ ዘይኸኣለን ምምሕዳር ከምዘይኽእልን ዝኸራኸሩ ውልቀሰባት ናይ ዲጂታል መሰላት ኣድላዪ ከምዘይኮነ እውን ይገልፁ። ንዲጂታላዊ መሰላት ዝግበር ቓልሲ ሸለል ከምዝበሃልን ኣብ ኢንተርኔት ንመሰላተን ዝቓለሳ ደቂ ኣንስትዮ ግፍዒ ከምዝበፅሖንን እኳ ድኣ ነዚ ረኺበንኦ ዘለዋ ኢንተርኔት ከመስግና ከምዝግበኦን ከምዝነግርወን እቶም ተሳተፍቲ ሓቢሮም። ብተወሳኺ ኢንተርኔት ናይ ምጥቓም ዕድል ዘለዎም ሰባት ሃፍታማትን ናይ ከተማ ነበርትን ስለዝውከሉ ኢንተርኔት ምጥቓም ንባዕሉ ከም መሰል ምጥቓም ተገይሩ ዝረኣየሉ ኣተሓሳስባታት ከምዘሎ እቶም ተሳተፍቲ ይገልፁ። ኮይኑ ግን ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ ነዚ ሓሳብ ብምቕዋም ኢንተርኔት ምጥቓም ማለት መሰል ምኽባር ማለት ከምዘይኮነ ይገልፁ።

— “ —

ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቓዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዲጂታላዊ ዓለም ዘለዎም ነቲ ውሱን ተበጻሕነት ይድርቶ።

— ” —

ተሳታፊ ዓውደ መጽናዕቲ፡ ኣ.ኣ 2025

ብመሰረት ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ ኣብ ዲጂታላዊ መድረኻት ምሕደራ ዘይምህላውን ኣብ ማሕበራዊ መድረኻት ምቁፅፃር ትሕዝቶ ውፅኢታዊ ዘይምኻንን ናይ ደቂ ኣንስትዮ ተሳትፎ ኣብ ኢንተርኔት ይድርቶ። እቶም ተሳተፍቲ ዲጂታላዊ መድረኻት ብዘይሓለፍነት ክሰርሑ ከምዘይብሎም ኣብ ኢንተርኔት ዝፍፀሙ መጥቓዕትታት ክቕፅዑ ከምዘለዎምን ይገልፁ።

ኣብ ቴክኖሎጂ ዝተመርከሰ ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ኣብ ምዝታይን ምፅናዕን ቁልፊ ምንቅስቓስ ዝኾነ ነገር “ናይ ኢንተርኔት ዓለምን” “ሓቀኛ ዓለምን” ብዝብል ሰብ ሰራሕ ፍልልይ እዩ። ካብ ኢንተርኔት ወፃኢ ዘሎ ዓለም ኣብ ኢንተርኔት ንዘሎ ጉዳያት ፅልዋ ከምዘሕድርን ፣ ኣብ ኢንተርኔት ዘሎ ጥቕዓታት ድማ ኣብ ናይ ሰባት መዓልታዊ ህይወት ብዝጎድእ መልክዑ ፅልዋ ከምዘለዎን ንፁር እዩ። ሓደ ተሳታፊ ከምዝበሎ ኣብ መድረኻት ኢንተርኔት ዘጋጥም ጉድኣታት “ኣብ ሓቀኛ ዓለም ዘለዉ ጥቕዓታት ዝመስልን” ኣብ ሓቀኛ ዓለም ዘለዉ ጉድኣታት ዘበኣእሱን እዮም። ኣብ ኢንተርኔትን ካብ ኢንተርኔት ወፃኢ ዘለዉን ብጥብቒ ዝተሓሓዙ (ዝተኣሳሰሩ) እዮም።

— “ —

ኣብዚ ዲጂታላዊ ዘመን እንነብር ዘለና ደቂ ኣንስትዮ ብዘይ ስግኣት ዝሳተፉሉን ሓሳባተን ዝገልጻሉን ድምጸን ዘስምዓሉን መድረኽ የድሊ።

— ” —

ተሳታፊ ዓውደ መጽናዕቲ፡ ኣ.ኣ 2025

## 4.3 ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ክነፃፀራ ከለዋ

እዚ መፅናዕቲ ኣብ ቴክኖሎጂ ዝተመርኮሰ ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዋላ እኳ እንተፀንዐ ፣ ንደቂ ተባዕትዮ ዒላማ ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባ እውን ይምርምር። እዚ ድማ ኣብ ሞንጎ ፆታታትን ኣብ ዓይነታት ፅልኢ ዝመልኡ ዘረባታትን ዘሎ ፍልልይ ንምፅናዕ የኽእል። ዋላ እኳ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ ብፆታ ቁሩብ ፍልልይ እንተሃለዎ ፣ ፀርፊ ብሓፈሻ ግን ናይ ፅልኢ ዘረባ ኮይኑ ተረኺቡ። ይኹን እምበር ንዓውድታት ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ ክንርኢ ከለና ኣብ ናይ ኢንተርኔት ዘለዉ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ሰፊሕ ፆታዊ ፍልልይ ከምዘሎ ዘርኢ መርትዖታት ንረክብ።


እዚ መፅናዕቲ ኣብ ኢትዮጵያ ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ናይቲ ማሕበረሰብ ስነ-ፆታዊ ኣተሓሳስባ ነፀብራቕ ምዃኑ ዘርኢ እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ክግለልን ክቕለደንን እንከሎ፣ ንደቂ ተባዕትዮ ድማ ፆታዊ ማዕርነት ብምድጋፎም ከም

ድኹማትን ኣወዳት ከምዘይኾኑን ዝገልፁ ጥቕዓታት ይረኣዩ። ናይ ክልቲኦም ፆታ ፖለቲካዊ ኣመራርሓታት ጥቕዓት እንትበፅሖም ፣ ኣብ ፖለቲካ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ብመልክዐንን ብማሕበራዊ ተርአንን ክጥቕዓ እንከለዋ ፣ ደቂ ተባዕትዮ ግን ብናይ ፖሊሲ ኣረኣእያኦም ይጥቕዑ። ኣብ ሞንጎ ስርዓተ-ፆታ ፖለቲካውን ብሔርን ዘሎ ርክባት ኣብ ኢንተርኔት ዘሎ መጥቓዕትታት ዘወሳስብን ናይ ኢንተርኔት መድረኻት ናይ ወዲ ተባዕትዮ ዓብላላይነት ዘንፀባርቑን ናይ ፖለቲካዊ ክፍፍል ዘበኣእስን ክኸውን ይገብር።

## 4.3.1 ምውድዳር ዓይነታት ፅልኢ

ኣብ ሞንጎ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዝበፅሑ ናይ ፅልኣት ዘረባታት ዘወዳድር ዘወዳድር ግራፍ ኣብ ሞንጎ "ዓይነታት" መጥቓዕትታት ቁሩብ ፍልልይ ከምዘሎ ይሕብር። (ስእሊ 10 ርአ።) ዋላ እኳ ንኣወዳትን ኣጓላትን ዝተፈላለየ እንትነብር ፀርፊ ግን እቲ ዝበዝሐ ዝውትርን ዓይነት ናይ ፅልኢ ዘረባ እዩ ነይሩ።

ብኣጠቓላሊ ኣወዳት ካብ ኣጓላት ካብ ፍርቂ ዝለዓለ (56 %) ምኢታዊ ከተኣናግዱ እንከለዉ ብመጠኑ ምፍርራሓት እውን የተኣናግዱ። (ደቂ ተባዕትዮ 10.2 %፣ ደቂ ኣንስትዮ 9.6 %) ብኣንፃሩ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ንላዕሊ ብናይ ፅልኢ ዘረባ ይሳቐዩ። እዚ ድማ ኣእምሮኣዊ፣ ኣካላዊ ወይ ማሕበራዊ ህይወተን ዝጎድእ እዩ። ብተወሳኺ ንደቂ ኣንስትዮ (19.8 %) ካብ ደቂ ተባዕትዮ ንላዕሊ ፆትአን ምስ ስንፍናን ስስዐን ዝኣመሰሉ ኣሉታዊ ባህርያት ምትእስሳር ተኸእሎታት ኣለዉ። እቲ ዝገርም እዚ ዓይነት ናይ ፅልኢ ዘረባ ካብ ካልኦት ዓይነታት ዘረባ ክወዳደር ከሎ ፍልልይ ንእሽተይ እዩ ነይሩ።





ስእሊ 11፡ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር. እኩብካብ መረዳእታ: ንነፍሲ ወከፍ ጾታዊ ጉጅለ ናይ ጽልኢ ዘረባ ዓይነታት ዘርኢ ፓይ ቻርት።

## 4.3.2 ምውድዳር ናይ ፅልኢ ዘረባ ዓውድታት

ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ (ባእሲ ቀስቃሲ፣ ኣፀያፊ፣ ለግፅን ኣብ ጉዳይ ስርዓተ-ፆታ ዝተስሓሓቱ ኣመለኻኽታታት ዝሓዙ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ኢሉ ምምዳብ) እንትምልከት ካብ ዓይነታት ፅልኢ ዘረባ ንላዕሊ ፍልልያት ኣርእዩ እዩ። ንኣብነት ደቂ ተባዕትዮ (57.6 %) ካብ ደቂ ኣንስትዮ (37.5 %) ንላዕሊ ኣፀያፊ ናይ ፅልኢ ዘረባታት የጋጥመን። እዚ ድማ ካብቲ ብነፍሲ ወከፍ ፆታ ዝፍፀም ጠቕላላ ዓመፅ ብምእታዊ ይሕሰብ።

ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ካብ ደቂ ተባዕትዮ ንላዕሊ ንፆታዊ ፅልዋታት ዝያዳ ተቓለዕቲ እየን። (32.6 % ደቂ ኣንስትዮ፣ 16.9 % ደቂ ተባዕትዮን) እዚ ጥቕዓት ደቂ ተባዕትዮ ካብ ዝበፅሖም ጥቕዓታት ውሽጢ ካልኣይ ደረጃ

ይሕዝ። ብተወሳኺ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ዝበፅሖን ናይ ፅልኢ ዘረባታት 20 % ለግፂ ክኾን ከሎ ፣ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ 10.3 % ጥራይ እዩ። ብተወሳኺ ደቂ ተባዕትዮ (15.5 %) ካብ ደቂ ኣንስትዮ (11.7 %) ብዝበለፀ ባእሲ ቀስቀስቲ ናይ ፅልኢ ዘረባታት እንትበፅሖም እኳ ፍልልይ ግን ሰፊሕ ኣይነበረን።




ስእሊ 12፡ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር. እኩብካብ መረዳእታ: ንነፍሲ ወከፍ ጾታዊ ጉጅለ ዝምልከት ስምዒታት ጽልኢ ዘርኢ ፓይ ቻርት።

## 4.3.3 ትረኻታት

ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ኢንተርኔት ዓለም ዘለዉ ፆታ መሰረት ዝገበሩ ጥቕዓታት ምፅናዕ ንደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዒላማ ክገብሩ ዘለዉ ናይ ጥቕዓት ፍልልያት ንኸንርኢ ይሕግዝ። ደቂ ተባዕትዮ ወድነቶም ዘትሕት መጥቓዕቲ ክበፅሖም እንከሎ፣ ንደቂ ኣንስትዮ ድማ ካብ ማሕበራዊ መድረኻት ዘግልል መጥቓዕቲ ይበፅሖም። ገለ ገለ ደቂ ተባዕትዮ ንፆታዊ ማዕርነት ይድግፉ ብምባል መጥቓዕቲታት ክበፅሖም እንከሎ፣ ፖለቲካውን ብሔራውን ምፍልላያት ምስ ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ተደሚሩ ኣብ ኢንተርኔት ፅልኢታት ይቐርፅ።

ብተመሳሳሊ ኩሎም ተሳተፍቲ ኣብ ትሕቲ ክፍሊ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ጥራይ (ክፍሊ 4.2) ዝተቐመጡ ምፍርራሓትን ባእሲ ቀስቓስቲ ዘረባታትን ብኽልቲኦም ፆታታት ወገን ብውሑድ መልክዕ ምህላዉ ከምዘገረሞም ገሊፆም። ብመሰረት ተሳተፍቲ እዞም ውፅኢታት ልዝብ ዝበሉን ባእሲ ዝቕስቅሱን ብበዝሒ ዝረኣየሉ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዓውዲ እንትኾኑ ስምዒቶም ገሊፆም።

ተባዕታይነትን ደቂ ኣንስትዮን ከም ዝውነና ኣቕሑት ጌርካ ምርኣይን

ደቂ ተባዕትዮ ካብቲ ንቡር ብዝተሓተ መልክዑ ጥንካረን ዓብላልነትን እንተድኣ ኣርእዮም መጥቓዕቲታት ይበፅሖም። “ጓል ተትኾን ይሕሸካ” ፣ “ደፋር ኩን” ዝብሉ ፀርፍታት ንተባዕታይነቶም ንምጥቓዕ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ኮይኑ ማሕበረሰብ ድማ ካብኣቶም ዝፅበዩ ጥንካሬታትን ጉልበት ምህላዉን እዩ።

> ## እዚ ወዲ ናይ ጓል ክዳን ክኽደን ኣለዎ፣ ድኹም።

ካብቲ ናይ ጽልኢ ዘረባ እኽብካብ ዝተወስደ

ጓልን ጓል ምኧንን ናይ ብሒርን ዖታን ፀርፍታት መሳርሒ ኮይኖም የገልግሉ። ንኣብነት “ዲቓላ” ዝብል ቃል (መብዛሕቲኡ ንናይ ተጋሩ ማሕበረሰብ ንምጥቓዕ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል) ንኣወዳት ብግልፂ ንምጥቓዕ ኣብ ጥቕሚ ዋላ እኳ እንተውዓለ ትርጉሙ ግን “ወዲ ሰበይቲ” ንማለት እዩ። እዚ ትርጉም ምስ ናይ እንግሊዝኛ ሓረግ “Son of a bitch” ተመሳሳሊ እዩ። ጓል ዘዕበየቶ ምስ ዝብል ሓረግ ብተመሳሳሊ መልክዑ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ዖታ ንኣወዳት ንምውራድን ንምሽምቓቕን ክውዕል ከሎ በዚ ድማ ዖታን ብሒርን ብምውሃድ ጥቕዓት ዝፍፀም ቃል ኮይኑ ንረኽቦ።

ተመራመርቲ ሲ.ኣይ.ኣር ከምዝገለፅዎ ደቂ ተባዕትዮ ንካልኦት ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ንምጥቓዕ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ክፍሊ ኣካላት ከም መሳርሒ ይጥቀምሉ። በዚ ድማ ጓል ኣንስተይቲ ብቐጥታ ካብ ዝበፀሓ ጥቕዓታት ብተወሳኺ ንኻልኦት ጥቕዓታት መሳርሒን ምልክትን ይኾና። ንኣብነት ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ ከምዝገልፅዎ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ወርሓዊ ፅግያ ንወዲ ተባዕታይ ንምጥቓዕ ነታጉ ይጥቀሙ ከምዝነበሩ ፀብፂቦም። እዞም ፀርፍታት ምስ ጓል ምኧን ዝተትሓሓዘን ዘሕፍርን ከምዝኾኑን ዝተስሓሓቱ ዖታዊ ኣተሓሳስባታት የበኣእሱ።

> ## ንደቂ ተባዕትዮ ዒላማ ዝገብሩ መጥቃዕትታት፡ 'ሞዴስካ ካበይ ኣምጺእካዮም?' "እኹል ሞዴስ ኣለካ ድዩ?" "ፔሪድ ዘለኻ ትመስል !”

ተሳታፊ ዓውደ መጽናዕቲ፡ አ.አ 2025

ሓደ ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ተሳታፊ “እሙሙ” ዝብል ቃል ንናይ ደቂ ኣንስትዮ መራብሒ ኣካል ክውከል ተገይሩ ንኣጓላት  ጥቕዓት ንምፍፃም መሳርሒ ከምዝኸውንዘሎ ተዛሪቡ። እዚ ዝንባለ ኣብ ኢትዮጲያ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ እንግሊዘኛ ቋንቋ ናይ ጓል መራብሒ ኣካል ዝውክሉ ቃላት ከም መዋረዲ ፀርፍታት ኮይኖም የገልግሉ። ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ኣዘራርባ ድማ ናይ ወዲ ተባዕታይ ዖታዊ ድልየት ንምግላፅ ይጥቐሙሉ። ብኣጠቓላሊ እቲ ቃል ንወዲ ተባዕታይ ይኹን ንጓል ኣንስተይቲ ዒላማ ዝገበሩ ፀርፍታት ሓፈሻዊ ኮይኑ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰሉ ፀርፍታት ጓል ምኧን ምስ ፀርፍን ውርደትን ብምትሕሓዝ ዝተስሓሓተ ዖታዊ ኣመላኻኽታታት የበኣእሱ።

ተሳተፍቲ ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ እዚ ዖታዊ ፀርፍታት ኣብ እብላለ ደቂ ተባዕትዮ ኣበርክቶ ከምዘለዎን ደቂ ኣንስትዮ ካብ ዲጂታል ዕላለት ባዕልተን ከምዘግለልዎ ምኽንያት ከምዝኾነ ገሊፆም እዮም። ደቂ ኣንስትዮ ኣብ መድረኽ ኢንተርኔት ድምፀን ከይስማዕ ዝገብሮ ፀቕጢ ኣብቲ ናይ ማሕበራዊ መድረኻት ዘለዎም ተሳትፎ ዝግድብ እዩ።

ልዕልና ደቂ ተባዕትዮ ዝሰብኩ ዘረባታት

ሲ.ኣይ.ኣር ብእንግሊዝኛ “Simp” ዝኣመሳሰሉን ካልኦት ናይ ደቂ ተባዕትዮ ዕብላልነትን ዝሰብኩን ንደቂ ኣንስትዮ ዝፀልኡ ቃላት ኣጠቓቕማ ኣብ ኢንተርኔት ተመልኪቱ እዩ። ናይቲ ቃል ኣጠቓቕማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳተቀየረ

ዋላ ተመፀ መብዛሕቲኡ ግዜ ንደቂ ኣንስትዮ ትኹረት ዝህቡን ተባዕትዮ ኣይኮኑን ተባሂሎም ዝተሓሰቡ ደቂ ተባዕትዮ ንምፅራፍ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ቃል እዩ። ናይዚ ዓውደ ፅንዓት ተሳተፍቲ በዚ ርኽበታት ከምዘይተገረሙ እንትኾኑ እዚ ዝኾነሉ ከም አንድሪው ቴት ዝኣመሰሉ ተፅዕኖ ፈጠርቲ ኣብ ኢትዮጲያዊያን መናእሰይ ፅልዋ ከምዝፈጠሩ ከዝመፁ ውልቀሰባት ከምዝኾነ ኣረዲኡ። መልእክትታት ቴት ንልዕልና ደቂ ተባዕትዮ ዝገልፁን ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝበፅሑ መጥቓዕትታት ዝድግፉ እዮም። እዚ ርኽበት ሓሳባት ኣብ ዓለምለኻዊ ደረጃ ንምስፍሕፋሕ ክውዕል ከምዝኽእል መርኣይ እዩ።

> ጓል እንተ ኣኽቢርካን ትሓልየላን እንተኾ
> "ሲምፕ" ኢኻ። ጓል ኣንስተይቲ "simp
> ኣይትፈቱን እያ።ኣብ ክንድኡ ድማ ብሕማ
> መንገዲ ዘዘራርባ ወዲ ተባዕታይ እያ ትደሊ፣
> ምኽንያቱ መብዛሕትአን ደቂ ኣንስትዮ ከምኡ
> እየን ዝዓብያ።
>
> ተሳታፊ ዓውደ መጽናዕቲ፡ አ .አ 2025

ብተወሳኺም ከም "ሞጣ ቀራንዮ" ዘለዉ ኣብ ኣሜሪካ ዝርከቡ ተፅዕኖ ፈጠርቲን ዝተፈላለዩ ፖድካስትን ናይ ዩትዩብ መደባት ኣቕረብቲ ንደቂ ኣንስትዮ ዝፀልኣን አፀያፊ ዝኾኑ ፆታዊ ፀርፍታት ብቐልዲ መልክዕ ከምዘመሓላልፉ ተገሊፁ እዩ። ሓደ ተሳታፊ ሓደ ተንቀሳቓሲ ምስሊ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ዝገለፀትሉ መንገዲ ክዝክር። ካልኦት ናይ ኳዕቲ ነዳዲ ክህልዎም ከሎ "እስኪ ሙሙሽኺ ትጥቀሙ ሓንጎል የብልክን ፣ ብሙሙሽኪ ዲኪ ትሓስቢ" ኢላ (እቲ ምንጪ እዚ ዝተዛረበ ውልቀሰብ ንኽይጉላዕላዕ ክበሃል አይተገለፀን)።

ፖለቲካዊ ተፅዕኖ ፈጠርቲ

ክልቲኡ ፆታ ፖለቲካዊ መራሕቲ ኣብ ኢንተርኔት መጥቓዕቲ እንትበፀሖም ደቂ ኣንስትዮ መብዛሕቲኡ ግዜ ብመልክዕን ወይ ብማሕበራዊ ተራ ነቀፌታ ክበፅሀን እንተሎ፣ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ብኣመለኻኽትኦምን ብተግባሮምን ዙርያ ዘጠንጠነ መጥቓዕቲ ይበፅሖም። ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ ፆታን መሰረት ዝገበሩ መጥቓዕትታት ካብ ደቂ ተባዕትዮ ንላዕሊ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝተስፋሕፍሐ ምዃኖም ገሊፆም። እዚ ድማ ምስቲ ቅድሚ ሕጂ ብሲ.ኣይ.ኣር ዝተገበረ መፅናዕቲ ርኽበት ዝስማዕማዕ እዩ።

ንኣብነት አዳነች አቤቤ ብኣንፃር ቀዳማይ ሚኒስትር አብይ አሕመድ ዝቃወሙ ርዕይቶታት ኣብ ኢንተርኔት ዋላ እንተሃለዉ ዕላማኦም፣ ፖሊሲታቱን ፖለቲካዊ አረዳድኡን ስለዝኾኑ እዚ ብኢትዮጵያ መንግስቲ ኣተረጓጉማ መሰረት ናይ ፅልኢ ዘረባ ስለዘይኮኑ ብቲ መፅናዕቲ ውሽጢ ኣይተካተቱን። ኣብ ውሑድ ኣጋጣሚታት ዝተረከቡ ናይ ኦሮሞ መንነት ዝዓለመ ናይ ፅልኢ ዘረባ ኣብቲ መፅናዕቲ ተኻቲቶም እዮም። ናይዞም ክልተ ፍሉጣት ሰባት ምውድዳር ንባዕሉ ኣብ ሞንጎ ፆታታት ዘሎ ናይ ኢንተርኔት ንቐዓት ፍልልይ ከምዘሎ ዘመልክት ኮይኑ እዚ ድማ ሲ.ኣይ.ኣር ዘዛረቦም ናይ ማሕበራዊ መራኸብቲ ተጠቀምቲ ተሞክሮ ዘደልድል እዩ።

ፌመኒስት ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ

ንስርዓተ-ፆታ ማዕርነት ዝጣበቓ ደቂ ኣንስትዮ ኩሉ ፈመኒስት ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ እውን መጥቓዕቲ ይበፅሖም። ኣብቲ ዓውደ ፅንዓት ተሳተፍቲ መሰረት ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ደቂ ተባዕትዮ ፈመኒስት ምኳን ከም ጓል ኣንስተይቲ ምኳን ሓደገኛ ምኳኑ ጠቒሞም። ናይ ደቂ ኣንስትዮ መሰል ዝድግፉ ደቂ ተባዕትዮ ናይ ሞት ምፍርራሕ ክሰንዘር ከምዘርኣዩ ገሊፆም።

## 4.4 ተደራራቢ መጥቓዕቲ


ሲ.ኣይ.ኣር ተደራራቢ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዝጉብሮ መፅናዕቲ ዝተሓላለኸን ተለዋዋጢ ዝኾነ ናይ ኢንተርኔት መጥቓዕቲ ምህላዎም ኣርእዩ እዩ። እዞም ካልኦት መንነቶም ምስ ፆታ ዒላማ ክኾኑ መጥቓዕትታት ብኸመይ ከምዝቕየሩ የርእይ። ተደራራቢ ፅልኢ ኢሉ ንምምዳብ ዝተዋህቡ ርእይቶታት ካብ ሓደ መንነት ንላዕሊ ዒላማ ምግባር ኣለዎ። ስንክልና፣ ብሔር፣ ፆታ፣ ዓሎት ወይ ሃይማኖት። ናይ ፅልኢ ዘረባ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዒላማ ክግበራ ከለዋ ካብ ፆትኣን ብተወሳኺ ካሊእ መንነት (ንኣብነት ብሔር ወይ ሃይማኖት) ዒላማ ምስዝኾኑ ናይ ፅልኢ ዘረባ መልክዑ ይቅይር።

እዞም ኩነታት ብምፅናዕ ሲ.ኣይ.ኣር ብፆታ፣ ብሔር፣ ሃይማኖትን ሕብረ ቆርበት ማዕከል ዘሎ ዝምድናታት ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ናይ ኢንተርኔት መጥቓዕቲ ከመይ ከምዝልወጥ የርኢ። ናይ ፖለቲካዊ ፅልዋታት ድማ ንደቂ ኣንስትዮ ዘፅላእልኡ መልዕኽትታት ኣፍደገ ይኸፍቱ። ንኣብነት ኣስላም ደቂ ኣንስትዮ ምስ ሂጃብ ዝተትሓሓዘ ዝተፈላለዩ መጥቓዕትታት ይበፅሖን። ደቂ ኣንስትዮ ካብ ሐዋን “ናይ መጀመሪያ ሃጥያት” ዝተኣሰሰሩ ሱር ዝሰደዱ ሃይማኖታዊ ትረኻታት ንደቂ ኣንስትዮ ዝፀልኡ ኣመለኻኽታ ንምቕፃል ኣብ ጥቕሚ ይውዕሉ። ብተወሳኺ ሕብረ ቆርበት ዝፈልዩን ፀረ-ፀለምቲ ዝኾኑ መጥቓዕትታት ትኹረት ዝወሃቦም እውን ዝተስፋሕፍሑ እዮም። እዞም ረኽበታት ናይ ፅልኢ ዘረባ ዝተሓላለኸን ብዙሕ ሸፍንነት ከርእዩ ደቂ ኣንስትዮ መንነተን ንጥቕዓት መሳርሒ ምኽንያት ከምዝኾኑን የረድኡ።

ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ ትንተና ውሽጢ “ደቂ ኣንስትዮን ካልኦትን” ዝብል ምድብ ብሲ.ኣይ.ኣር ተፈልዮም ካብ ዝተዘርዘሩ ጉጅለታት ወፃኢ ዘጠቓልል እዩ። ንኣብነት ካብ ሃይማኖት ብንፁር ክይተፈለጠ ክቐሪ ከሎ ኣፅናዕቲ ነዚ ምድብ ተጠቒሞም እዮም። ደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ዒላማ ዝገበሩ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ክነፃፀር እንክሎ እዚ ትንታኔ ትኹረት ዝስህቡ ፍልልያት ኣርእዩ እዩ። (ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ ስእሊ 13 ይርኣዩ)

- ውሑድ ፀርፍን ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባ፡ ብዙሕ ዓላማታት ምስዝህልዎም ናይ ፀርፍን ኣፀያፊ ነገራት ዘለዎም ዘረባታት ከምዝቕንሱ ሲ.ኣይ.ኣር ተረዲኡ እዩ። እዚ ድማ ብዙሕ መንነት ከም መጥቓዕቲ ዒላማታት ክዋሃሃድ እንከለው ናይ ፅልኢ ዘረባ ምንእኣስን ቀጥታዊ ፀርፍን ዝሓዘ ካብ ምኳኑ ካልእ መልክዕ ዝሓዘ ይኸውን።
- ዝበለፀ ትሑትነት፡ ኣብ ዝተወሰኑ ክፍልታት ደቂ ኣንስትዮ ዝርከባ ንኣብነት “ደቂ ኣንስትዮ ኦሮሞ” ፣ “ደቂ ኣንስትዮ ኣስላም” ን “ደቂ ኣንስትዮን ካልኦትን” ዝበሃሉ ምድባት ደቂ ኣንስትዮ በፆታኦን ጥራይ ካብ ዝበፀሖን መጥቓዕትታት ብዝበለፀ መልክዕ ትሑት ከምዝኾና ዘጉልህ መጥቓዕትታት ይበፀሖን። እዚ ድማ ፆታን ካልእን መንነትን በሓድነት ዒላማ ዝጉብሩ ግልፂ ዘይኮኑ ነገር ግን ጎዳኢ ዝኾኑ መጥቓዕትታት ምህላዎም የርእይ።
- ደቂ ኣንስትዮ ምስ ሕማቕ ባህርያት ዘተኣሳስሩ ዘረባታት ምብዛሕ፡ ፆታን ብሔርን ዒላማ ዝገበሩ ብፍላይ ድማ ን “ደቂ ኣንስትዮ ተጋሩ” ወይ “ ደቂ ኣንስትዮን ካልኦትን” ዝበሃሉ ጉጅለታት ዒላማ ዝገበረ መጥቓዕትታት ንዞም ጉጅለታት ምስ ሕማቕ ባህርያት ኣተሓሒዝዎም ኣሎ። እዚ ድማ ብዛዕባ እቲ ዒላማ ጉጅለ ዝተዛብዐ ኣመለኻኽታታትን ዝተስሓሓተ ክብርታት የጠቓልል። ንኣብነት ኣብ ስስዐ ካብ ሴጣናዊ ስራሕን ክህደትን ምትእስሳር።

- ባእሲ ቀስቐስቲ ዝኾኑ ዘረባታት ምብዛሁ፡ “ደቂ ኣንስትዮ ኦሮሞ” ፣ “ደቂ ኣንስትዮ ኣምሓራ”ን “ደቂ ኣንስትዮ ተጋሩ”ን ዝበሃሉ ጉጅለታት ካብ ካሊእ ብዝበለፀ ባእሲ ቀስቓሲ ዝኾኑ መፈራርሒ ዘለዎም ዘረባታት ይበፅሁን። ኣብዘን ዘቦታት ዝፍፀሙ ዘለዉን ኣብ ታሪክ ዝነበሩ ግጭታት ኣንፃር ውፅኢቱ ዘገርም ኣይኮነን።
- ብስርዓተ-ፆታ ዝተስሓሓቱ ሓሳባት ዝሓዙ ርእይቶታት ምብዛሁ፡ ኣብ ኩሉ ተደራራቢ መጥቓዕቲ ወቅቲ ፆታ በይኖም ካብ ዝጠቐዐሉ ግዜ ንላዕሊ ብስርዓተ-ፆታ ዙርያ ዝተዛበዑ ኣመለኻኽታታት ዝሓዘ ዘረባታት ተስተውዒሉ እዩ። እዚ ድማ ካብ ዝተወሰኑ መንነታት ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝስንዘሩ መጥቓዕትታት ሰፊሕን ጎዳእን ባህላውን ሃይማኖታውን ኣመለኻኽታታት ዝተመስረቱ ምዃኖም የርእዩ።
- ለግፅን ናይ ሴጣናዊ ስራሕ ውንጀላታት፡ ካልእ ትኹረት ስሐቢ ጉድኣት ድማ “ደቂ ኣንስትዮን ካልኦትን” ብዝብል ጉጅለ ብሰፊሕ ልዕሊ ናይ ለግዒ ፅልኢት ዘረባታት ምርኣዮም እዩ። ኣብዚ ጉጅለ እዚ ዘለዎ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ሰይጣን ምምስሳልን ወሲኹ ጎዳኢ ብዝኾኑ ቃላት መለገዒ ይኾና። እዚ ርኽበት ኣብዚ መፅናዕቲ ምስቲ ቅድሚ ሕጂ ክወዳደር እንከሎ ጎሊሁ ተራእዩ እዩ።




ስእሊ 13፡ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር. እኩብካብ መረዳእታ፡ ዕላማታት ናይ ተደራራቢ ናይ ጽልኢ ዘረባ ዘርኢ ፓይ ቻርት።

### 4.4.1 መብርሒ

ናይ ፅልኢ ዘረባ ከም ኣብ ብሔርን ሃይማኖትን ዝኣመሰሉ ኲነታት ብምምርኳስ ብምስብሳብን ተለዋወጥትን ይኾኑ። ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ ናይ ኢትዮጵያ ማሕበረሰብ ሃይማኖተኛን ወግዒ ዓቃቢን ምዃኑ ኣብሪሆም። እዚ ድማ ብኢንተርኔት ይኹን ካብ ኢንተርኔት ወፃኢ ኣብ ዘሎ ዓለም ከምዝረአ ኣረዲኡ። እዚ ተርእዮ ኣብዚ ፅንዓት ዝተረኣየ ናይ ተደራራቢ ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቓዕቲ ዝንባለ ከምዘርድእ ተስማዕሚዖም። ብተወሳኺ ካብ ተደራራቢ መጥቓዕትታት ተኣሳሲሮም ዝመፁ ብድሆታት መዓልታዊ ህይወት ኣካል ምዃኖም ገሊፁ።

> ማንም ሰብ ጓል ኣንስተይቲ ጥራይ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ካልእ መንነት ከም ብሄርን ሃይማኖትን ኣለዎም። ብዙሕ መጥቃዕቲ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ዘጋጥመና እዩ።

ተሳታፊ ዓውደ መጽናዕቲ፡ እ.አ 2025

ውሽጣዊ ግርጭታትን ፖለቲካን

እዚ ዕንዓት እዋናዊ ፍፃመታት ኣብ ኢንተርኔት ክትዕን ናይ ፅልኢ ዘረባ ፅልዋ ከምዘሕድሩ የርእይ። ናይ ፖለቲካ ፍፃመታት ኣብ ኢንተርኔት ብዝካሄድ ዕላላት ኣርእስትታትን ዘረባታትን ዓበይ ፅልዋ ኣለዎም። ንኣብነት ብዝተፈላለዩ ናይ ኢትዮጵያ አካባቢታት ዝፍፀሙ ዘለዉ ጎንፅታትን ውሽጣዊ ፖለቲካን ብምትእስሳር ኣብ ኦሮም፣ ኣብ አምሓራ፣ ኣብ ትግራይ ብሔር ተወለድቲ ደቂ ኣንስትዮ'ን ኣዋልድን ዘነጣጠረ መጥቓዕቲ ትንተና ምርኣይ ይከኣል።

ኣብ ኦሮም፣ ኣብ አምሓራ፣ ኣብ ትግራይ ብሔር ተወለድቲ ዘነጣጠረ ድምር ፅልኢ ዝበለፀ ህይል ዝበለ ምኧኑ ንመብዛሕቲኦም ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ ዘገርም ኣይኮነን። ናይ ፖለቲካዊ ፅልኢ መብዛሕቲኡ ግዜ ንገለ ጉጅለ ዘነጣጠረ ህይል ዝበለ ዘረባን ንጎዛን ዝጥቐዕ ፀርፊ የስዕብ። ተሳተፍቲ እቲ ዓውደ መፅናዕቲ ንፖለቲካዊ ፍፃመታት ምላሽ ዝህቡን ቀስቓሲ ዘረባታት ዝጥቐሙ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ኣብ ኢንተርኔት ብጣዕሚ ከምዘስተውዓሉ ተናጊሮም።

ቅድሚ ሕጂ ሲ.ኣይ.ኣር ብዝገበሮ ፅንዓት ናይ ኣምሓራ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ኦሮሞ ደቂ ኣንስትዮ ብዝበለፀ ናይ መላገጺ ዘረባ ተበደልቲ ኮይነን በዚ ሕጂ ሰዓት ናይ ኦሮሞ ደቂ ኣንስትዮ ብዝበለፀ ላግፅን ናይ ትሑትነት ዘመልክቱ ዘረባታት ኣተኣናጊዶም። እዚ ንምንታይ ክኸውን ከምዝኽእል ዝተሓተቱ ተሳተፍቲ፣ ናይ ፖለቲካዊ ሃዋህው ዝመፀ ለውጢን ኣብ ሃገራዊ ኣጀንዳታት ዝቆፃፀሩ ዝተፈላለዩ ፍፃሜታት ውፅኢት ምኧኑ ገሊፁ።

እገዳ ሂጃብ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ

ኣብ እስላም ደቂ ኣንስትዮ ዝበፅሐን በደል እካብ መረዳእታ ጎሊሁ ይረአይ። ብፍላይ ኣብ ኣክሱም ከተማ ትግራይ ፀረ-እስልምና ዘረባታት እንዳወሰኹ ብምምፃኦም ኣብ ኣርባዕተ ኣብያተ ትምህርት ቤታት ሂጃብ ከምዝተኸልከለን ናይ ዓውደ መፅናዕቲ ዘተ ኣረጋጊፁ። እዚ ድማ ኣብያተ ትምህርቲ ቤታት ሃይማኖታዊን ካብ ሃይማኖታዊ ነፃ ክኾኑ ኣለዎም ዝብሉ ጉዳያት ኣብ ኢንተርኔትን ኣብቲ ማሕበረሰብ ከቢድ ክርክር ኣልዒሉ። ከም ኣዲስ አበባ ካብ ሕዳር 2024 ጀሚሩ ድሕሪ እቲ ውጥረታት ተኸቲሉ ከም ተቓውሞ ፣ ሰላማዊ ሰልፍን ሒጃብ ይፈቐድ ዝብሉ ሕቶታት እንዳተስተውዓሉ መፂኦም እዮም። ከም ናይቲ ስራሕ ተሳተፍቲ ፅብፃብ ነተን ሙስሊም ደቂ ኣንስትዮ ዘነፃፀረ ተቓውሞ ሰልፍታትን ኣብ ኢንተርኔት ዝግበሩ ጥቕዓታት ክካየዱ ገይሩ እዩ።

ናይ ሙስሊም ደቂ ኣንስትዮ ምስ መልክዐን ዝተትሓሓዘ ጥቕዓታት በዚሕወን እዩ። ንኣብነት ሒጃበን እንተዘይገይረንን ስረ እንተገይረንን "ሙስሊም ኣይኮናን" ተባሂለን ኣብ ኢንተርኔት ጥቕዓት ይበፅሐን።

ናይ ሰይጣናዊነት ክስተታት

ሲ.ኣይ.ኣር ንደቂ ኣንስትዮ ምስ ክፍኣት ዝተኣሳሰር ናይ ለግዒ ዘረባታትን ርእይቶታትን ኣስተውዒሉ። እቲ ዘረባ ብዕምቖት ሃይማኖታውን መብዛሕቲኡ ግዜ ብቀጥታ ምስ "ሄዋን" ዝተሓሓዝ ሃይማኖታዊ ክፍልታት ይጥቀስ ነይሩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒሱ ዘሎ ሓጥያት ዝነበራ ምትእስሳር ንደቂ ኣንስትዮ ሴጣናዊ ንምግባር ብተደጋጋሚ ኣብ ጥቕሚ ውዒሎም እዮም።

> ኢየሱስ ሰበይቲ ኣይነበሮን፡ እግዚኣብሄር ሰበይቲ ኣይነበሮን፡ ሰይጣን ካብ ደቂ ኣንስትዮ ርሓቑ ይብል። ብዛዕባ ዚ ጾታ ዘይነገሩና ነገር ኣሎ 😂😂😂 ።

ካብቲ ናይ ጽልኢ ዘረባ እኽብካብ ዝተወሰደ

ውፅኢት መፅናዕቲ ንተሳተፍቲ ዓውደ መፅናዕቲ ክቐርብ ከሎ ፣ መብዛሕቲኡ ግዜ ስምምዕነት ዘመልክት ምንቅስቓስ ርእሲ ነይርዎም። ኣብ ዖታዊ መጥቓዕትታት ውሽጢ ሃይማኖታዊ ፅልዋታት ምርኣዮም ኣይገረሞምን። እቶም ተሳተፍቲ ንደቂ ኣንስትዮ ምስ ሰይጣንን ሄዋንን ናይ መጀመሪያ ሃጥያት ምውድዳር ንደቂ ኣንስትዮ ካብ ኢንተርኔት ወፃኢ ሰይጣናዊ ናይ ምምስሳል ዝተለመደ መንገዲ ከምዝኾነ ከምዝኾነን እዞም ካብ ወለዲ ናብ ወለዶ ተሓለሊፉ ዝመፀ ከምዝኾነ ገሊፆም። ሕጂውን ኣብ ኢንተርኔት እናተኻየደን እንደሓየለን እዩ።

ኣድልዎ ሕብሪ ቆርበትን ፀረ-ፀለምትነትን

ሓደ ተሳታፊ ኣብቲ መፅናዕቲ ውሽጢ ዝጎደለ ቁልፊን ሰፊሕ ትንታነ ኣብ ሕብሪ ቆርበት ዝተመስረተ ኣድልዎ ወይ ፀረ-ፀለምትነት ከምዝኾነ ጠቒሙ እዩ። እዞም ኣብ ታሪኻዊ ፣ ማሕበራውን ባህላውን ክብርታት ዝተመስረተ ኮይኑ ኣብ መዓልታዊ ህይወት ውሽጢ ኣናእሸተይ መጥቓዕትታትን ኣድልዎን የስዕብ።

ርእይቶ ወሃብቲ ኢትዮጵያ ዋላኳ ንመግዛእቲ ኢዳ እንተዘይሃበት ሕጂውን ብናይ ምዕራባውያን ፅባቐ ሓሳባት ፅልዋ ከምዝበፅሐን መረኸብቲ ብዙሃን ነዚ ርእይቶን ናይ ፅባቐ መዐቀኒታት ከምዘደልድል ይዝረቡ። ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ተሳታፊ ከምዝገለፆ ፅዕድው ዝበለ ቆርበት ሓደ ሓደ ግዜ ምስ ዝያዳ ፅባቐ፣ ዕድላት ዘለዎን ሃብታምን ምኳን ዝተኣሳሰር እዩ። ንሱ ወሲኹ ፀሊም ቆርበት ዘለዎም ሰባት መብዛሕቲኡ ግዜ ግፍዕን ምግላልን ከምዝበፅሖም ተዛሪቦም።

ናይ ዩትዩብ ተፅዕኖ ፈጣሪ ወይኒ ተስፋይ ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ዘሎ ናይ ሕብሪ ቀለም ኣመለኻኽታ ምኽንያት ርእይቶኣ ክትገልፅ ከላ ሕድሪ ባርነት ኣብ " ፀረ-ፀለምቲ" ኩነታት ኣበርክቶ ከምዝገበሩ ጠቍማ እያ። ብዝገርም ኩነታት ብዙሓት ኢትዮጲያውያን ንነብሶም "ፀለምቲ" ኢሎም ከምዝፅውዑ ገሊፃ። ይኹን እምበር ኣርዕስቲ ባርነት ብዙሕ ግዜ ዕሽሽ ዝበሃል ጥራሕ ዘይኮነስ ብጣዕሚ ኣካታዒ እዩ። ብዚ ናይ ዩትዩብ ምኽንያት ኣብ ሬዲት ናይ ፅልኢ ዘረባ ክበፅሓ ገይሩ።


ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ተሳተፍቲ ወሲኾም ኩሉ ግዜ ኩሉ ነገር ቀጥተኛ ከምዘይኮነ ገሊፆም። ንኣብነት ውልቀሰባት " ኣዝዩ ፃዕዳ" ተባሂሎም ተተወሲዶም፣ ካብ ኢትዮጵያ ከምዘይኾኑ ወይ ካብ ወፃኢ ሃገር ከምዝኾኑ ስለዝሕብር ደቂ ኣንስትዮ ንምጥቓዕ ምኽንያት ክኸውን ይኽእል እዩ። ካብ ዝመፀሉ አካባቢ ተዝውሰድ ሓደ ሓደ ግዜ ፀለም ቆርበት ካብ ኣሉታዊ ንላዕሊ ንኢትዮጵያዊነትን ኣፍሪካውነትን ከምዝውክል ገሊፆም።

ኢ.ኣ ኣብ 2023 ብዝተገበረ ዓውደ መፅናዕቲን ኣብ ጠረጴዛ ዙርያ ዘተን ፣ ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ኢትዮጵያ ማሕበረሰብ ውሽጢ ኣብ ውልቀሰባት ኣድልዎ ዝፈጥሩ ቁልፊ ቃላት ኣቕሪቦም። እዞም ነዚ ዓውደ መፅናዕቲ ዝተዳለወ ስነ-ቃል ዝፈጠረ ኮይኑ ብሕብሪ ቆርበት ምኽንያት ንምግላል ዝጥቀምሉ ቃላትን የጠቓልል። ንኣብነት ባርያ - ትርጉሙ ድማ ተጎዓዚ ሰራሕተኛ ማለት ኮይኑ መብዛሕቲኡ ግዜ ንፀሊም ቆርበት ዘለዎም ኢትዮጵያውያን ንምምልካት ዝውዕል እዩ። ሻንቅላ ድማ ንውልቀሰባት ዘንቋሽሽ ቃል ኮይኑ መብዛሕቲኡ ግዜ ምስ ፀሊም ቆርበት ዝተኣሳሰር እዩ።

ውፅኢት ናይቲ መፅናዕቲ ናይ ፆታን መንነትን ድምር ውፅኢት ዝኾኑ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝበፅሑ ፍሉይ ናይ መጥቓዕቲ ዓይነታት ዘጉልህ እዩ። እዚ ድማ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ኣብ ኢንተርኔት ዝበፀሐን መድሎታት ዝፍፀምሉ ብዙሕ መንገድታት ዘርኢ እዩ።

## 4.5 ምስ ካልኦት መሰረት ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባ ምውድዳር

ናይዚ መፅናዕቲ ቀንዲ ትኹረት ብቴክኖሎጂ ሓገዝ ፆታን መሰረት ዝገበረ መጥቓዕትታት እኳ እንተኾነ፣ ናይ ኢትዮጵያ መንግስቲ ናይ ፅልኢ ዘረባ ኣዋጅ መሰረት ብምግባር ፣ ሲ.ኣይ.ኣር ዝተፈላለዩ ካልኦት ዝተሓለዉ ናይ መንነት ጉጅለታት ዒላማ ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባ ፈልዩ እዩ። እዚ ክፍሊ ናይ ስርዓተ ፆታ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ምስ ብሔር፣ ሃይማኖት፣ ዓሌትን ስንክልናን ብምንፅፃር ብምትንታንን ኣብ ኢትዮጵያ ኢንተርኔት ነይ ፅልኢ ዘረባን ዝተሓላለኸ ገፅታ የርእይ (ኣብ ታሕቲ ስእሊ 14 ይርአዩ)። ናይቲ መፅናዕቲ ውፅኢት ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ኣብ ዘጋጥሞም ናይ ፅልኣ ዘረባ ዓይነታትን ኣብቲ ዓውዲ ንፁር ፍልልይ የርእይ።




ስእሊ 14፡ ካብ ሓሣባዊ መዋቕር ሃበሬታ ፕሮቶኮል ዝተወሰደ፡ ዝተፈላለዩ ዕላማታት ዝገልጽ ከምቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኣዋጅ ጽልኢ ዘረባ 'ዝተሓለዉ ባህርያት' ዝገልጾ።

እቲ ትንታነ ምስ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ብምንፅፃር ኣብ ብሔራት ዝፍፀሙ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዓይነታትን የርእይ። ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ካብ ብሔር ብሔረሰባት ንላዕሊ ንምፍርራሕ ወይ ንመጥቓዕቲ ዘረባታት ናይ ምቕላዕ ዕድለን ዝነኣሰ እዩ፤ ግን ከኣ ብዝተመጣጠነ መልክዑ ኣብ ስርዓተ-ፆታ ዝምልከት ስሑት ኣረኣእያን ለግዒ ዘለዎ መፅላእቲ ይበፅሑን። ንኣብነት ናይ ብሔርን ፖለቲካን ውህደት ቀስቓስቲ ዘረባታት ብምቕፅፃል ፣ ካብ ዝተፈላለየ መንነት ዝመፁ ሰባት ሀገሮም ጠሊሞም ወይ ምስ ናይ ወፃኢ ሓይልታት ተሰሊፎም ክባልዑ ገይሩ እዩ። ከም "ባንዳ"ን "ከሓድቲ"ን ታሪኻዊ መውቐሲታት ቃላትን ከምቲ ኣብ ሞንጎ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን (ህወሓት) ሓይልታት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኵናት ኣብ ዝነበረሉ እዋን (ኣብ ሕዳር 2020 ዝጀመረ) ከምዝተረኣየ ኣብ ሓቀኛ ዓለም ዕግርግር ንምልዕዓል ዝተዓጠቑ እዮም።

ብተወሳኺ እውን ሃይማኖታዊ ዘረባታት ፅልኢታት ምኽንያታዊ እዩ ኢልካ ክእመን ንምግባር ብተደጋጋሚ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ከም "ዲያብሎስ"ን "ከሓዲ"ን ዝአመሰሉ ቃላት ብዝተሓሓዘ ናይ ጎሳን ፖለቲካን ምክፍፋል

ዘጠኸናሩን እዮም። እዞም ናይቲ መፅናዕቲ ውፅኢታት ኣብ ኢትዮጵያ ቀፃልነት ዘለዎ ናይ ፖለቲካ ፣ ጎሳን ሃይማኖት ውጥረታት ዘንፀባርቕን ዘጉልሕን ናይ ፅልኢ ዘረባን ዕሙቕ ምትእስሳር ባህሪ የርእዩ።

እቲ ትንታነ ምስ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ብምንፅፃር ኣብ ብሔራት ዝፍፀሙ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዓይነታትን የርእይ። ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ካብ ብሔር ብሔረሰባት ንላዕሊ ንምፍርራሕ ወይ ንመጥቓዕቲ ዘረባታት ናይ ምቕላዕ ዕድለን ዝነኣሰ እዩ፤ ግን ከኣ ብዝተመጣጠነ መልክዑ ኣብ ስርዓተ-ፆታ ዝምልከት ስሑት ኣረኣእያን ለግዒ ዘለዎ መፅላእቲ ይበፅሖን። ንኣብነት ናይ ብሔርን ፖለቲካን ውህደት ቀስቓስቲ ዘረባታት ብምቕፅፃል ፣ ካብ ዝተፈላለየ መንነት ዝመፁ ሰባት ሀገሮም ጠሊሞም ወይ ምስ ናይ ወፃኢ ሓይልታት ተሰሊፎም ክባልዑ ገይሩ እዩ። ከም "ባንዳ"ን "ከሓድቲ"ን ታሪኻዊ መውቐሲታት ቃላትን ከምቲ ኣብ ሞንጎ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን (ህወሓት) ሓይልታት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኲናት ኣብ ዝነበረሉ እዋን (ኣብ ሕዳር 2020 ዝጀመረ) ከምዝተረኣየ ኣብ ሓቀኛ ዓለም ዕግርግር ንምልዕዓል ዝተዓጠቑ እዮም።


ብተወሳኺ እውን ሃይማኖታዊ ዘረባታት ፅልኢታት ምኽንያታዊ እዩ ኢልካ ክእመን ንምግባር ብተደጋጋሚ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ከም "ዲያብሎስ"ን "ከሓዲ"ን ዝአመሰሉ ቃላት ብዝተሓሓዘ ናይ ጎሳን ፖለቲካን ምክፍፋል ዘጠኸናሩን እዮም። እዞም ናይቲ መፅናዕቲ ውፅኢታት ኣብ ኢትዮጵያ ቀፃልነት ዘለዎ ናይ ፖለቲካ ፣ ጎሳን ሃይማኖት ውጥረታት ዘንፀባርቕን ዘጉልሕን ናይ ፅልኢ ዘረባን ዕሙቕ ምትእስሳር ባህሪ የርእዩ።

### 4.5.1 ምንፅፃር ዓይነት ናይ ፅልኢ ዘረባ ምስ ካልኦት መንነታዊ ጉጅለታት

ብዝተፈላለዩ መንነታዊ ጉጅለታት ሞንጎ ናይ ፅልኢ ዘረባ ብኸመይ ክግለፅ ከምዝኽእል ንምርዳእ ሲ.ኣይ.ኣር ኣብቲ ምእካብ መረዳእታታት ውሽጢ ብሰፊሑ ዝርከቡ ጉጅለታት ማለት ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ፣ ደቂ ተባዕትዮ ፣ ተጋሩ ፣ ኣምሓራን ኦሮሞን ዘጋጠሞም ናይ ፅልኢ ዘረባ ኣነፃፂሩ። (ስእሊ 15 ይርእዩ።) ናይ ፅልኢ ዘረባ ብኽልቲኦም ጉጅለታት ብሰፊሕ ዝተረኣየ ናይ ፅልኢ ዘረባ ዓይነት እዩ ነይሩ። ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድ ተጋሩ (44.1 %)፣ አምሓራ (33.7 %) ን ኦሮሞ (31.7 %) ብቑሩብ ዝለዓለ ፀርፊ ኣተኣናጊደን እየን። ይኹን እምበር እቶም ፀርፍታት ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ካብዝበፅሑ ናይ ፅልኢ ዘረባታት 56 % ብምትሓዝ ዝለዓለ ብፅሒት ይህዝ።

ተጋሩ፣ ኣምሓሩን ኦሮሞን ካብ ፆታዊ ጉጅለታት ኣንፃር ቑሩብ ዝለዓለ ናይ ምፍርራሕ ዘረባታት የስተኣናግድ። ብፍላይ ናይ ትግራይ ተወለድቲ በዚ መዳይ ክጥቕዑ 20.4 % ዝኾኑ ንዖዖም ዒላማ ዝገበሩ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ምፍርራሕ ዝሓዙ እዮም። ብኣንፃሩ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ብተነፃፃሪ ካብ ዝበፀሐን መጥቓዕትታት ምፍርራሕን ዝነኣሰ (9.6 %) ደረጃ ይህዙ።

ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ደቂ ተባዕትዮን ምስ ብሔር ጉጅለታት ክነፃፀር እንከሎ ዝነኣሰ መንነቶም ምስ ሕማቕ ባህሪ ዝተኣሳሰር ናይ ፅልኢ ዘረባ ይበፅሖም። ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን (25.8 %) ምስ ደቂ ተባዕትዮ (18.9 %)፣ ኣምሓራን (23.7 %)፣ ተጋሩ (15.6 %) ክወዳደር እንከሎ ብዝበለፀ ናይ ኣተሓሳስባ፣ ብማሕበራዊ ረኽብን ብኣካላዊ ብቕዓት ዝነኣሱን ከምዝኾኑ ዝገልፁ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ይበፅሖም። ይኹን እምበር ነዚ ዓይነት ናይ ፅልኢ ዘረባ ብሰፊሕ ዘተኣናግዱ ኦሮሞ (26.1 %) እዮም።





ስእሊ 15፡ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር. እኩብካብ መረዳእታ: ዓይነታት ናይ ጽልኢ ዘረባ ብጉጅለ መንነት ዘርኢ ባር ቻርት።

### 4.5.2 ናይ ፅልኢ ዘረባ ዓውዲ ምስ ካልኦት መንነታዊ ጉጅለታት ክነፃፀር ከሎ

ናይ ፅልኢ ዘረባ ዓይነታት ኣብ ሞንጎ እቶም ጉጅለታት ፍልልይ ዘርእዩ እንተነበሩ ናይቲ መጥቓዕቲ ፈፃሚ ስምዒት ዝገልፅ ናይ ፅልኢ ዘረባ ዓውዲ ንፅፅር ግን ዘይነፃፀሩን ዝተሓላለኹን ውፅኢታት ኣምፂኡ እዩ። ኣፀያፊ ናይ ፅልኢ ዘረባ ኣብ ኩሎም ንኡሳን ጉጅለታት ብሰፊሕ ዝረአ እንተኾነም ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ብንፅፅር ካብ ዝበፅሖን መጥቓዕትታ ውሽጢ (35.7 %) ካብ ኣምሓራን (35.2 %) ኦሮሞን (35.3 %) ዝለዓለ ብዝሒ ይሕዙ። ደቂ ተባዕትዮን (57.2 %) ተጋሩ (44.7 %) ናይዚ ናይ ፅልኢ ዘረባ ዓውዲ ዒላማ ነይሮም።

ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን (32.6 %) ካብ ኣወዳትን (16.9 %) ተጋሩ (18.0 %) ንላዕሊ ምስ መንነቶም ዝተሓሓዘ ዝተስሓሓቱ ኣመለኻኽታት ዝሓዙ ዘረባታት የስተኣናግድ። ይኹን እምበር ኣምሓሩ (32.6 %) ን ኦሮሞን (34.8 %) ብንፁር ናይ ከምዚ ዓይነት ዘረባታት ከስተኣናግዱ እዚ ብብሔር መንነት ዙርያ ክንደይ ግጉይ ኣረኣእያ ከምዘለዉ የርእይ እዩ።

ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ንፆትኦንን መልክዐንን ዒላማ ዝገበረ ናይ ለግዒ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ብሰፊሑ የስተኣናግድ (20 %)። እዚ ድማ ናይዚ ናይ መጥቓዕቲ ዓውዲ ብዝተፈላለየ መልክዑ ምስ ፆታ ዘለዎ ርኽብ የርእይ። ናይ ትግራይ ተወለድቲ ካብ ካልኦት ንኡሳን ጉጅለታት ብዝበለፀ ዝለዓለ ፀልኢ መልዓሊ ዝኾኑ ዘረባታት ይበፅሖም (30%)። እዚ ዘርእዮ ብፍላይ ናይ ፖለቲካ ጎንፂ ኣብ ዝህልው እዋን ብሔራዊ መንነት ፅልኢ መልዓሊ ዝኾኑ ዘረባታት ክገድድ ከምዝክእል እዩ።




ስእሊ 16፡ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር. እኩብካብ መረዳእታ: ብጉጅለታት መንነት ዝተፈላለየ ስምዒታት ናይ ጽልኢ ዘረባ ዘርኢ ባር ቻርት።

### 4.5.3 መብራርሂ

ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ናይ ብሔር ጉጅለ ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ዘለዉን ሕብረተሰብ ኣረኣእያን ናይ ፖለቲካ ሃዋህውን ዝተሓላለኸ ምኧኑ ብዘርኢ መልክዑ ናይ ፅልኢ ዘረባ ግድያት ይኾኑ።

ናይ ዓሌት ፍልልይን ፅልእን

መረዳእታ ከምዘርእዮ ፆታ መሰረት ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ብፀርፊ፣ ብለግፂን ብተስሓሓቱ ኣተሓሳስባ ብምጥቓም ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ብብዝሓት ይጥቐዑ። ከም ተጋሩ ዘለዉ ብሔር ዝበፅሑ መጥቓዕትታት ምፍርራሕን ፅልኢ መልዓሊ ዝሓዙን ካብ ፖለቲካ ፍፃመታት ዝተኣሳሰሩ እዮም። እዞም ኣብ ኣምሓራ ክልል ዘለዉ ጎንፅታት ዓይነት ፖለቲካ ፍፃመታት ኣብ ኢንተርኔት ብዘለዉ መድረኽ ፅልዋ ከምዘሕድሩ ከምዘርእዩ ንናይ ሲ.ኣይ.ኣር ናይ ቅድሚ መፅናዕቲ ዝድግፍ እዩ።

ኣብቲ ሒጃብ ምኽልኻል ወቕቲ ከምዝተርኣየ ኣብ ኢንተርኔት ዘለዉ ጥቕዓታት ኣብ ትክክለኛ ዓለም ተፅዕኖ ይፈጥር። ናይ ብሔር ፅልዋታትን ፅልኢ ዘረባታትን ኣብ ኢንተርኔት ንምርኣይ ሓደ ብሔር ምስ ካልእ ብሔር ዘባእሱን ዘዋርዱን ቋንቋታት ምርኣይ ይከኣል። አድጊ፣ ባንዳ፣ ከሓዲ ዝኣመሰሉ ንብሔር ዝምልከቱ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ኣብ ኢትዮጵያ አንተርኔት መድረኽ ዝተስፋሕፍሑ ምኧኖም የርእይ።

ብፍላይ ኣብ ሞንጎ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን (ህወሓት) ሓይልታት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኲናት ኣብ ዝነበረሉ እዋን "ባንዳ" ዝብል ቃል ንተጋሩ ዒላማ ንምግባር ተባሂሉ ኣብ ጥቕሚ እንተውዕል ናይ መንበሪ ኣድራሽኦም ከይተረፈ አብ ማሕበራዊ መራኸብታት ይዝርጋሕ ኔሩ። ድሕሪኡ ድማ ሰባት ይሃድንዎምን ይቀትልዎምን ነይሮም። ንኣብነት ናይ መቱ ዩኒቨርሲቲ መምህር ኣብ ፌስቡክን ኣብ ካልኦትን ጎስጓስ ድሕሪ ምክያዶም ኣብ ኣምሓራ ክልል ተቐቲሉ እዩ። ሓደ ተሳታፊ ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ከም ዝበሎ "ባንዳታት" ፈልዩ መንነቶምን ኣድራሽኦምን ዘካፍል

ናይ ዩትዩብ ተጠቃሚ ነይሩ እዩ። እዚ ጋዜጠኛ እየ ዝብል ውልቀሰብ ናይ ሰባት ገዛውቶም ብቪድዮ ብምልቓቕ እቶም ተመልከቲ ጉድኣት ንኽብፅሖ የለዓዕል ነይሩ። ናይ ሲ.ኣይ.ኣር ሰራሕተኛታት እዚ ነገር ብምፅራይ እቶም ተሳተፍቲ ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ዝሃብዎ ሓሳባት ኣረጋጊፆም። እዞም ተንቀሳቐስቲ ምስልታት ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ኣብ ዩትዩብ ኣለዉ እዮም። (እቶም ምንጭታት ንድሕንነቶም ተባሂሉ ስሞም ኣይተገለፀን።)

እቲ ፅንዓት ብተወሳኺ ኣብ ብሔር ዘተኮሩ ፅልኢታት ካብ ቲክቶክ ንላዕሊ ኣብ ዩትዩብ ከምዝስፋሕፍሕ ኣረጋጊፁ። እዚ ድማ ኣብ ነፍሲወከፍ ማሕበራዊ መራኸብታት ዘለዉ ፍልልያት ምኽንያት ክኾን ይኽእል። ኣብ የትዩብ ዘለዉ ነዊሕ ተንቀሳቓስቲ ምስልታት ናይ ፖለቲካ ትሕዝቶታት ዝምቹ ስለዝኾኑ ኣብ ብሔር ዘተኾረ ጥቕዓታት በሪ እንትኸፍት ቲክቶክ ድማ ኣብ መዘናግዕቲ ዝተኾሩ ተንቀሳቐስቲ ምስልታት እንትኾኑ እዚ ዓይነት ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዘየበረታትዑ ይኽእሉ።

ዝምድና ብሔርን ፖለቲካን

ምስ ፖለቲካዊ ኣረኣእያታት ዝተሓሓዙ ንመንግስቲ ዝነቕፉን ዝድግፉን ባእሲ ቀስቐስቲ ዝኾኑ ዘረባታት ኣብ ምእካብ መረዳእታ ግዜ ብሰፊሑ ተራእዮም እዮም። መንግስቲ ኢትዮጵያ ንናይ ፅልኢ ዘረባ ካብ ዝሃቦ ትርጉም “ፖለቲካዊ መንነት ወይከኣ ኣረኣእያ” ከም ዝተሓለወ መንነት ዘጠቓልል እኳ እንተኾነ እቶም ጥቕዓታት ናብ ምጥቓዕ ብሔርን ሃይማኖትን እንትሰግሩ ሲ.ኣይ.ኣር ኣብቲ መረዳእታ ኣካቲትዎም እዩ። ኣብዚ ፅሑፍ እዚ ከም “አድጊ”፣ “ከሓድቲ”፣ “ባንዳ”ን “ናይ ምኒልክ ደገፍቲ” ዝብል ቋንቋታት ተጠቒሞም እዮም። ሓደ ሓደ ናይ ፖለቲካ ሰባት ብናይ ፖለቲካ መርገፂኦም ጥራይ ዘይኮነስ ብብሔሮም እውን ፀርፍታት ይበፅሖም እዩ። ከምዚ ዓይነት ጥቕዓታት ንገለ ገለ መራሕቲ “ሃገሮም ሸይጦም” ወይ “ንናይ ወፃኢ ሃገር ኣሕሊፎም ከምዝሃቡ” ተገይሩ ይውሰድ። ኣብ ናይ ፖለቲካ ሰባት ዝግበሩ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ናብ ኣጠቓላሊ ናይ ብሔር ፅልኢ ይሸጋገር። ንኣብነት ካብዚ ብምቕፃል ዘሎ ፅሑፍ ናይ ፖለቲካዊ ተቓወምትን ናይ መንግስቲ ፀላእቲ ወይ ከሓድቲ ተባሂሎምን ተገይሮምን ብምውሳድ ናይ ፖለቲካዊ ፅልኢ ከመይ ናብ ናይ ብሔር ፅልኢ ከምዝቕየር የርእይ።

> ጌታቸው ረዳን ደብረፅዮንን እንድዕላቶም፤
> ንሳቶም ናይ ግብጻውያን ‘ትሮጃን ሆርስ’ እዮም።

ካብቲ ናይ ጽልኢ ዘረባ እኽብካብ ዝተወስደ

ናይ ኦሮሚያ ክልል ፕሬዝዳንት ኣይተ ሽመልስ አብዲሳ ኣምሓራ ንምጉዳእ ይሰርሕ ኣሎ ዝብሉ ዝተፈላለዩ ናይ ፖለቲካን ብሔርን ፅልኣታት ክበፅሖ ከሎ ንዑኡ ንምጉዳእን ካብ ስልጣን ንክወርድ ዘኽእልዎ መንገዲታትን ዝሕብሩ ርእይቶታት ይቐርቡ። ከም ዓይነት ፅልኢ ዝመልኦ ዘረባታት ኣብ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ መድረኻት ክሳብ ክንደይ ዝተኣሳሰሩ ምዃኑ የርእይ። ንኣብነት ታሪኽ ብገለ ገለ ውግኣትን መራሕትን ብምዝራብ ኣብ ዘርኢ ዝተኾረ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ንኽፍፀም በሪ ይኸፍቱ። ገለ ገለ ናይ ማሕበራዊ ሚዲያ ተጠቐምቲ ንኻልኦት ተጠቐምቲ “ናይ ምኒልክ ደገፍቲ” ብዝብል ዘትሕቱ መልእኽትታት ይፅሕፉ ነይሮም። ኣብቲ ግዜ ዓውደ መፅናዕቲ ሓደ ተሳታፊ እዚ መደረ ኣብ ብሔር ዘተኾረ ፀርፊ ከይኮነስ ናይ ፌዴራሊዝም ተቓወምቲ ሰባት ንምግላፅ ዝውዕል ዘረባ ከምዝኾነ ተዛሪቡ።


ናይ ሃይማኖት ተራ

ኣብ ኢትዮጵያ ሃይማኖት ምስ ናይ ፅልኢ ዘረባ ምሕዋስ ዝተለመደ እዩ። እዚ እውን ካብ ሃይማኖታዊ ታሪኽን ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ዘለዉ ማሕበረሰባት ሃይማኖቶም ዝበልፀገ ውፅኢት እዩ። ዋላ እኳ ካብቶም ላዕሊ ዝተገለፁ 5 ናይ መጥቓዕቲ ዒላማ ሃይማኖት እንተዘይሃለወ ኣብ ሓደ ሓደ ብሔራትን ፖለቲካዊ ጉጅለታትን ዒላማ ዝገበሩን ከፋፊልቲ ዝኾኑ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዝለዓለ ተራ ኣለዎ። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገለፀ "ሰይጣን" ዝብል ቃል ኣብ ዝተወሰኑ ብሔራት ንምጥቃዕ ኣብ ጥቕሚ እንትውዕል እዚ ድማ ኣብ ሃይማኖትን ብሔርን ዘሎ ርኽብ ዘርእይ እዩ። ብተወሳኺ እውን ሰባት "ከሓድነት" ፣ "እምነት ዘይብሎም" ወይ " ሰይጣናውያን" ኢልካ ምፅዋዕ ኣብቲ ዝተተርጎመ ናይ ፅልኢ ዘረባ መረዳእታ ብሰፊሑ ዝተረኣየ ኮይኑ ሃይማኖታዊ ቋንቋ ካብ ዒላማ ምኧን ሓሊፉ ብባዕሉ ኣብ ካልኦት ፅሑፋት ዝጥቀመሉ ከምዝኾኑ የመልክት።

> ሃይማኖታዊ ቃላትን ውንጀላታትን ኣብ መዓልታዊ ዝርርባት ልሙድ እዩ - እዚ ኣብ ኢንተርኔትን ካብ ኢንተርኔት ወጻኢን ንቡር እዩ።
>
> ተሳታፊ ዓውደ መጽናዕቲ፡ አ .አ 2025

## 4.6 ኣብ ዖታ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶ ዘውግታት ዝረኣዩ ናይ ፅልኢ ዘረባታት

ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ትሕዝቶ ዘውግታት ዘለዉ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ድሕሪ ምፅንዑ ትሕዝቶ ፈጠርቲ ዝኾኑ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዝተፈላለዩ ዓይነታት መጥቓዕቲ ከምዝበፅሖም ተመልኪቱ እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ማሕበራውን ኣነባብራን ትሕዝቶታት ዝበዝሐ ፀርፍን ዘዋርድን ናይ ፅልኢ ዘረባታት ክቃልዑ እንከለዉ ፣ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ኣብ ቴክኖሎጂ ፣ ሃይማኖት ፣ ዓሌትን ዝተኣሳሰር ናይ ትሕዝቶ ፅልኢ ይበፅሖም። ኮሜዲ፣ ሙዚቃ፣ መዘናግዕን ፖለቲካን ኣብ ሞንጎ ዖታ ተመጣጣኒ ምትሕውዋስ ዘለዎ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ኣርእዩ እዩ። እዚ ዘርኣዮ ትሕዝቶ ናይቲ ተንቀሳቓሲ ምስልን ትሕዝቶ እቲ ምስሊ ለጣፍ ዖታ ናይቲ ፓስተርን ኣብ ናይ ፅልኣት ዘረባ ትሕዝቶ ፅልዋ ከምዘለዎ የርእይ።




ስእሊ 17፡ ናይ ሲ.ኣይ.ኣር. እክብካብ መረዳእታ: ብናይ ቪድዮ ትሕዝቶ ቅዲ ብደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ፈጠርቲ ትሕዝቶ ዝቐበልዎ ዝተፈላለየ በዝሒ ናይ ጽልኢ ዘረባ ዘርኢ ባር ቻርት።

### 4.6.1 ዝተፈላለዩ ትሕዝቶ ዘዳልው ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን

ሲ.ኣይ.ኣር ብዝበለፀ ናይዞም ትሕዝቶታት ፍልልያት ንምድህሳስ ብዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ዝሰርሑ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዝበፅሑ ጥቕዓታት ኣነፃፂሩ እዩ። እቶም ረኺብታት ድማ ነቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝተረኸበ ውፅኢት ናይቲ መፅናዕቲ ዘጠናኽሩ እዮም። ኣብ ኢንተርኔት ንዝካየዱ ጥቕዓታት ንምኽልኻል ኣብ ስርዓተ-ፆታ ዘማእኸለ ለውጥታትን ኣብ ነፍሲወከፍ ትሕዝቶታት ኣከያይዳ የድልዩ። ኣብ ኩለመዳያዊ ዘውግታት ዘለዉ ረኸብታት ካብ ቅድሚ ሕጂ ዝተበፅሑ መደምደምታት ዘጠናኽሩ እዮም። ደቂ ኣንስትዮ ድማ ትሕዝቶ ፈጠርቲ ካብ ዘልዕልዎ ኣርእስትታት ኮነ ኢልካ ኣብ ዝግበር ናይ ንዕቐት ዘረባታት ግድያት ይኾና። (ስእሊ 18 - 21 ይርኣዩ።) ናብ ደቂ ተባዕትዮ ኣዳለውቲ ዝቐንዑ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ብትሕዝቶኦም ዝተፈላለዩ ናይቲ ማሕበረሰብ ኣተሓሳስባታት ዘንፀባርቑ እዮም።

*መኻይንን ቴክኖሎጂን*

- ፈጠርቲ ትሕዝቶ ደቂ ኣንስትዮ - ዳታ የለን።
- ፈጠርቲ ትሕዝቶ ደቂ ተባዕትዮ ብዛዕባ መኪናን ቴክኖሎጂን ዘለዎም ሓሳባትን ኣረኣእያን ትሒቶም ተራእዮም።

*ኮሜዲ፣ ሙዚቃን መዘናግዒን*

- ደቂ ኣንስትዮ ትሕዝቶ ፈጠርቲ ካብ ክንዲ ቐጥታዊ መጥቓዕቲ በቲ ጉዳይ ካብ ቁምነገር ዘይወስዱ ንዕቐትን ኣዋረድቲ ዘረባታትን ይበፅሖም።

- ደቂ ተባዕትዮ ፌጠርቲ ትሕዝቶታት ውልቃዊ መጥቓዕትታት የጋጥሞምን ብወገናዊነት ውንጀላ ይበፅሖምን። ከምኡውን ብመንነቶም ጥራሕ ዘይኮነስ ብማሕበራዊ ግድኦም እውን መጥቓዕቲ ይበፅሖም።

ምስራሕ ምግቢ

- ኣብ ምግቢ ምብሳል ደቂ ኣንስትዮ ግላዊ መጥቓዕትን በቑዓት ከምዘይኮናን ዝገልፁ ርእይቶታት ይበፅሖወን። እዚ ድማ ክረአ እንከሎ ጓይ ኣንስተይቲ ንናይ ቤተሰብ ምግቢ መብሰሊት ከምዝኾነት ዝገብሩ ባህላዊ ኣመለኻኽታታት ዝፃረር እዩ። ሲ.ኣይ.ኣር ነዚ ንምምርማር ውሑዳት ኣብነታት ከርኢ እንከሎ ንደቂ ተባዕትዮ ፌጠርቲ ትሕዝቶ ዝኾኑ ኣብ መልክዖም መጥቓዕቲ ከምዝፍፀም ተረዲኡ። ነዚ ዝሕብር ተወሳኺ ምርምር የድሊ።
- ደቂ ተባዕትዮ ትሕዝቶ ፌጠርቲ መረዳእታ የለን።

ትምህርቲ

- ኣብዚ ቅዲ እዚ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ትሕዝቶ ፌጠርቲ ዝተረኸበ ውፅኢት ኣብ ትምህርቲ ውሽጢ ዘጋጥምወን ፀገማት ዘርኢ እዩ። ደቂ ተባዕትዮ ካብ ደቂ ኣንስትዮ ብዝበለፀ ኣብ ትምህርቲ ዝሓሹ ከምዝኾኑ ዘርእይ ማሕበራዊ ኣረኣእያ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ብቕዓት እምነት ከምዘይብሉ ዝተረኸቡ ዝለዓለ ናይ ኣትሓቲ ዘረባታት በዝሒ እዚ የርእዩ።
- ብተመሳሳሊ ደቂ ተባዕትዮ ትሕዝቶ ፌጠርቲ ብፍልጠቶምን ብተኣማንነቶምን ዝዓለሙ ሕቶታትን ከምኡውን ግልፂ ዝኾኑ ናይ ፅልኢን ቐልድታትን ዝተስሓሓቱ ኣመለኻኽታታት ዝሓዙ ናይ ፅልኢ ዘረባታትን ይበፅሖም። ብኣንፃሩ ደቂ ኣንስትዮ ትሕዝቶ ፌጠርቲ ውሑድ ለግፂን ፀርፍን ኣለዓዓልቲ ዘረባታትን ይበፅሐን። እዚ ድማ ንደቂ ኣንስትዮ ምስ ዘፅልእ ባህሪታት ዘተኣሳስር ዘረባታትን ብበዝሒ ይብፅሐን።

ፋሽን

- ኣብዚ መዳይ ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ትሕዝቶ ፌጠርቲ ኣብ መልክዐን ዝተመስረተ ነቐፌታን ኣብ ባህላዊ ክብርታት ዝተመርኮሰ ፅልኣታትን ይበፅሐን። እቲ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ፌጠርቲ ትሕዝቶ ዝተቓንዐ ላግፅን ዘትሕት ዘረባታትን ኣብ ፋሽን ዘለዉ ኣመለኻኽታታት ካብ ቁምነገር ንኸይውሰድ ይገብር።
- ደቂ ተባዕትዮ ትሕዝቶ ፌጠርቲ መረዳእታ የለን።

ፌመኒዝምን መሰል ደቂ ኣንስትዮን

- ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገለፁ ኣብ ዓውዲ ፌመኒዝምን መሰል ደቂ ኣንስትዮን ዝሰርሓ ደቂ ኣንስትዮ ከም ንባዕለን ረብሓ ምድንፋዕን ናይ ምዕራባውያን ስነ-ሓሳብ ምድንፋዕን ከም ዝሰርሓ ዝብሉ ስውር ዕላማታት ከምዘለወን ተገይረን ይውሰዳ። እዚ ረኽብታት ድማ ነቲ "ንስርዓተ-ፆታ ምውጋእ ኣትሒትካ ክትረአን ምግፋዕን ንኽመፅእ ይገብር" ንዝብል ናይቲ ፅንዓት ውፅኢት የጠናኽር።
- ፌመኒዝም ንናይ መሰል ደቂ ኣንስትዮን ዝድግፍ ወዲ ተባዕታይ ናይ ትሕዝቶ ፌጠርቲ ናይ ፆታ ማዕርነት ብምድጋፎም ጥራይ ተቓውሞ ገጢምዎም እዩ። እዚ ረኽቢ ድማ ነቲ ብተሳተፍቲ ዓውደ መፅናዕቲ ዝተልዓለን ደቂ ተባዕትዮ ፌመኒዝም ክድግፉ ከለዉ ዝበፅሖም ናይ ፅልኢ ዘረባታትን ዘረድእ ሓሳብ የጠናኽር። ንፆታዊ ማዕርነት ብኣብዝሓ ግዜ ኣብ ፆታ ዝተመስረቱ ኣዳልዎታትን ተኣማንነታትን ዘጠራጥሩ ዘረባታት የተኣናግዱ።

ፖለቲካን ዜናን

- ኣብዚ ቅዲ ሓሳበን ዝገልፃ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ መዘንአን ክወዳደር እንከለዋ ሽመን ጠፊኡ እዩ። ዘልዕልኦ ሓሳባት እውን ተቐባልነቱ ዝተሓተ እዩ ነይሩ። ዝለዓሉ ኣፀያፍትን ባእሲ ቀስቐስትን ዝኾኑ

ዘረባታት ብምርካበን ኣብዚ ዓውዲ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ክሳብ ክንደይ ቐጥታ ዝኾኑ ዓመፅ ከምዚጋጥመን የርእይ።


- እዚ መፅናዕቲ ከምዘመልክቶ ኣብ ቅዲ ዝተሳተፋ ደቂ ተባዕትዮ ቐጥታዊ ዝኾኑ ፀርፍን ምፍርራሓትን ከምዚጋጥሞም ይገልፅ። እዚ ድማ ደቂ ተባዕትዮ ብሓሳብ እምነቶም ጥቕዓት ከምዝበፅሖም ኣብ ዘርእይ ኣቐዲሙ ዝተረኸበ ረኽብታት ዘጠናኽር እዩ።

ሃይማኖት


- ኣብ ሃይማኖታዊ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትሕዝቶ ፈጠርቲ ነቲ ባህላዊ ናይ ወዲ ዓብላላይነት ኣብ ምቕያር ዝትተሓሓዘ ዝለዓለ ጥቕዓት ይበፅሐን። ደቂ ኣንስትዮ ምስ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ንምዝታይ ብቕዓት ከምዘይብለን ተገይሩ ይውሰድ።
- ኣብዚ ቅዲ እዚ ዝሳተፉ ደቂ ተባዕትዮ ተኣማንነቶም ኣብ ሕቶ ይኣቱ። ኣረኣእያኦም ኣትሒትካ ይረአን ተቐባልነት እውን ኣይረኽቡን ነይሮም። እዚ ድማ ብሰንኪ ስነ-ሓሳባዊ ፍልልያት ዓለም ናይ ሃይማኖታዊ ሓሳባቶም ኣብዘይ ምቕባል ዝመፀ ክኾን ይኽእል።

ጉዕዞ


- ደቂ ኣንስትዮ ፈጠርቲ ትሕዝቶ - ሓበሬታ የለን።
- ኣብ ቅዲ ጉዕዞ ዝሰርሑ ደቂ ተባዕትዮ ካብ ዝተወሰኑ ባህልታት ምስ ናይ ፖለቲካዊ ሓሳባት ፅልኣት ይበፅሖም።





ስእሊ 18፡ ብደቂ ኣንስትዮ ፈጠርቲ ትሕዝቶ ዝበፅሖም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጽልኢ ብዓይነት ቅዲ ዘነጻጽር ባር ቻርት።




ስእሊ 19፡ ብደቂ ተባዕትዮ ፈጠርቲ ትሕዝቶ ዝበፅሖም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጽልኢ ብዓይነት ቅዲ ዘነጻጽር ባር ቻርት።




ስእሊ 20፡ ብደቂ ኣንስትዮ ፈጠርቲ ትሕዝቶ ዝበፅሖም ዝተፈላለዩ ስምዒታት ጽልኢ ብዓይነት ቅዲ ዘነጻጽር ባር ቻርት።




ስእሊ 27፡ ብደቂ ተባዕትዮ ፈጠርቲ ትሕዝቶ ዝበፅሖም ዝተፈላለዩ ስምዒታት ጵልኢ ብዓይነት ቅዲ ዘነጻጽር ባር ቻርት።

### 4.7 ኣብ ኢንተርኔት ጥቕዓት ዘብፅሑን ወይ ዝጥቕዑ ፈጠርቲ ትሕዝቶ

ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ናይ ፅልኢ ዘረባ ዝተዋፈሩ ኣካውንትታት ንባዕሎም ናይ ኢንተርኔት ጥቕዓት ኣተኣናጊዶም ድዮም ኣይኮነን ንምፍላጥን ኣብ ኣካውነትንት ቲክቶክን ቻናላት ዩትዩብን ብዕምቖት ኣፅኒዑ እዩ። ሲ.ኣይ.ኣር ከም ለኣኸቲ ይኹን ተቐበልቲ (በቲ ናሙና ትንተና ትሕዝቶኦም መሰረት) ኢሉ ከፋፊልዎም። ኣብ ኢንተርኔት ለኣኺ ይኹን ተቐባሊ ወይ ክልቲኡ ይኹኑ ኣይኹኑ ኣብቲ ቦርድ ተመሳሳሊ ዝንባለ ስለዝነበሮም እዚ ግምት ልክዕ ኣይነበረን።

# 5 መጠቓለሊ

ኣብ ኢትዮጵያ ብቴክኖሎጂ ዝተደገፋ ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓታት ጎዳእቲ ፣ ዝተስፋሕፍሑን ሱር ዝሰደዱ ናይ ስርዓተ-ፆታን ዝተስሓሓቱ ኣመለኻኽታታትን ብጣዕሚ ዝተሓላለኹ እዮም። ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ድምፀን ንኸይስማዕን ኣብ ማሕበራዊ ህይወተን ዘለወን ተሳትፎ ንክቕንስ ዝገብሩ ከም ፀርፊ፣ ፅልኣታትን ኣዋረድትን ዝኾኑ ዘረባታት የጋጥመን እዩ።

ካብ ኢትዮጵያውያን መዳርግቲ ኣካላት ንዝቐርበሎም ፃውዒት ምላሽ ንምሃብ ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ቲክቶክን ኣብ ዩትዮብን ኣብ ቴክኖሎጂ ዝዓጠቐ ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓታት መፅናዕቲ ገይሩ እዩ። ኣብ መረዳእታ ዝተመርኮሰ ትንተናታትን ብክኢላታት ዓውደ መፅናዕቲ ዝተመርኮሰ ሓዱሽ ርዲኢታትን ረኺቡ እዩ።

እዚ ፁብፃብ ኣብ ኢትዮጵያ ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዙ ፆታ መሰረት ዝገበሩ ጥቕዓታት ንዘለዉ ናይ መረዳእታ መርትዖታት ብምስፋሕ ውፅኢታዊ ዝኾነ ናይ ፖሊሲ ለውጢ ንምምፃእን ናይቶም ተሚጋቲ ኣካላት ፃዕርታቶም ንምጥንኻር ናይ መዳርግቲ ኣካላት ፍልጠት ዘፅጥቕ እዩ።

> ዕሸሸ እንተተባሂሉ ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቓዕቲ ንደቂ ኣንስትዮ ካብ ማሕበራዊ ህይወት ክድምስስ እዩ።

ተሳታፊ ዓውደ መጽናዕቲ: አ .አ 2025

ደቂ ኣንስትዮ'ን ኣዋልድ'ን ኣብ ቲክቶክን ዩትዩብን ሰፊሕ ጥቕዓት የጋጥመን። ከም ፀርፊ፣ ዘዋርድ ኣብ ስርዓት-ፆታ ጉዳይ ዝተስሓሓቱ ኣመለኻኽታትትን ትሕትና ዘመላኽቱ መልእኽትታት ጎሊሆም ይረኣዩ። ዓመፅ ዝመልአ ቃላት ብኣብዝሓ ግዜ ንደቂ ኣንስትዮ'ን ኣዋልድ'ን ንምድኻም ኣብ ጥቕሚ ይውዕል። ከም ምፍርራሕን ባእሲ ቀስቓስቲ ዝኾኑ ቃላትን ብኣብዝሓ ግዜ እኳ እንተዘይኮነ ግን ሕጅ እዉን ኣብ ኢንተርኔትን ካብ ኢንተርኔት ወፃኢ'ን ንናይ ደቂ ኣንስትዮ ደሕንነት ከቢድ ስግኣት ዝፈጥር እዩ። ኣብ መላእ ዩትዩብን ቲክቶክን ዝነበሩ ዓይነታት ፅልኢ ቅኑዕ እኳ እንተዘይነበረ ዓውደ ፅሑፋቶም ግን ዝተፈላለዩ እዩ ነይሩ። እዚ ድማ ንኽልቲኦም'ን ንማሕበራዊ መራኸቢ ድሕሪ ገፅታት መፍትሒታት ከምዘድልዩ የደልድል። ምስቲ ሲ.ኣይ.ኣር ቅድሚ ሕጂ ዝገበሮ መፅናዕቲ ብምንፅፃር ኣብ ሞንጎ ፌስቡክ፣ ቴሌግራም፣ ኤክስ፣ ቲክቶክን ዩትዩብን ብዙሕ ፍልልይ ከምዘየለ ይሕብር። ተሳተፍቲ ዓውደ መፅናዕቲ ምልክታት ኣጠቓቕማን ትሕዝቶ ምሕደራን ፖሊሲታትን ምኽንያት ክኾን ከምዝኽእል ገሊፆም እዮም።

ንደቂ ኣንስትዮ'ን ኣዋልድ'ን ንምግላልን ንምሕፋርን ዝጥቀሙሎም ዝነበሩ ትረኻታት ንደቂ ኣንስትዮ ካብ ማሕበራዊ ተረኣንን መልክዐንን ነቐፌታ ምግባር ልሙድ እዩ። ኣብ ስልጣን ዘለዋን ኣብ ስፖርታዊ ጉዳያት ዝሳተፉን ደቂ ኣንስትዮ'ን ኣብ ናይ ኣጓላት መሰል ዝቃለሳን ዝተለመደ ናይ ኣነባብራ ብልሓት ዝቃወማ ንደቂ ኣንስትዮ'ን ፀርፍን ምግላልን የጋጥመን። ፌመኒዝም ንናይ ባህላዊ ኣነባብራ ጠንቂ ከምዝኾነን ፌመኒስትታት ድማ ንናይ ኢኮኖማያዊ ረብሖኦም'ን ግብረሰዶማዊነት ንምስፋሕፍሕ ከምዝሰርሑ ተገይሩ ሽሞም ጠፊኡ እዩ። እዚ ትረኻታት ድማ ምስ ምግሃስ ዲጂታላዊ መሰላት ተደሚሩ ንደቂ ኣንስትዮ ስቕ ንምባልን ተሳትፎኦን ዝድርት ማሕበራዊ መድረኻት ንኽፍጠር ምኽንያት ኮይኑ እዩ።

ብተወሳኺ ፅልኢ ከከም ፆቱኡ ብዝተፈላለየ መንገዲ ይግለፅ። ንኣብነት ንደቂ ተባዕትዮ ብተሪር ፆታዊ ተራ ክግደዱ እንከለዉ እቲ ዝበፅሖም ጥቕዓታት እውን ምስ ድኽመትን ወዳ ወዲ ዘይምኻን'ን ዘተኮረ ምስ ፆታዊ ማዕርነት ምድጋፍ ዝመፁ እዮም። ኣወዳትም ኮነ ኣዋልድ ናይ ኢንተርኔት ጥቕዓታት እንትበፅሖም ደቂ ኣንስትዮ ብመልክዐንን ኣብ ማሕበራዊ ተረኣን ጥቕዓት እንትበፅሐን ደቂ ተባዕትዮ ድማ ናይ ፖሊሲ ኣረኣእያኦም ፣ ተግባራቶም'ን ናይ ፖለቲካ ኣመለኻኽትኦም'ን ጥቕዓት ይበፅሖም።

ብኣብዝሓ ንደቂ ተባዕትዮ ዒላማ ዝገብሩ መጥቓዕትታት ናይ ደቂ ኣንስትዮ ፆታ ከም መሳርሒ ምፍርራሕ ይጥቀሙሉ። ብምኻኑ እውን ደቂ ኣንስትዮ ካብቲ ብቐጥታ ካብ ዝበፅሐን ጥቕዓታት ብተወሳኺ ምግላል ብዘበኣእስ መንገዲ ንደቂ ተባዕትዮ ከም መጥቕዒ መሳርሒ ኮይነን እየን።

ይኹን እምበር ንደቂ ኣንስትዮ'ን ኣዋልድ'ን ዒላማ ዝገብሩ ዓመፅን ብዘይምንም ዝፍጠር ዘይኮነስ ምስ ተወሳኺ መንነታት ከም (ብሔር፣ ሃይማኖት ወዘተ) ዘተኮረ ኮይኑ ኣብ ዙርያ እዞም መንነታት ተለዋዊጢ እዩ። ኣብቲ ናይ

መጀመሪያ ትንተና ናይቲ ዓውደ መፅናዕቲ ብከመይ ዖታ፣ ዘርኢ፣ ሃይማኖትን ብናይ ቁርበት ቀለም ኣወሃሂዱ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ክቕረፅ ከምዝኽእል ኣርእዩ እዩ።

ከም ፖለቲካዊ ፍፃመታትን ናይ ዘርኢን ዖታ ፅልኢ ዘረባታት ከበኣእሱ እንከለዉ ሃይማኖታዊ ፍፃመታት (ትረኻታት) ድማ ጎዳእቲ ዘረባታት ንክቕፅሉ ይገብር። ንኣብነት ንደቂ ኣንስትዮ ምስ ናይ ሄዋን ሓጥያት ዘሎ ረኹብታት ንናይ ወዲ ተባዕታይ ልዕልነት ዘቐፅሉን እንትኾኑ ንሙስሊም ደቂ ኣንስትዮ ድማ ምስ ጀለቢያ ምኽዳን ዝተተሓሓዙ ጥቕዓታት ይበፅሑን። ብተወሳኺ ምስ ፀሊም ናይ ቆርበት ቀለም ዒላማ ዝገብሩ ጥቕዓታት ዝተስፋሕፍሑ እንተኾኑ ግን ብኣብዝሓ ዘይተፀንዑ ናይ ጥቕዓት ዓይነታት እዮም።

ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ዘሎ ዝለዓለ ናይ ብሔርን ሃይማኖትን ፍልልይ ነፍሲ ወከፍ ጉጅለ ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ፅልኢ ዘረባታት እንተጋጥም ዘገርም ኣይኮነን። ንኣብነት ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ብሔር ዒላማ ዝገበረ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ክነፃፀር ከሎ ዝነኣሱ ምፍርራሓትን ባእሲ ቀስቓስቲ ዝኾኑ ዘረባታትን ክበፅሐን እንከሎ ኣብ ስርዓት ዖታ ዝተሰሓሓቱ ሓሳብ ዝሓዙ ዘረባታት ቑልድን ዝኣመሰሉ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ብበዝሒ ይበፅሐን እዩ።

ብሔርን ፖለቲካን ቀስቓስቲ ዘበኣእሱ እንከለዉ ንመራሕቲ ድማ ሃገሮም ብምኽዳዕን ምስ ናይ ፅልኢ ሓይልታት ብምስራሕ ብዝብል መጥቓዕትታት ይበፅሖም። ኣብ ሞንጎ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን (ህወሓት) ሓይልታት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኲናት ኣብ ዝነበረሉ እዋን ከምዝተረኣየ "ባንዳ" ን "ከሓዲ" ን ዝብሉ ቃላት ኣብ ናይ ሓቂ ዓለም ናዕቢ ንምልዓል ኣብ ጥቕሚ ይውዕል። ብተወሳኺ "ሰይጣን" ን "ካፊር" ን ዝኣመሰሉ ሕማቓት ምስ ናይ ሃይማኖታዊ ክፍፍል ዘበኣእሱ ቃላት እዮም። እዘም ረኽብታት ኣብ ኢትዮጵያ ንዘለዉ ናይ ፅልኢ ዘረባታት ዝተሓላለኸን ብዙሕ ሸነኻት ዘለዎን ምኧኑ ዘርኢ ኮይኑ መንነት ደቂ ኣንስትዮ ድማ ምስ ፖለቲካዊ፣ ብሔርን ሃይማኖትን ውጥረታት ንምብእኣስ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል።

ኣብ ኢንተርኔት ተፅዕኖ ፈጠርቲ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ምስ ናይ ማሕበረሰብ ባህሊን ቅዱ ትሕዝቶን ዝተኣሳሰረ ዝተፈላለዩ ጥቕዓታት ይበፅሖም። ንኣብነት ኣብ ኢንተርኔት ምስ ናይ ትምህርቲ ዝተተሓሓዘ ትሕዝቶ ዘቕርባ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ዘለወን ተሳትፎ ብዝቕንስ መልክዑ ለግፅን ፅልኢ ዘረባን ክቃልዓ እንከለዋ ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ዝሳተፉ ድማ ዝለዓለ ባእሲ ቐስቓሲ ዝኾኑ ዘረባታት የተኣናግዳ።

ኣብ ትምህርትን ሃይማኖትን ኣተኲሮም ኣብ ኢንተርኔት ትሕዝቶ ዝሰርሑ ደቂ ተባዕትዮ ተኣማንነቶም እንትነፃፀር ንናይ ዖታዊ ማዕርነት ዝቓለሱ ዝለዓለ ተቓውሞ ይበፅሖም። ኣብ ፖለቲካን ሃይማኖትን ዝሰርሑ ደቂ ተባዕትዮ ፈጠርቲ ትሕዝቶ ምስቲ ዝድግፍዎ ኣካል ዝተኣሳሰር መጥቓዕቲ ይበፅሖም። እዚ ውፅኢት እዚ ነቲ ፀገም ንምፍታሕ ነፍሲ ወከፍ ቅዱ ትሕዝቶ ኣብ ዖታ ቅዱ ዘተኮረ መፍትሒ ኣድላዪ ምኧኑ ይሕብር።

ኣብ ኢንተርኔት ዘለዉ ዖታ መሰረት ዝገበሩ ጥቕዓታት ንምክልኻል ናይ ቴክኖሎጂ መፍትሕን ማሕበረሰባዊ ለውጥን ከምዘድልይ ናይቲ ፅልኢ ዘረባ ኣካያድታት የርእይ። ንኣብነት ናይ ቲክቶክ ኣሰራርሓ ተቓውሞ ከስፋሕፍሑ እንከሎ ናይ ዩትዩብ ድማ ምስ ፖለቲካ ዝተተሓሓዙ ኣብ ብሔርን ዖታን ናይ ፅልኢ ዘረባታት ከምዘበኣእሱ ይገብር።

እዚ ፅንዓት ኣብ ምቑፅፃር ትሕዝቶ ዘሎ ቅልውላው ዘጉልህ እንትኾን፣ ኣብ ኢንተርኔት ዘሎ ጥቕዓታት ውሽጢ ዘለዉ ናይ እምነት ምጉዳል ይገልፅ። ናይ ፅልኢ ዘረባታትን ካልኦት ናይ ዖታዊ ጥቕዓታት ንምክልኻል ንምክልኻል መምርሒታት እንተሃለዉ እኳ ኣፈፃፅምኦም ግን ዝተዳኸመ እዩ። ካብ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት ጥንክር ዝበለ ስጉምቲ የድልይ። ዝሓሸ ናይ ትሕዝቶ ቁፅፅር ደምብታት ብግቡእ ምትግባርን ካብ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት ተሓታታይነት ምህላዉ ብፍላይ ከኣ ኣብተን ብዙሕ ቛንቋ ዝዝረበለን ሃገራት ኣድላዪ እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ኢንተርኔት ዘሎ ዓለም ካብ ናይ ሓቀኛ ዓለም ዝተፈለየ እዩ ዝብል ኣረኣእያ ክቕየር ኣለዎ። ናይ ኢንተርኔት ዓለምን ካብ ኢንተርኔት ወፃኢ ዘሎ ዓለም ዝተተሓሓዙ እዮም። ካብ ኢንተርኔት ወፃኢ ዘለዉ ኣንፈታት ኣብ ኢንተርኔት ዘሎ ምንቅስቓሳት ክቐርፅ እንከሎ ካብ ኢንተርኔት ሓሊፎም ዝለዓለ ፅልዋ ድማ የሕድሩ።

መብዛሕትኦም እቶም ረኹብታት ምስቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተገበረ መፅናዕቲ ዝስማዕማዕ ኮይኑ ዖታ መሰረት ዝገበረ ፅልኢ ልሙድ ምኧኑን ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዲጂታላዊ መድረኻት ዝድርት እዩ። ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ማሕበራዊ

መድረኻት ዘለዉ ዝተስፋሕፍሑ ኣብ ስርዓተ ዖታ ጥቕዓት ትኹረት ብምግባር ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዝያዳ ካብቲ መድረኽ ከይግለላ ንምግባር ዝዓለመ እዩ።

## 6 ምኽሪ ሓሳብ

ዝኾነ ይኹን ፃዕሪ ብቴክኖሎጂ ዝድገፍ ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ንምክልኻል ዝግበር ፃዕሪ፣ ምስ ፆታ ዝተተሓሓዙ ዝተስሓሓቱ ኣተሓሳስባታት ምቕያር፣ ምውጋድ ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ከምኡውን ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ሓቀኛን ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ክውከላ ምግባርን ሓቀኛን ነባርን ለውጢ ንምምፃእ ምሕያል ሓዊሱ ሱር ጠንቂ ናይቲ ፀገም ክምለስ አለዎ። እዚኦም ዒላማ ዝገበረ ስጉምትታት እንተዘይተወሰዱ መጥቓዕትታት ኢንተርኔት ንቡርን ልሙድን ኮይኑ ኣብ ኢትዮጵያ ማዕርነት ፆታን ማሕበራዊ ተሳትፎን ፅልዋ ዘሕድር እዩ።

ሲ.ኣይ.ኣር ነቲ ፀገም ንምፍታሕ ኣብ ትምህርቲ ትኹረት ምግባር፣ ምርቓቕን ምትግባርን ሕግታት፣ ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያ መድረኻት ተሓታታንነት ምምሕያሽን፣ ጎስጓሳት ንቕሓት ምክያድን፣ ተቓለዕቲ ቡድናት ምድጋፍን መፅናዕትታት ምክያድን ዘካተተ ብዙሕ ሸነካት ከካይድ ይሙክር። ከም ኣካል ናይዚ ፕሮጀክት ሲ.ኣይ.ኣር ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ዘሎ መዳርግቲ ኣካል ብምሻን ኣሓቲሙ (እ.ኤ.አ ግንቦት 2024)። ሲ.ኣይ.ኣር እዚ ረኹብታት ብመንግስታዊ ኣካላት ኣብ ሓበሬታ ዝተመርኮሰ ዉሳኔኦም ንምውሳን፣ ኩባንያታት ማሕበራዊ ረኽብታት ትሕዝቶ ምቑፅፃርን ክእለቶም ንምምሕይያሽን፣ ሲቪላት ማሕበራት ናይ ንቕሓት ስርሖም ንምሕያል፣ እቲ ሕብረተሰብ ድማ ለውጢ ንኽመፅእ ድምፂ ክስማዕ ተስፋ ይገብር።

# 7. APPENDICES

## 7.1 GLOSSARY

| Term | Definition |
|---|---|
| Hate Speech | Speech that deliberately promotes hatred, discrimination or attacks against a person or a discernible group of identity, based on ethnicity, religion, race, gender, or disability. (Ethiopian Government) |
| Online abuse | Online abuse is a broad term which encompasses many types of harmful behaviours that occur on the internet. The 'Online Harassment Field Manual' published by PEN America, defines |

| | |
|---|---|
| | online abuse as "pervasive or severe targeting of an individual or group online through harmful behaviour." This includes, and is not limited to, acts such as hatespeech, doxing, and sexual harassment. |
| Gender-based violence | "[H]armful acts directed at any individual or a group of individuals based on their gender. It is rooted in gender inequality, the abuse of power and harmful norms". (UN Women, Africa) |
| Technology-facilitated gender-based violence (TFGBV) | "[A]n act of violence perpetrated by one or more individuals that is committed, assisted, aggravated and amplified in part or fully by the use of information and communication technologies or digital media against a person on the basis of their gender." (UNFPA) |

## 7.2 EXISTING CIR PUBLICATIONS ON TFGBV IN ETHIOPIA:

Research Summary (May, 2024)

- English
- Amharic
- Afaan Oromo
- Tigrigna

Report 1: Silenced, shamed, and threatened (May, 2024)

- English
- Amharic

Report 2: Normalised and Invisible (May, 2024)

- English
- Amharic

Recommendations for combating TFGBV in Ethiopia (May, 2024)

- English
- Amharic

Inflammatory Keyword List (Lexicon)

- CIR Github

Academic Journal article – Journal, *Resources for Annotating Hate Speech in Social Media Platforms Used in Ethiopia: A Novel Lexicon and Labelling Scheme*

- The Resources for African Indigenous Languages Journal

For more information, visit the CIR website.

CONFERENCES:
A conference was held by The Ethiopian Human Rights Defenders Centre, the Ethiopian Women's Human Rights Defenders Network and CIR in Addis Ababa to raise awareness about TFGBV in Ethiopia (May 9, 2024). For more information, see the CIR website.

## 7.3 ANNOTATION PROTOCOL

**The following guide was provided to the data annotation team to ensure that data annotation was consistent between annotators and across languages.**

### THE PROTOCOL

To limit the impact of individual biases during the data annotation process, CIR asks each annotator to follow these annotation protocol, which outline the different variables that should be considered during the labelling of online posts. Please read these guidelines carefully and refer back to them frequently during the study.

If a post contains hate speech (as defined by the Ethiopian Government) three elements need to be labelled using the annotation tool: the target, the type of speech and the sentiment of speech. The categories pertaining to each of these elements are visually depicted in the diagram below.

**TARGET / PROTECTED CHARACTERISTIC (GROUP AND SUBGROUP)**

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| GROUP | DISABILITY | ETHNICITY | GENDER | RACE | RELIGION |
| SUB-GROUP | For example: Visually impaired Physically impaired | For example: Amhara Oromo Tigrayan | For example: Women and Girls Men and Boys | For example: Black White Asian | For example: Christian Jewish Muslim |

**TYPE OF HATE SPEECH**

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| CATEGORY | INSULT | THREAT | PRESUMED ASSOCIATION | ALLEGED INFERIORITY |
| DEFINITION | Offensive remarks or denigrating expressions. | Intimidation, incitement to hatred, violence, or a violation of rights. | with harmful personality traits, such as laziness or greed. | of social position, cognitive or physical ability. |

**SENTIMENT OF HATE SPEECH**

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| CATEGORY | OFFENSIVE | STEREOTYPICAL | MOCKERY | AGGRESSIVE |
| DEFINITION | Offensive remarks, demeaning or denigrating language. Associating the target with harmful or false personal traits, or suggesting the target's inferiority. | Text includes implicit or explicit references to stereotypical beliefs or prejudices about an individual/group with protected characteristics. | Mockery, satire or sarcastic messaging which targets a protected characteristic of the recipient and could be harmful. | Strong language that: physically intimidates, threatens or incites physical violence; or, which requests, suggests or promotes a violation of rights. |

## NOTE TO ANNOTATORS:

The views expressed during this research are not those of the investigators and the research team do not condone the opinions expressed. As the dataset contains real messages/posts sent by users on TikTok and YouTube, this research may expose the annotators to offensive and harmful content. Please take steps to protect yourself from the impacts of vicarious trauma. For example, please take regular breaks. Resources on 'Vicarious Trauma' have been shared with you.

TARGET OF HATE SPEECH

A post that contains hate speech is targeted towards an individual or group with a protected characteristic. To capture this information, the words that convey which individual/group is being targeted should be assigned any of the following labels (in line with the Ethiopian Government's definition of hate speech):

- **Gender:** An individual or group of people of a particular gender. Although not included in the Ethiopian Government's definition, this study includes sexual orientation, e.g., homosexuals in this category. This is because interviewees reported being labelled as homosexual by abusers.
- **Ethnicity:** An individual or group of people who come from a particular place of origin and culture.
- **Religion:** An individual or group of people belonging to a particular religious group.
- **Race:** An individual or group of people possessing distinctive physical traits associated with a particular race.
- **Disability***:* An individual or group of people possessing a particular disability.

**Example A1:** *Stupid women and girls shouldn't talk about political issues. Someone should throw acid at her face, maybe then she will shut up.*

In the above example, the target should be labelled as **Gender** since the words "women and girls", "her" and "she" indicate that women and girls are the target of hate speech.

**Example A2:** *@airline how about donating flights to deport the Invaders back to their homeland. #DeportThem*

In the above example, the target should be labelled as **Ethnicity** since the word "Invaders" indicates that the hate speech is intended for a group of people whose country of origin is different from that of the speaker (even if the specific group is not explicitly mentioned).

TYPE OF HATE SPEECH

A post that contains hate speech uses language that spreads, incites, promotes, or justifies hatred, discrimination, dehumanisation, intimidation, or violence towards the target (individual/group). To capture this information, the words that convey such language should be assigned any of the following labels.

***2.1 Insult:*** Insults or denigrating expressions against an individual/group due to protected characteristics.

Example B1: *Fucking clueless women and girls should stay in the kitchen and not ruin a good man's name.*

***2.2 Threat:*** Intimidation, threats or incitement to hatred, violence or violation of individuals' rights, due to protected characteristics, such as:

- bodily harm and threats to physical safety (to individual or family members)
- rape threats or sexual harassment
- image-based sexual abuse (also referred to as 'revenge pornography')
- death threats
- arbitrary arrests
- restriction of access to services
- doxing
- online harassment
- creation of videos/memes

Example B2: *I'll fucking kill the RELIGIOUS_GROUP pig.*

***2.3 Presumed Association:*** Presumed association of protected characteristics with any of the following negative connotations:

- propensity to crime or violence
- laziness or other vices such as greed, alcoholism, cleanliness level
- fundamentalism or terrorism
- invasion or conquest of another location
- threat to national security
- threat to welfare/competitors in distribution of resources

Example B3: *Fucking ETHNIC_GROUP always take more than they deserve. Scroungers!*

***2.4 Alleged Inferiority:*** References to the alleged inferiority (or superiority) of individual/group with a protected characteristic, for example, in relation to:

- social position
- credibility (e.g. defamation)
- cognitive ability
- physical ability
- ability to engage in societal activities, e.g. politics
- undesirable or inferior lifestyle/cultural practises
- dehumanisation or association with animals or entities considered inferior

Example B4: *They ETHNIC_GROUP shouldn't be allowed to vote, they don't contribute to our society. They must be silenced.*

SENTIMENT OF HATE SPEECH

The sentiment of hate speech must be labelled as any of:

***3.1 Aggressive:*** This includes strong language that physically intimidates, threatens or incites physical violence against the recipient, or which requests, suggests or promotes a violation of the recipients' rights.

Example C1.a*: I'll fucking kill the RELIGIOUS_GROUP pig.*
Example C1.b: *Stupid women and girls shouldn't talk about political issues. Someone should throw acid at her face, maybe then she will shut up.*

***3.2 Offensive:*** This includes several different forms of speech, from insulting, demeaning or denigrating language, to associating the target (individual or group) with harmful or false personal traits, or suggesting the target's inferiority.

Example C2: *Stupid immigrants… they come and take our resources. They make us weak. They are the enemy.*

***3.3 Mockery:*** This includes jokes, satire or sarcastic messaging which targets a protected characteristic of the recipient and could be harmful. Hateful content is sometimes conveyed using nuances in language, such as sarcasm, mockery, or satire. Previous studies have expressed the importance of not overlooking this form of hate speech.

Example C3: *@xxxxx Ok hoe or whore you choose sweetie?*

***3.4 Stereotypical:*** Text includes implicit or explicit references to stereotypical beliefs or prejudices about an individual/group with protected characteristics.

Example C4: *Fucking clueless women and girls should stay in the kitchen and not ruin a good man's name.*

Please note, the labels are not mutually exclusive. Something can be both offensive and stereotypical.

## IMPLEMENTING THE ANNOTATION PROTOCOL: RULES

Dialogue between the annotators and data engineers led to the creation of a series of rules, outlined below, to ensure consistency during annotation.

### Rule 1: Take the text at face value

Investigators should not infer meaning from the text; the text must be taken at face value. For example, although the following messages from the dataset contained offensive language, the investigators were advised not to annotate the text as they do not make sense.

> *Pitchfork Dirty van bitches with all that his bagpipes again, and, to give a toast is pain Surviving on toast is your skin*

*The highest high, I'm posed to a dyke bitch 'til she wanna Mac go I don't give me scarred I wake*

Similarly, if the target is unclear, investigators were advised not to annotate. The following examples exemplify this challenge.

*It's just so hard to let you dusty pieces of crap to do the bare minimum when my bitches show out every fucking time....*

In the above example, it is unclear whether the individuals targeted here are being targeted because of a protected characteristic.

*You are not muslim so crime lenesu normal new*

The above example translates roughly to "you are not muslim so crime is normal for them". While 'crime is normal for them' could fall under 'presumed association' of a protected characteristic with crime, it is unclear who the target is. This may have been meant as hate speech, albeit written with a number of grammatical errors, however, no inferences were allowed.

*Yehen aswged ant 666 new*

The above example translates roughly to: 'Terminate/finish this one, it is 666'. While '666' implies Satanism, and it is inciting violence, the target is unclear.

As this investigation relies solely on textual information, context is lost. As a result, the sentiment of the post may not be captured, such as irony. Additionally, abusive terms may have multiple meanings. For example, the term 'public toilet' is used in gendered abuse. According to CIR workshop participants, this term is used against women and girls who people consider sexually promiscuous. Everyone can use a public toilet. Thus, the use of this word against women and girls implies that anyone can use them and that they are unclean/impure. This is both offensive and derogatory. Without context, however, it is hard to tell if the term 'public toilet' is being used against a woman, or in a different context altogether. As a result, the following example could be gendered abuse, complaining about a woman moaning during intercourse, or it could be talking about a public toilet:

*They should make a public toilet that isn't so miserably loud when it flushes*

This rule may have resulted in hate speech being excluded from the study. While this could be seen as a limitation, it prevented any personal biases from impacting

the annotation process. This ensures that the hate speech dataset that is created is robust and reflects the current definition as set out by the Ethiopian Government.

### Rule 2: The importance of protected characteristics

For a post to be classified as hate speech, it should target a protected characteristic (gender, race, religion, ethnicity or disability) under the current Ethiopian Government definition.

Sometimes the text was highly offensive; however, if no protected characteristics were targeted, then this does not classify as hate speech under the current definition. For example, the following is not hate-speech:

> *@USERNAME graduated from cunt university with honors with a pHd in serving*

The annotation task revealed a lot of hate, threats and incitement to violence directed against President Abiy and his political party, or other political organisations. However, political views and affiliations are not protected characteristics under the Ethiopian Government's definition of hate speech. This only classifies as hate speech when a protected characteristic is mentioned. For example, the following is not hate speech:

> *@USERNAME: #AmharaGenocide by the fascist #AbiyAhmedAli #JusticeForEthiopia*

However, if the above example made reference to Abiy's ethnicity, then this would classify as hate speech. For example:

> *@USERNAME: #AmharaGenocide by the fascist Oromo #AbiyAhmedAli #JusticeForEthiopia #OromoFascism*

Similarly, a Telegram/X (formerly Twitter) user may be targeted for their views. 'Viewpoints' (like political affiliations) are not protected characteristics. This does not classify as hate speech under the current definition unless a protected characteristic is targeted.

Sometimes posts contained information and misinformation about war crimes and human rights violations inflicted on an ethnic/religious/gender group and/or committed by certain armed/political groups. While this could amount to incitement to hatred against a particular entity, this is not hate speech unless there is also a protected characteristic targeted within the text.

### Rule 3: Dealing with multiple languages

When posts contained multiple languages, the investigators consulted the wider annotation team which included four hate speech experts spanning four languages: Amharic, Afaan Oromo, Tigrigna, and English. If the text included languages that were not included in this study, the investigators were advised not to annotate the text. If the text included any combination of this investigation's four languages, the team annotated the text together. This ensured that the study remained focussed on the four languages being analysed, however it also means that hate speech may have been excluded from the study. Another implication of this is that text may have been pulled within, for example, the English dataset, but it may have contained Afaan Oromo. When analysing the results of the study it is important to bear this in mind.

### Rule 4: Copypasta

During the exercise, a number of 'copypasta' texts were identified. Copypasta is a block of text shared on the internet which is literally copy and pasted by multiple users. It often reveals coordination in information sharing. If the copypasta text contained hate speech, as per the guidelines, each instance was annotated. If they didn't conform with the annotation protocol, they were not annotated. Interestingly, this led annotators to identify a number of copypasta websites including Ethiopian Truth.

### Rule 5: Additional hate speech terms

When terms which could be indicative of hate speech were identified that were not in the study's hate speech lexicon, the investigators were advised to write these down. These will be added to the final hate speech lexicon that is published alongside the report, to ensure that the lexicon is as comprehensive as possible to aid future research. For example, the terms "flour ranger" and "kufr" were identified within the English dataset and added to the lexicon.

## 7.4 BIBLIOGRAPHY

Akshita Jha and R. Mamidi (2017) 'When does a compliment become sexist? Analysis and classification of ambivalent sexism using X (formerly Twitter) data', NLP+CSS@ACL, Available here.

Deborah James (1998) 'Gender-Linked Derogatory Terms and Their Use by Women and girls and Men', American Speech, Vol. 73, No. 4 (Winter, 1998), Duke University Press, pp. 399-420.

Gao, L., Kuppersmith, A., & Huang, R. (2017). Recognizing explicit and implicit hate speech using a weakly supervised two-path bootstrapping approach. arXiv preprint arXiv:1710.07394.

Gashe, S. M. (2022). Hate Speech Detection and Classification System in Amharic Text with Deep Learning. List of Amharic Hate Speech Keywords (Lexicons). Available here.

Mekuanent Degu (2022), “Amharic dataset for hate speech detection”, Mendeley Data, V3, doi: 10.17632/fhvsvsbvtg.3

Samuel Minale (2022), “Amharic Social Media Dataset for Hate Speech Detection and Classification in Amharic Text with Deep Learning”, Mendeley Data, V1, doi: 10.17632/p74pfhz3yx.1

Surafel Getachew (2020), “Amharic Facebook Dataset for Hate Speech detection”, Mendeley Data, V1, doi: 10.17632/ymtmxx385m.1

## REPORTS AND WEB ARTICLES USED IN THE LEXICON DEVELOPMENT:

CARD’s Bi-weekly Social Media Conversation Sensitivity Report, see here.

David Shariatmadari (2016) ‘Eight words that reveal the sexism at the heart of the English language’ Available here [last accessed 9 Nov 2023].

Hatebase.org (2023) Available here [last accessed 9 Nov 2023].

Hate Speech Dataset Catalogue, Available here [last accessed 9 Nov 2023].

Peace Tech Lab (n.d.) ‘Hateful Speech and Conflict in the Federal Democratic Republic of Ethiopia: Alexicon of hateful of inflammatory words and Phrases’ Available here [last accessed 9 Nov 2023].

Thalikir 2016 ‘Everyday misogyny: 122 subtly sexist words about women and girls (and what to do about them)’ Available here [last accessed 9 Nov 2023].

The Wilson Centre (2021) ‘Malign Creativity: How Gender, Sex, and Lies are Weaponized Against Women and girls Online’ Available here [last accessed 9 Nov 2023].

## 7.5 FUNDING

UK International Development
Partnership | Progress | Prosperity

This material has been funded by UK International Development; however, the views expressed do not necessarily reflect the views of UK government.